# 1. ሃዋይ

ምሸት 14 ጥሪ 1893 ኣመሪካ ዲፕሎማሰዐ ኣብ ሃዋይ ጆን ኤል ስቲቨንስ ንንግስቲ ሃዋይ ዓሊካዐ፣ እታ ሃገረ ምስ ኣመሪካ ንምጽንባር ኣብ ዝተገብረ ውዲት ተሳቲፋ። እዚ ፈላሚ ናይቲ ዘመን ኣቘጺሩ ዘሎ ኣመሪካ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝፈጸመቶ ዕልዋ መንግስቲ፣ ሰውራታትን ወራራትን ኢዩ።

ሃዋይ ቅድሚ ሓሙሽተ ሚልዮን ዓመታት ኢያ ኣብ መዓሙቕ ሰላማዊ ውቅያኖስ ብዝተፈትረ ነትዊ እሳተ ጎመራ ተፈጢራ። ቀዳሞት ሰፋሮ ሃዋይ እቶም ኣብ ዘመነ ኢየሱስ ክርስቶስ ናብታ ደሴት ዝመጹ ፖሊነዥያውያን ኢዮም። ሃዋይ ከም ደሴት መጠን ብከዑሉ ሸነክዐ ብውቅያኖስ ዝተከዐበት ብምካዚና ህዝባ ምስ ካልኦት ህዝብታት ንዘመናት ዝኣክል ርክብ ኣይጸንሖምን። እዚ ተነጽሎ'ዚ ድማ ሚዛኑ ዝሓለወ ባህሊ ከማዕብሉን ክዕቅቡን ኣክዐኣሎም።

ብካፒተን -ምስ ኩክ ዝምራሕ ቃፍላይ መራክዐብ ብሪጣንያ ኣብ ጥሪ 1778 ንሃዋይ ብምቕልቃሉ፣ ብዘደንጹ መገዲ ለውጢ ናብታ መሬት ኣተወ። እንግሊዛውያንን ደቀባት ሃዋይን ከይጸንሑ ናብ ዓቢ ምርጻም ኣተዉ። ኣብዚ ግርጭት'ዚ ድማ ካፒተን ኩክ ተቐትለ። ብከዐምዚ ኣገባብ እቶም ደቀባት ኣብ ልዕሊ ጸዓዱ ተዓዊቶም ልዕልነቶም እኳ እንተ ዓቀቡ፣ ኩክን ብጾቱን ብዙሕ መዓትን ከም ሕማም መውስቦ ዝኣመሰሉን ካልኦት ብኣማኢት ኣሽሓት ሃዋያውያን ንሞት ዘቃልዑ ሕማማት ገዲፎም ከዱ።

ሃዋይ ሓንሳብ ተዳህሲሳ ኣብ ካርታ ካብ ዝኣተወትሉ ዕለት -ሚራ ብባሕረዐታትን ካልኦት ጉጅለታት ፍትውቲ ወደብ ክትከውን -መረት። ሓንቲ ካብዞም ኣብ ሃዋይ ዝዓረፉ መራክዐብ ካብ ብሪጣንያ ዝመጹ ፕረስባይተሪያንን ኮንግረሽናታውያንን ዝጸዓነታ ነበረት። እዞም ሚሺናውያን በቲ ኣብ ሕብረተሰብ ሃዋይ ዝርኣዩዎ ድሑር ባህሊ ተደሪኾዐም ሃይማኖት ክርስትናን ክብርታቶምን ክሰብኩ ዝተበገሱ ኢዮም። ዓመታት ምስ ሓለፈ ግን ወዮ ነዚ ዕላማ ዝተበገሱ ሚሽናውያን ሰዓብቶምን ነዚ ራሕሪሖም ውልቃዊ ሃብቲ ኣብ ምክዐዕባት ኣተዉ። እቶም ደቀባት ንዘመናት ዘዘውትሩዎ ንዝነበሩ ሕርሻ ሽኮር ድማ ተተሓሕዙዎ። ኣሞን ስታር ኩክ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኢዩ ምስ ካልእ ኣቐዲሙ ሚሽናዊ ዝነበረ ሳሚኤል ካስል ዝተባህለ ብምካዚን “ካስል ኤንድ ኩክ” ዝተባህለ፣ ኣብ ዓለም ካብቶም ዝዓበዩ ናይ ሽኮር ሕርሻ ዝመስረተ።

ኣብ መወዳእታ 1840ታት ኣሞድ ስታር ንንጉስ ሃዋይ ሓድሽ ኣዋጅ መሬት ከተኣታቱ ደፋፍኦ። ብመሰረት'ዚ ሓድሽ ኣዋጅ መሬት፣ ሰብ ሃብቲ ሓረስቶት፣ እንተላይ ሚሽናውያንን ደቆምን ዝደለዩዎ ዓቐን መሬት ንክዐገዝኡ መሰል ረከዐቡ።

ቀንዲ ዕዳጋ ሽኮር ሃዋይ፣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኢያ ነይራ። መንግስቲ ኣመሪካ ሃገራዊ መፍረ ሽኮር መታን ከይህሰ ብምባል ካብ ሃዋይ ንዝኣቱ ሽኮር ዓቢ ታሪፍ የክዐፍሎ ነይሩ። ነዚ ሽኮር'ዚ ንምስግጋር ሓረስቶት ሃዋይ፣ ንሃዋይ ኣካል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምግባራ ዝብል ሓሳብ ኣቕረቡ። ነዚ ክዉን ንምግባር ዝተወስዱ ፈለምቲ ስጉምትታት ፈሸሉ። ጸኒሖም እቶም ሓረስቶት ምህርቶም ብውሑድ ታሪፍ ንኣመሪካ ንክዐኣቱ፣ ከም ኣምሳያ ከኣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ሃዋይ ፍሉይ ናይ ዕዳጋን ወተሃደራዊ ህላወን ሓለፉታት ዝህባ ስምምዕ ክክዐተም ዝብል ሓሳብ ኣንቀሉ። እዚ ተነዲፉን ተፈሪሙን ደሓር ኣብ 1876 ዝጸደቐ ውዕል ንሃዋይ ስማዊ ናጽነት ጥራይ ሂቡ፣ ብግብሪ ግና ኣብ ትሕቲ ሞግዚትነት ኣመሪካ ኣእተዋ። ብዙሓት ደቀባት ሃዋይ በዚ ውዕል ተቖጢያም፣ ዕግርግርን ተቓውሞን ምስ ኣልዓልሉ ንጉስ ሃዋይ ተሰናበደ፣ ብዝሓተቶ ሃገዝ መሰረት ድማ 150 ኣባላት ዘሎዋ ሓይሊ ባሕሪ ንሃዋይ ተለእከት። ሕርሻ ሽኮር ኣጉላዕልዐ፣ ወነንቱ ጸዓዱ ሓረስቶት ድማ እምብዛ ሃብተሙ። ሕርሻ ሽኮር ብባህሪ ሸቕለት ዝጠልብ ኢንዳስትሪ ብምካዪኑ፣ ብዙሕ ዓቕሚ ሰብ ዝሓትት ኢዩ። እንተኸዐሎነ እቶም ጸዓዱ ይከዑን ደቀባት ኣብዚ ሕርሻታት ክሰርሑ ፍቓደዐታት ኣይነበሩን። ድሕሪ'ቲ ዝተኸዐትመ ናይ ኣምስያ ውዕል ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ቻይናውያንን ጃፓናውያንን ሽቃሎ ተገዚኦም መጹ። እዚ ዋሕዚ'ዚ ድማ ነዞም ሓረስቶት ቀንዲ ተቓወምቲ ደሞክራሲ ኣብ ሃዋይ ከም ዝኸዐሉኑ ገበረ።

ስምምዕ ኣመሪካን ሃዋይን ድሕሪ ሸሞንተ ዓመታት ግዜኡ ሓሊፉዎ ምስ ኣብቅዐ፣ ሓረስቶት ሉዊዚያና ዳግማይ ከይሕደስ ክዕንቅፉዎ ፈተኑ። ነዚ ዕንቅፋት ንምስጋር ሓረስቶት ሃዋይ ነቲ ኣብ መላእ ሰሜናዊ ፓስፊክ ዝበለጸ ባህርያዊ መዕረፍ መራክዐብ ዝከዐሎነ ፐርል ሃርበር ንኣመሪካ ክወሃብ ንጉስ ሃዋይ ከም ዝሰማማዕ ገበሩ። ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት ንጉስ ካላኩዋ ነቲ ብሎሪን ተርሰን ዝተነድፈ ንረብሓ ኣፍረይቲ ሽኮር ውሕስነት ዝህብን ቅዋም ከም ዝፍርመሉ ተገብረ። እዚ ውዕል'ዚ ብምፍርራሕ ዝተኸዐትመ ውዕል ከም ምንባሩ፣ “ውዕል ሳንጃ” እናተባህለ ኢዩ ዝጽዋዕ። እዚ ቅዋም'ዚ ንጉስ ሃዋይ ንዘይደልዮ ሚኒስተር ናይ ምእላይ (እዚ

ክገብር ካቢነ ክጽምበሮ ኣሎዎ ተባህለ) መሰሉ የሕደጎ። ኣባል ሓጋጊ ኣካል ንምካዪን እቲ ቀንዲ ረቛሒ ሃብቲ ኰነ። ንከዑሎም ኣመሪካውያን፣ ኤውሮጳውያን (እንተላይ ዜጋታት ዘይኰኑ) ናይ ምምራጽ መሰል ሃቦም። ብኣንጻሩ ኤሳውያን ሽቃሎ እዚ መሰል'ዚ ተነፈጉ። ሓረስቶት ሃዋይ ተርስተን ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ክከዐውን ኣሎዎ ኢሎም ንንጉስ ደፋፍኡዎ። እዚ እናከዐነ ክልተ ዓበይቲ ፍጻመታት ንሃብቲ ሓረስቶት ሃዋይ ዓቢ ስግኣት ኣእተውሉ። እቲ ቀዳማይ እቲ ኣብ 1890 ብባይቶ ኣመርካ ዝሓለፈ "ብማኪንሊ ታሪፍ" ዝፍለጥ ኰይኑ ካብ ኩለን ሃገራት ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝኣቱ ሽኮር ካብ ቀረጽ ናጻ ክከዐውን ዝብል ነበረ። እዚ ውሳነ ንኣፍረይቲ ሽኮር ሃዋይ ናብ ዓዘቕቲ ምቑራጽ ተስፋ ሸመሞም። ኣብ 1891 እቲ ናይዞም ሓረስቶት ኣሻንጉሊት ዝነበረ ንጉስ ዓረፈ። በታ ናጻ ኣተሓሳስባ ዝነበራ ሓብቱ ሊሊዮኣካላኒ ድማ ተተክአ። ብጥሪ 1891 ኣብ መበል 52 ዓመታ ከም ንግስቲ ሃዋይ ቃለ-ማሕላ ፈጸመት። ድሕሪ'ቲ ስነ-ስርዓት፣ ነቲ ስነ-ስርዓት ማሕላ ዝመርሐ ዝነበረ ቀንዲ ተጸዋዒ ላዕለዋይ ቤት-ምክዐሪ ሕጊ ሃዋይ ኣልበርት -ድ፣ ነታ ንግስቲ ንበይና ፍልይ ኣቢሉ፣ ሓንቲ ምክዐሪ ሃባ። "ዝከዐነ ኣባል ካቢነክዒ ናባካዐ ዝከዐነ ሓሳብ ምስ ዘቕርብ ሐራይ በሊ፣" ዝብል'ዩ ነይሩ እቲ ምክዐሪ። ነዚ ምክዐሪ እዚኣ ተቐቢላቶ እንተ ትነብር፣ ካብ መንበራ ኣይምተዓልወትን።

ገለ ካብቶም ሓደስቲ ጸላእቲ እዛ ንግስቲ ብሓቂ ክብሪ ዘይግብኡም፣ ብጥቕሚ ዝዓወሩ፣ ኣብ መሬት ኰነ ህዝቢ ህዋይ ቅንጣብ ተገዳስነት ዘይነበሮም ኢዮም። ገለ ድማ ፍቕሪ ሃዋይ ዘሎዎምን ንገዛእ-ርእሶም ከም ሓቀዐታት ሓርበዐታት ዝቖጽሩዋ ኢዮም ነይሮም። ሓደ ካብዚኣቶም ሎሪን ተርስተን ነበረ። ኣብ ፈለማ 1892፣ ተርስተን ነታ ንሃዋይ ምስ ኣመሪካ ንምጽንባር ግሁድ ዕላማ ዝነበራ "ክለብ ሕብረት" መስረተ። እዛ ክለብ ተርስተን ንኣመሪካ ብምካዐድ ደገፍ ክረክብ ለኣከዐቶ። ኣመሪካ ኣብ ጎድኖም ምንባራ ዘበስር ዜና ሒዙ ድማ ተመልሰ። ምምሕዳር ኣመሪካን ሓይሊ ባሕሪን ድማ ተርስተን ንግስቲ ሃዋይ ክዓሉ ዘድሊ ዘበለ ኩሉ ክገብር ደለዩዎ።

ተርሰተን ንሆንሉሉ ድሕሪ ምምላሱ ንግስቲ ልኡላውነት ንኣመሪካ እንተ ኣረኪባ ንሳን ሰዓብታን 250 ሽሕ ዶላር ሞሳ ክወሃቦም ምካዪኑ ኣመሪካውያን ሕሹክዐ በሉዎ። ተርስተን ንግስቲ ሃዋይ ከምዚ ዝበለ ነገር ክትቅበል ዘይሕሰብ ምካዪኑ ሓበሮም። ተርስተንን ብጾቱን ንግስነት ሃዋይ በቶም ውሑዳት ጸዓዱ ክዓኑ ክርእዩ'ዩ

ነይሩ ድሌቶም። ብመሰረት ጸብጻብ ቆጸራ ህዝቢ 1890፥ 40,612 ደቀባት ሃዋያውያን፣ 27,391 ቻይናውያን ጃፓናውያን፣ 6,220 ጥራይ ድማ ኣመሪካውያን፥ -ርመናውያን፥ ፈረንሳውያን፥ ኖርወጃውያንን ኣብ ሃዋይ ዝተወልዱ ጸዓዱን ነይሮም። እቶም ውሑዳት ጸዓዱ ኣብ ሃዋይ ደሞክራሲ ክተኣታቶ ድሌት ኣይነበሮምን። እቲ ብ"ቅዋም ሳንጃ" ዝፍለጥ ቅዋም ሓይሎም ንክዐደልድሉ ዕድል ስለ ዝሃቦም፥ ንዕኡ ደርብዮም ንነፍሲ-ወከፍ ኣብ ሃዋይ ዝርከብ ሰብ ማዕረ ናይ ምድማጽ ዕድል ብምሃብ ስልጣኖም ክሕደጉ ድሌት ኣይነበሮምን። ተርስተን እዛ ሓዳስ ንግስቲ ካልእ ቅዋም ንምንዳፍ ሓሳብ ከም ዘንቀለት ምስ ፈለጠ ስጉምት ወሰደ። እዛ ንግስቲ ብተቓውሞ ክትዕሎ፥ ዙፉና ባዶ ምካዲኑ ክእውጅን፥ ስልጣን መንግስቲ ናብቶም ምሁራት ኣካል ሕብረተሰብ ክመሓላለፍን ጸውዐ። ንንግስቲ ዝድግፉ ደቀባት መታን ዝከዕሎነ ተቓውሞ ከየልዕሉ ተባሂሉ ድማ፥ ሓገዝ ናይቶም ኣብታ 3000 ቶን ዝክዐብደታ ቦስተን ተባሂላ እትጽዋዕ ኣብ ፐርል ሃርበር መልሕቓ ዘርጊሓ ዝነበረት መረከዐብ ዓስኪሮም ዝነበሩ ሰራዊት ኣመሪካ ክሓትት ወሰነ። ሰራዊት ኣመሪካ ነቲ ዝቐውም ሓድሽ መንግስቲ መወዳድርቲ ኣልቦ ጸግዒ ክከዑኑዎ'ዮም ኢሉ'ውን ኣመነ። "ነቲ ኩነታት ንክዐትዋጽኣሉ" ብዝብል ዕላማ ድማ ሓንቲ ናይ ጸጥታ ኮሚተ ተመስረተት። ኣባላት እዛ ኮሚተ ኩሎም ንጡፋት ኣባላት ሕብረት ኢዮም ነይሮም። ኣብታ ኮሚተ ከኣ ደቀባት ሃዋይ ኣይተሓወሱን።

እቶም ሰውራውያን ነታ ንግስቲ ክገጥሙዋ ዓቢ ጽምኢ እኳ እንተ ነበሮም እታ ንግስቲ ግና ነዚ ድልውቲ ኣይነበረትን። ምስ ካቢነኣን ካልኦትን ተከዐታታሊ ዝርርብ ድሕሪ ምክያድ ድማ ንደገፍታ፥ ውሳኔኣ ከተፍልጥ ቅሩብ ግዜ ከም ዘድልያ ነገረቶም። እዚ ይከውን እምበር ንደቀባት ዘማእከለ ሓድሽ ፖለቲካዊ ስልጣንን ክትምስርት መደብ ከም ዘሎዋ ኣረጋገጸትሎም። ነቶም ሰብ ውዲት መልእክዐቲ ንግስቲ ነጺሩ ተራእዮም። ንሳ ኣብ ሰልጣን ክሳብ ዝሃለወት ጸዓዱ ውሕስነት ዝብሃል ኣይክህሉዎምን ኢዩ። እዚ ግንዛበ'ዚ ነቶም ሰውራውያን ንንግስቲ ሃዋይ ንምዕላው ዝነበሮም ቆራጽነት ከም ዝንህር ገበረ። ነገር ከምዚ እናሃለወ፥ ሹመዐ ፖሊስ ንግስነት ሃዋይ ቻርለስ ዊልሰን ነቶም ሰውራውያን ብኣካል ቀሪቡ መጠቀቕታ ሃቦም። ንሳቶም ድማ ብዕቱብ ወሰዱዎ።

ንጻዕርታቶም ኣብ ክንዲ ምግዳፍ ንሰራዊት ኣመሪካ ክጽውዑ ወሰኑ፥ ከምኡ ድማ ገበሩ። እታ ንግስቲ ብውግዓዊ ኣዋጅ እቲ ዝመጽእ ቅዋማዊ በቲ ኣብ ዝቐደመ ቅዋም ዝሰፈረ ጥራይ ከም

እትነድፎ ምስ ኣነጸረት'ውን እቶም ሰብ ውዒት ኣይተመሰጡላን፣ ንዝርርብ ዝዕድም ኩነት ኣእምሮ'ውን ኣይነበሮምን።

ወተሃደራት ኣመሪካ ሰላም ንክዐዕቅቡ ዘይኮነ፣ ናይ ተቓወምቲ ዓወት ንከዐውሕሱ ንምድሪ ሃዋይ ረገጹ። እዚ ድማ ንዕድል ዘውዲ ሃዋይ ንሓዋሩ ከም ዝዕጾ ገበረ። እቲ እንኮ ዝተረፈ ነገር እንተ ነይሩ ነቲ ተግባር ወግዓዊ ምግባር ጥራይ ኢዩ። እዚ ድማ ብተርስተን ኣቢሉ ብዝተነድፈ ቅዋም ተተግበረ። "ዘውዳዊ ስርዓት መንግስቲ ሃዋይ ፍሩስ ኢዩ" ይብል እቲ ኣዋጅ። ካልኦት ዓንቀጻት ድማ "እቲ ምስ ኣመሪካ ምሕባር ዝብል ተዘትይሉ ክሳብ ዝጸድቕ" ብሳሙኤል ዶ ዝምራሕ ግዜያዊ መንግስቲ ክምስረት ይጽውዕ። ብተወሳከዒ እቲ ኣዋጅን ቀንዲ ሓላፊ ፖሊስ ንግስትን ንኣርባዕተ ካቢነ ሚኒስተራትን ነታ ንግስቲ ንባዕላን ስልጣኖም ኣሕደጎም። ብዙሕ ከይጸንሐ መንግስቲ ኣመሪካ ነቲ ግዚያዊ መንግስቲ ሃዋይ ወግዓዊ ኣፍልጦ ሃበቶ። እዚ በቲ ኣብ ሃዋይ ዝነበረ ኣመሪካዊ ሚኒስተር ስተቨንስ ኣብ ዘውጽኦ ሓጺር ኣዋጅ ኢዩ ተገሊጹ። ከም ሳዕቤኑ ንግስቲ ሃዋይ ምሩጻት ቃላት ዘድመቑዎ መግለጺ ኣውጽአት። እዚ ድማ ነቲ ሓያል ሰራዊት ኣመሪካ ኢድካ ምሃብ እምበር ስልጣንካ ብፍቓድካ ምግዳፍ ከም ዘየነበረ ገለጸት።

ተርስተን ካብ ሰላሳ ብዝውሕዱ ሕመረት ጉጅለ ኢዩ ንንግስቲ ሃዋይ ዓልዩዋ። ክዕወቱ ዝከዐኣሉሉ ምክዕንያት ከኣ ብሰንኪ ህላወን ሓገዝን ኣመሪካዊ ሚኒስተር ኣብ ሃዋይ ጆን ኤል ስቲቨንስ ኢዩ። ዋላ'ኳ ስቲቨንስ ብዘይ ንጹር ትእዛዝ ካብ ዋሽንግተን እንተ ነጠፈ፣ ንሃዋይ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክጽንብራ ግና ተክዐእሎ ነይሩዎ። ንዕኡ ድማ ኢዩ ፈጺሙ። ኣብተን ድሕሪ ናይ 1893 ሰውራ ዝነበራ ኣዋርሕ ሃዋይ ኣካል ኣመሪካ ክትከውን ሓሳብ ቀረበ። ፕረዚደንት ግሮቨር ክሊቭላንድ ግና ምስምማዕ ኣበየ። ዳሕሪ ሓሙሽተ ዓመታት ግና ኩነታት ተቐየረ።

ሒደት መዓልታት ድሕሪ ምውዳቕ ንግስቲ ሃዋይ ጋዜጣታት ኣመሪካ ብ17 ጥሪ 1893 ነቲ ፍጻመ ኰነነኦ። ሓደስቲ መራሕቲ ሃዋይ ግና ስልጣኖም ኣብ ምውሓስ ኢዮም ተጸሚዶም ነይሮም። ፕረዚደንት ሳንፎርድ ዶል ምስ ኣማከዐርቱ ህጹጽ ኩነታት ኣወጁ። ንገበነዐ ብኣካል ናይ ምቕራብ መሰል ንግዜኡ ኣናዊሖም፣ ሃገራዊ ሓለዋ ከም ዝፍጠር'ውን ገበሩ። ነቲ ሰውራኦም ዕዉት ከም ዝከዐውን ዝገበረ ኣመሪካዊ ዲፕሎማሰዐ ጆን ኤፍ ስቴቨንስ ኣብ ልዕሊ ህንጻ ቤተ-መንግስቲ ሆንሉሉ ንእተንበልበል በዓልቲ ከዋክዐብቲን ሸራጥ ሸራጥን ባንዴራ ኣመሪካ ክሰቅላን ኣብቲ

ኢጋጣሚ ብስም ኣመሪካ “ንደሴታት ሃዋይ ዑቕባ” ክህባን ኣዳለዉዎ። ሓደ ጉጅለ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ድማ ኣብቲ ህንጻ ቤተ-መንግስቲ ከም ዝዓርድ ተገበረ።

ድሕሪ ገለ መዓልታት ቀንዲ ኣወሃሃዲ ዕልዋ ሎሪን ተርስተን ምስ ካልኦት ኣርባዕተ “ኮሚሽነራት ሕብረት” ንዋሽንግቶን ኣተወ። ምሳኣቶም ድማ ን“ምሉእ፡ ፍጹምን ነባሪን ፖለቲካዊ ውህደት ኣመሪካን ደሴታት ሃዋይን” ዘስምር ሓደ ንድፊ ውዕል ሒዞም ነበሩ። ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ ውሳነ ቅድሚ ድምጺ ምሃቡ ግና እታ ዝተዓልወት ንግስቲ ሃዋይ ኣብ ዋሽንግተን ኣተወት። ናብ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣብ ዝጸሓፈቶ መልእኽቲ ድማ ኣቲ ኣብ ሃገራ ዝተፍጸመ ዕልዋ ብዘይ ሓገዝ ሓይልታት ኣመሪካ ንሰዓት'ውን ክጸንሕ ከም ዘይምኽኦኣለ፡ ብተወሳኺ እቲ ሓድሽ መንግስቲ ካብ ህዝቢ ሃዋይ ኣካላዊ ይኹን ሞራላዊ ደገፍ ከም ዘይብሉ ገለጸት። እዞም ክስታት ነቲ ንሃዋይ ንምጉባጥ ብዙሕ ጥርጣረታት ዝነበሮም ኣመሪካውያን ስክፍታትቶም ኣጣናከሮ። ላዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ ኣብ ውዕል ምጉባጥ ሃዋይ ድምጹ ምሃብ ኣበየ። መዝነት ድሕሪ ምቕብሉ ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልታት ብ4 መጋቢት 1893 እቲ ኣብ ደንበ ደሞክራሲን ሕሉፍ ጸረ ሃጸይን ምካዪኑ ዝንገረሉ ግሮቨር ክሊቭላንድ ነቲ ውዕል ሰሓቦ።

ብ4 ሓምለ 1894 ሓደስቲ መራሕቲ ሃዋይ፡ ንሳንፎርድ ዶል መራሒ ብምሽያም፡ ርፓብሊክ ሃዋይ ኣወጁ። ኣብ ትሕቲ ቅዋም እዛ ርፓብሊክ፡ መብዛሕትኦም ሓጋግቲ ኣካላት ክምረጹ ዘይኮነስ ብላዕለዋይ ኣካል ዝርቀሑ ኢዮም። ቅሙጥ ሃብቲ ዘሎዎም ጥራይ ድማ ኢዮም ንህዝባዊ ስልጣን ከም ብቑዓት ዝቖጸሩ። እዚ ዓንቀጽ እዚ ንደቀባት ሃዋይ ኣብ ገዛእ መሬቶም ካብ ፖለቲካዊ ህይወት ዝኣልዮም ኢዩ። ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ብደቀባት ዝተገብረ ናዕቢ በርዓነ፡ ሓንቲ ካብቶም እሱራት ድማ ንግስቲ እታ ሃገር ኮነት። ኣብ ሻዱሻይ መዓልቲ ማእሰርታ ንካዐልኦት ክሱሳት ከተድሕን ብምባል ንስልጣና ድሕሪ ደጊም ብፍቓዳ ምጥንጣና ቃላ ሃበት። እንተኾነ እቲ ወተሃደራዊ መጋብኣያ ንሓሙሽተ ካብቶም እሱራት ንሞት ፈረዶም። እቲ ፍርዲ ከይተፈጸም ግና ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመታት እቶም እሱራት ናጻ ተለቁ። ንሓሙሽተ ዓመት ተፈሪዳ ዝነበረት ንግስቲ እውን ድሕሪ ክልተ ዓመት ማእሰርቲ ተለቀት። ኣብ 1987 ንንግዲ ክምኡ'ውን ንስግረ-ዶብ መግዛእቲ ዝድግፍን ካብ ሰልፊ ርፓብሊካን ዊልያም ማኪንሊ ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ተመርጸ። ማኪንሊ ሃዋይ ኣካል ኣመሪካ ክትከውን ደገፉ ገለጸ። ፕረዚደንት ዶል

ንባዕሉ ሃዋይ ንክዐትጽንበር ደገፍ ክረክብ ንዋሽንግተን መጸ። ዶል ተሰፋኡ እናሃሰሰ ከመጽእ ድሕሪ ምጽናሑ፣ ኣብ ዋሽንግተን ዝጸንሐ ሃዋሁ ሃንደበት ተቐየረ። ኣብ ጽድያ 1898 እታ ማይኒ እትብሃል መርከብ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ኣብ ሃቫና ዓነወት። ነዚ ድማ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ ስጳዐ ኲናት ገጢማ ኮማንደር ድወይ ንቃፍላይ መርከዐብ ስጳዐ ኣብ ፊሊፕንስ ፍጹም ደምሰሰን። እቶም ንጎበጣ ሃዋይ ዝድግፉ ድማ ሓድሽን ኣእማኒን ዛዕባ ሒዞም ቀረቡ። ኣመሪካ ኣብ ዝመጽእ ሓይላ ብግቡእ ኣብ ኤስያ ከተርኢ እንተኸዐዶዩና ሃዋይ ከም መሰጋገሪ ኑቕጣ ክትከውን ትክዐእል ኢያ ተባህለ። ክልተኡ ታሕተዋይን ላዕለዋይን ባይቶ ኣመሪካ ነቲ ናይ ምሕዋስ ውዕል ተሰማምዓሉ። ማኪንሊ ብሓምለ 7 ምስ ፈረመሉ ከኣ ሃዋይ ኣካል ልኡላዊ ግዝእት ሕቡራት መንግንታት ኣመሪካ ኰነት።

ብዙሓት ኣባላት ባይቶ ሃዋይ ናይ ባዕላ መንግስቲ ክህሉዋ ንዝብል ሓሳብ ተወላወሉ። እዚ ድማ ብኸዐፊል ብዓሌታዊ ኣቃውማኣን ሃዋይን በቲ ቀንዲ መሬት ኣመሪካ ብዘሎዋ ነዊሕ ርሕቀትን ኢዩ። ንኣላስካ ብ1958 ናይ ገዛእ ርእሳ መንግስቲ ክህሉዋ ባይቶ ምስ ኣፍቀደ ግና እዚ መጎት'ዚ ብዙሕ ክቕጽል ኣይክኣለን። ብ11 መጋቢት 1958 ላዕለዋይ ባይቶ፣ ንጽባሒቱ'ውን ባይቶ ሰነት ተወከልቲ ዝተኸዐተሉዎ፣ ሃዋይ መበል 50 ግዝኣት ኣመሪካ ክትኸዐውን ኣድመጸ።

ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ሃዋያውያን ንምርጫ ናብ መድመጺ ንቑጣታት ብምካዐድ ናይ ገዛእ ርእሶም መንግስቲ ክህሉዎም ኣድመጹ። ካብ 240 መምረጺ መደበራት ሓንቲ፣ ንሳ ድማ ደሴት ኒሃዊ (ዳርጋ ኩሎም ደቀባት ኢዮም) ኣይፋል ኣድመጹ።

ደቀባት ሃዋያውያን ደጊም ኣብ ገዛእ-መሬቶም ንኡስ ጉጅለ ከቑሙ እውን ኣይክእሉን ኢዮም። ብመሰረት ኣብ 2000 ዝተገብረ ቆጸራ ህዝቢ፣ ካብ ዓሰርተ ሚእታዊት ጥራይ ኢዮም “ደቀባት ሃዋይን ካልኦት ደሴታት ፓስፊክን” ዘቑሙ። ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት መበል 20 ዘመን ብዙሓት ሃዋያውያን ናብ ያታዊ መበቆሎም ዝያዳ ከተኩሩ -ሚሮም። ምንቅስቓስ “ንልኡላውነት ሃዋይ” ድማ ወሊዱን ብዙሕ ደገፍ ክረክብ -ሚሩን ኣሎ። ዘደንቕ ቁጽሪ ሃዋያውያን እንተላይ ገለ መሪሕ ፖለቲከዐታት ንፍሉይነት ታሪክዐን ናብ ሕብረት ዝመጸትሉ ኩነታትን ኣፍልጦ ዝሃበ፣ ገለ ናይ ገዛእ-ርእሳ መንግስቲ ክወሃባ ከም ዝግባእ ኣሚኖም ኣሎዉ።

ኣብ 1993 ሚእቲ ዓመት ድሕሪ ዓወት ኣመሪካ ዝደገፈቶ ዕልዋ መንግስቲ እዚ መንቅስቓስ ዝነኣድ ዓወት ኣመዝጊቡ ኣሎ። ባይቶ ኣመሪካ "ብስም ህዝቢ ኣመሪካ ስለቲ ብ17 ጥሪ 1893 ዝተዓልወ ንግስነት ሃዋይን ስዒቡ ዝመጸ ምግሃስ መሰል ርእሰ-ምምሕዳር ህዝቢ ሃዋይን" ይቕሬታ ዝሓትት ውሳነ ኣመሓላለፈ። ብ22 ሚያዝያ 1993 ፕረዚደንት ቢል ክሊንተን ነቲ ውሳነ ፈሪሙሉ።

መብዛሕቶም ህዝቢ ሃዋይ ታሪኮዐም በቲ ዘሎዎ ምድምዳሙ ዕጉባት ኢዮም። ዜጋታት ኣመሪካ ምካዒኖም ንዘምጻእሎም ሃብቲን ናጽነትን የስተማቕሩዎ ኢዮም። ሃዋያውያን ብኣመሪካ ኣቢሎም ናብ ርግኣትን ሓጐስን ብውልውልን ብዝግታን ኢዮም ኣትዮም። እቲ ኣብ 1893 ዝተካዐየደ ሰውራን ድሕሪኡ ዝሰዓበ ምጽንባርን ግን ንባህሎምን ህይወት ህዝቦምን ንሓዋሩ ከም ዝሕከክዐ ገይሩዎ።

# 2. ኩባ

እታ ኣብ ካሪብያን ዝዓበየት ደሴትን ጽንዕቲ ዕርዲ ግዝኣት ስጳዐ ኣብ ላቲን ኣመሪካን ዝከዐኑት ኩባ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 19 ዘመን ኣብ ዕግርግር'ያ ነይራ። ኩባውያን፣ በቲ ሓደ ሸነክዐ ኣንጻር ገዛእቶም ስጳዐ ብረታዊ ቃልሲ ከልዕሉ ከሎው፣ በቲ ካልእ ድማ ነታ ካብ ስጳዐ ኣውጺኣ ኣብ ቁጽጽራ ከተእቱዎም ትደሊ ዝነበረት ኣመሪካ ይቃለሱ ነበሩ። ኩባውያን ሓርበዐታት ን10 ዓመታት ዝኣክል ኣንጻር ገዛኢት ስጳዐ እኳ እንተ ተቓለሱ፣ ኣብ 1878 ብዘይ ፍረ ተከሆሲ ኣቋረጹ። ኣብ 1879 እውን እንደገና ተለዓዓሉ። ሳልሳይ መጥቃዕቲ ኣብ 1895 ከፈቱ። እቲ ቀንዲ ኣወሃሃዲ ናይቲ ቃልሲ ሆሴ ማርቲ ኮይኑ ቀጺሎም ከኣ ማክሲሞ ጎመዝን ኣንቶንዮ ማሲዮን ዝተባህሉ ውሩያት ኣዘዝቲ ሰዓቡዎ። ሰለስተኦም መራሕቲ ኣብ 1895 ኣብታ ደሴት ብምእታው ሓድሽ ሰውራዊ ምልዕዓል ኣበገሱ። ኣብ ምጅማር'ቲ ኩናት ዝተሰወአ ማርቲ፣ ኣብታ ዘይወድኣ ደብዳበኡ፣ ንብጾቱ ነታ ንኩነታቶም መዝሚዛ፣ ሓጋዚት መሲላ ኢዳ ተእቱ ዝነበረት ኣመሪካ ኣብ ኩባ ይከዐን ካልኦት ሃገራት ላቲን ንከዐይተስፋሕፍሕ ኣበርቲዖም ክቃለሱዋ ኣትሪሩ ተላበዎም። ኣብቲ እዋን ኩባውያን ተቓለስቲ ኣዝዩ ገዚፍ ግስጋሰ የርእዩ'ኳ እንተ ነበሩ፣ ስጳዐዊ ኮማንደር -ነራል ዋለርያኖ ቨይለር ንግስጋሲኦም ንምጉዳም ሱር-በተካዐዊ ሜላታት ኣተኣታተወ። ህዝቢ ዓጸቦ ኣተዎ፣ ጽልኣቱ ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ ድማ ብኡ መጠን ገንፈለ። ከም ሳዕቤኑ ደገፍ ህዝቢ ንናጽነት እናሓየለ መጸ።

ኣብ ጽድያ 1897 ናይ ነጋዶ ደገፍ ዘሎዎ ርፓብሊካዊ ዊልያም ማኪንሊ ንጸረ-ሃጸያዊ ኣረኣእያ ዘሎዎ ደሞክራስያዊ ግሮቨር ክሊቭላንድ ተኪኡ ፕረዚደንት ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ኮይኑ ተመርጸ። ከም መብዛሕትኦም ካልኦት ኣመሪካውያን፣ ማኪንሊ'ውን ግዝኣት ስጳዐ ኣብ ልዕሊ ኩባ ኣገዳሲ ገይሩ ይወስዶ ነበረ። ኩባውያን ነብሶም ከየመሓደሩ ድማ ልዑል ስግኣት ሓደሮ። እዚ ዝከዐነሉ ምክዕንያት ርእሳ ዝከዐኣለት ናጻ ኩባ ብዋሽንግተን ዘይትምእዘዝ ደረቕ ክትከውን ኢያ ዝብል ሓሳብ ስለ ዝነበሮ ኢዩ። ብካዐልእ ወገን'ውን ኣመሪካ ኣብ ግዝኣት ስጳዐ ዝከዐነት ኩባ ብዙሕ ቁጠባዊ ወፍሪ ገይራ ስለ ዝነበረት፣ ቁጠባዊ ረብሓኣ ከይትንከፋ ሰግኣት። መራሕቲ ሰውራ ኩባ ኣብ ስልጣን እንተ ደይቦም ምምሕያሽን ምድልዳልን ዋንነት መሬት ከተኣታትዉ ምካዒኖም ቃል ይኣትዉ ብምንባሮም፣ እዚ ድማ ነቶም ናይ ልዕሊ

50 ሚልዮን ዶላር ወፍሪ ዝገበሩ ኣመሪካውያን ነጋዶን ኣውፈርቲን ሕማም ርእሲ ብምንባሩ፣ ማኪንሊ ነታ “ማይነ” ዝስማ መርከብ ኰናት ኣመሪካ ንኣትላንቲክ ገዲፋ ንሃቫና (ርእሰ ከተማ ኩባ) ክትከይድ ኣዘዘ። እዚ ብወግዒ “ዕርክነታዊ ምብጻሕ” እኳ እንተ ተባህለ፣ ኩባውያን፣ መቐጸልታ ኣመሪካ ንኩነታት ካሪብያን ኣብ ኢዳ ንምጭባጥ ንእትገብሮ ዘይሕለል ጻዕሪ ምካዑኑስ ኣይሰሓቱዎን። ሰለስተ ሰሙን ድሕሪ መልሕቓ ኣብ ሃቫና ምሽካላ፣ እታ መርከብ ኣብ 15 ለካቲት 1898 ምክዕንያቱ ብዘይተፈልጠ ምፍንጃር ፍጹም ዓነወት። ልዕሊ 250 ኣመሪካውያን መርከበዐታት ህይወቶም ሰኣኑ። እዚ ዜና'ዚ ንኣመሪካ ኣዝዩ ኣናደዳ፣ ስጳዐ ድማ ብዓይኒ ጥርጣረ ተጠመተት። ብዙሓት ኣመሪካውያን ኣብ ልዕሊ ገዛእቲ ስጳዐ ክቱር ጽልኣት የሕደሩን ጽልኣቶም'ውን ኣብተን ሽዑ ዝሕተማ ዝነበራ ጋዜጣታት ጠገለ ብዘይብሉ መገድታት ኣቃልሑዎን። እቶም ሽዑ ዝተጻሕፉ ዓንቀጻት ክሳብ ሕጂ ኣብ ታሪክዐ ፕረስ ኣመሪካ ኣዝዮም ዘሕፍሩ ዓንቀጻት ኰኑ። ወናኒ “ኒውዮርክ ታይምስ” ዝከዐሎነ ዊልያም ራንዶልፍ ቀንዲ ተዋሳኢ ናይዚ ጉዳይ ነበረ።

ጽልኣት ስጳዐ ኣብ ምሉእ ኣመሪካ ይግንፍል ብምንባሩ ፕረዚደንት ማኪንሊ ነቲ ንግጭት ኩባ ብሰላማዊ መገዲ ንምፍታሕ ብቐዳማይ ሚኒስተር ስጳዐ ፕራሄስ ሳጋስታ ዝቐርብ ዝነበረ ዕድመታት ጸማም እዝኒ ሃቦ። ሳስጋታ ነቲ ኩነታት ብሰላማዊ መገዲ ንምፍታሕ ልባዊ ድሌት ስለ ዝነበሮ ኣብ 1898 ምስ ኣመሪካ ክዛተ ሓያሎ ዕደም'ኳ እንተ ኣቕረበ፣ ኣመሪካ ነቲ ኩነታት ብሓይሊ ንምፍታሕ ትኣምን ስለ ዝነበረት ነቲ ዕድመ ዕሽሽ በለቶ። ዝርርብ እንተ ዝግበር ምናልባት ናጻ፣ ናይ ኣመሪካ ይከውን ናይ ካልእ ሃገር ወተሃደራዊ መዓስከር ዘይብላ ኩባ ፈጢሩ ምከዐሎነ ዝብል ግምት ብዙሓት ኣሎ። ኰይኑ ግን እዚ ንፕረዚደንት ማኪንሊ ኣይተዋሕጠሉን። ድሕሪ ሓያሎ ዓመታት፣ ተመራማሪ ታሪክዐ ሳሙኤል ኢሊዮት ሞሪሶን ከምዚ ዝስዕብ ደምደመ፣ “ዝከዐሎነ ሕልና ዘሎዎ ፕረዚደንት ነቲ ዕድል ሓደ ክብሪ ዝህብ ፍታሕ ንምንዳይ ምተጠቕመሉ።” ከምዚ ዝኣመሰለ ፍታሕ ግን ንሕቡእ ሕልሚ ኣመሪካ ስለ ዘየገልግል ኣመሪካ ኣብ ሓይሊ ክትምርኰስ ነይሩዋ። ነዚ ብምርዳእ ፕረዚደንት ማኪንሊ ኣብ ሚያዝያ ንባይቶ ኣመሪካ ሓይሊ ንክዐትጥቀም ስልጣን ክህቦ ሓተተ።

ንመራሕቲ ሰውራ ኩባ፣ ምትእትታው ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሰውራኦም፣ ካብ ምእዋጅ ኰናት ፈሊካዐ ዝርአ ኣይነበረን።

ኣመሪካ ንደሴት ኩባ ኣብ ኢዳ ከይተእቱዋ ክቃለሱ ቃል ኣተዉ። ከምዚ ዝኣመሰለ ተቓውሞታት ንዋሽንግተን ሕማም መርዘን ነበረ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ባይቶ ኣመሪካ ኣንጻር ድሌት ህዝቢ ኩባ ኵናት ክእውጅ ንፕረዚደንት ማኪንሊ ከፍቅደሉ ድሉው ኣይነበረን። ብዙሓት ኣመሪካውያን፡ ወተሃደራት ኣመሪካ ብህዝቢ ይኹን ብመራሕቲ ሰውራ ኩባ ከይተዓደሙ ናብ ኩባ ክከዕዱ ኣይተዋሕጠሎምን። ደገፍ ባይቶ ንምርካብ፡ ፕረዚደንት ማኪንሊ ነቲ ብኣባል ባይቶ ሀንሪ ቴለር ኮሎራዶ ዝቐረበ ጠለብ ምምሕያሽ ቅዋም ተቐበሎ። እዚ ድማ ኣመሪካ ብዘይካ ሰላም ንምምጻእ ብካዕልእ ምክዕንያት ኣብ ኩባ ምትእትታው ከይትገብር፡ ሰላም እንተ መጺኡ ድማ ኣመሪካ ካብታ ሃገር ክትወጽእ ዝብል ትልባብ ኢዩ። እዚ ብምሉእ ድምጺ ብባይቶ ጸደቐ። ንሻቕሎት መራሕቲ ሰውራ ኩባ ከኣ ቁሩብ ኣህደኦ። ኣብ 25 ሚያዝያ 1898 ባይቶ ኣመሪካ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ስጳዕን ናይ ኵናት ሃዋህው ሰፊኑ ከም ዘሎ ኣወጀ።

ኣብ ዝሰዓበ ሰሙናት ብዙሕ ለውጢ ተራእየ። ኮማዶረ ጂዮርጅ ደወይ ኣብ ፊሊፒንስ ኣብ ወሽመጥ ማኒላ ንዝነበራ መራኽዕብ ኵናት ስጳዕ ክዓንዋ ኣዘዘ። ኣብ ባሕቲ ግንቦት ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ተደምሰሳ። ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ወተሃደራት ኣመሪካ ኣብ ጥቓ ሳንቲያጎ፡ ደቡባዊ ምብራቕ ኩባ ዓስከሩ። ሰለስተ ነናይ ሓደ መዓልቲ ውግእ ድማ ኣካየዱ። ፈጣናት -ላቡ ኣመሪካ ንመራኽዕብ ስጳዕ ኣዕነዋ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ሓይሊ ምክልካዕል ስጳዕ ኣብ ሳንቲያጎ ፍጹም ተዳኸዐመ። ሓለፍቲ ሰውራ ኩባ ምስ ኣመሪካውያን ኣዘዝቲ ንናይ መወዳእታን ወግዓዊን ምንብርካኽዐ ስጳዕ ተዳለዉ። ይኹን ምበር ቅድሚ'ቲ ናይ ምምራኽዐ ስነ-ስርዓት ዊልያም ሻፍተር ኣብቲ በዓል ከም ዘይሳተፍን ናብ ሳንቲያጎ ከም ዘይኣቱን ገለጸ። እዚ ድማ ኣመሪካ መብጻዓኣ ከተፍርስ ምኽንያት ኣንፈት ሃበ። ብ12 ነሓሰ (ድሕሪ ክልተ ወርሒ) ንስጳዕን ኣመሪካን ዝወክሉ ዲፕሎማስዕታት ኣብ ዋይት-ሃውስ ብምርካዕብ “ውዕል ሰላም” ፈረሙ። ኵናት ኣብ መንጎ ስጳዕን ኣመሪካን ብወግዒ ኣብቅዐ። ድሕሪ ዓወት፡ ኣመሪካ ሰራዊታ ክትስሕብ ቃል ኣትያ'ኳ እንተ ነበረት፡ ብኣንጻሩ መዓስከራታ ደኣ ኣደልደለት።

ህንጡይነት ኣመሪካ ንናጽነት ኩባ ብኡ ንብኡ ሃሰሰ። ፕረዚደንት ማኪንሊ “ንኩባ ምቁጽጻር ንርእሰ ምክልካዕል ኣመሪካ ፍጹም ኣገዳሲ ኢዩ፡” ኢሉ ኣወ-። ንቅዋማዊ ለውጢ ቴለር ድማ ነጸጎ። ንኩባ ምግዳፍ “ዕብዳን ጥራይ'ዩ” ብምባል ኣናሸዎ።

“ኒውዮርክ ታይምስ” “ኩባውያን ነብሶም ከመሓድሩ ዘይክእሉ እንተድኣ ኰይኖም፣ ኣመሪካ ከተመሓድሮም ኣሎዋ፣” ብምባል ብወግዒ ጸሓፈት። ኣዕኑድ ደሞክራሲ ኣመሪካ፣ እቶም መብጽዓ ታት ደሓር ዘይቅቡላትን ዘይመስሉን ኰይኖም እንተ ተረከቢቦም፣ ኣመሪካ መብጽዓኣ ከተጽንዕ ግድን ኣይኰነን ብምባል ተካዐትዑ። ኣብ ዝቐጸለ ዓመት ሓያሎ ንኩባ ዘናሽዉን ዘጸልሙን ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳታት ተማህዙ። ገለ ካብኣቶም፣ “ኩባውያን ዘይኰኑ፣ ኣመሪካውያን ወተሃደራት ኢዮም ንኩባ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ስጳዐ ሓራ ዘውጽእዋ፣” ዝብል ነበሮ። እቲ ሓቂ ግን በንጻሩ ኢዩ። ቅድሚ ኣመሪካውያን ናብ ሳንቲያጎ ምእታዎም፣ ኩባውያን ድሕሪ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውግእ ድሮ ናብ ኣፈፌት ዓወት በጺሖም ነይሮም። እቲ ካልእ ናይ ሓሶት ፈጠራ ድማ፣ “ኩባውያን ተቓለስቲ ብፍርሒ ኢዶም ኣጣሚሮም ክርእዩ ከለዉ፣ ኣመሪካውያን ተቓለስቲ ንስጳዐውያን ካብ ኩባ ጸራሪጎም ኣውጺኣሞም፣” ዝብል ነበረ። ነቲ ኣመሪካውያን ዝኣተውሉ ገማግም ሳንቲያጎ ኣቐዲሞም ሓራን ውሑስን ገይሮሞ ከም ዝጸንሑ ሓደ'ኳ ኣይዘከሮን። ካልእ'ውን ኩባውያን ከም ስካውትን ሰለይቲን ኰይኖም ንኣመሪካውያን ይድግፉ ነይሮም።

“ኩባውያን ትብዓት ዘይብሎምን ውዳበ ሰራዊት ዘይፈልጡን ክሳብ ዝከዐኑ ነብሶም ከመሓድሩ ኣይክእሉን'ዮም፣” ኢሎም ኣመሪካውያን ተዛረቡ። ናይ ኣመሪካ ፕረስ ንተቓለስቲ ኩባ ደናቑርን ካብ ድሕረት ብዘይተናገፉ ጸለምቲ ዝተዓብለሉን'ዮም ኢሎም ኣነኣኣሱዎም። ፕረዚደንት ማኪንሊን ሰዓብቱን ንኩባውያን ተቓለስቲ ብድንቁርና ካብ ህዝቢ ሃዋይ ዘይሕሹ ብምባል ኣቆናጸቡዎም። ኣብ ውሽጢ ሓጺር መዓልታት ጥራይ ኩባውያን ኣመሪካ ንዝኣተወትሎም መብጽዓታት ክርስዑዎ ተነግሮም። ፕረዚደንት ማኪንሊ ብቕሉዕ “ኣመሪካ ከም ተዋጋኢት ኣብ ልዕሊ ዝንበጠቶ መሬት ክትገዝእ መሰል ኣሎዋ፣” በለ። እዚ ንኩባውያን ኣዝዩ'ኳ እንተ ኣሰንበዶም ዝገብሩዎ ግን ኣይነበሮምን።

መብዛሕትኦም ኣመሪካውያን ብዛዕባ ኩነታት ኩባውያን ዝዓጦም ኣይነበረን። ሕሉፍ ሓሊፎም፣ “ካብ መግዛእቲ ስጳዐ ስለ ዘናገፍኩምና የቐንየልና” ስለ ዘይበሉዎም ሕርቃን ነበሮም። ከም መርኣያ ድሕረቶም ገይሮም'ውን ወሰዱዎ። ተቓለስቲ ኩባ ስልጣን እንተ ሒዞም ማሕበራዊ ፍትሒ ከንግሱ ቃል ክኣትዉ ከለዉ፣ ኣመሪካውያን፣ ብፍላይ ድማ ኣብ 1900 ስልጣን ዝሓዘ ጀነራል ሊዮናርድ ዉድ፣ ንሽግር ኩባውያን ብሓይሊ ገንዘብ ጥራይ ንምፍታሕ ይኣምኑ ነበሩ። ብ25 ሓምለ 1900 ጀነራል ዉድ

ንምጽዳቕ ቅዋም ንኩባ ዝውክሉ ክምረጹ ሕጹያት እኳ እንተ ኣቕረበ፣ ኣመሪካ ንዝሓጸየቶም ከም ዘይቅበሉ ኩባውያን ኣፍለጡ።

ኣብ ቀውዒ ናይቲ ዓመት ሚኒስተር ምክልካዐል ኣመሪካ (ናይ ሽዑ ሚኒስተር ኲናት) ኢሊሁ ሩት ምስ ኣባል ባይቶ ኦርቪል ፕላት ብምክንያት ንመጻኢ ኩባ ዝውስን ሕጊ ጸሓፈ። "ሕጊ ፕላት" ተባሂሉ ዝተሰምየ ሕጊ ኣብ ታሪክዐ ኣመሪካ ኣገዳሲ መዝገብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኣመሪካ ኰነ። እዚ ሕጊ'ዚ ንኣመሪካ ሓደ ኩርኩር መንግስቲ ኣብ ኩባ ብምቕማጥ ብኢደ-ዙር ከም እትቆጻጸራ ገበራ። ነዚ ኣሰራርሓ'ዚ ኣመሪካ ኣብ ካልኦት ሃገራት ካሪብያን እውን ተጠቕመትሉ። ኣብዚ እዋን ድማ "ፕላቲዝሞ" ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ።

ቅዋም ፕላት፣ ኣመሪካ ካብ ኲባ ክትወጽእ፣ ኣምሳያኡ ግን ነባሪ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣብ ኩባ ክትምስርት ዝጠልብ ነበረ። ከምኡ'ውን ኣመሪካ ኩባን ካልኦት ሃገራትን ንዝገበርኦ ዝኾኑ ውዕል ኣመሪካ እንተ ዘይፈትያ መሰል ቀውፊ ክህሉዋ፣ ኣመሪካ ንፋይናንስ ኩባ ክትከታተል፣ ከምኡ'ውን ኣመሪካ ንናጽነት ኩባ ዝጻረር ኩነታት እንተ ኣጋጠመ ክትዘሪ ዘፍቅደላ መሰል ነበረ። እዚ ማለት ኣመሪካ ንዘይትቃወሞ ኲሉ ኩባውያን ነብሶም ከመሓድሩ ማለት'ዩ። እዚ ምትዕርራይ ኣብ 2 መጋቢት 1890 ከም ሕጊ ክጸድቕ ፕረዚደንት ማኪንሊ ፈረመሉ።

ወከልቲ ኩባ ንምትዕርራይ ሕጊ ፕላት ወይ ክጽድቑ ወይ ድማ ክነጽጉ ነዊሕ ክትዕ ገበሩ። ኣብ መወዳእታኡ ግን ብሓደ ዝያዳ ድምጺ ኣጽደቑዎ። እዚ ማለት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ቃሕ ዝበላ ነገር ምግባር ማለት ነበረ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ብተዓዛብነት ኣመሪካ ኣብ ዝተካየደ ምርጫ፣ ቶማስ ኤስትራዳ ፓልማ ቀዳማይ ፕረዚደንት ርፓብሊክ ኩባ ኰይኑ ተዓወተ።

ርፓብሊክ ኩባ ኣብ 20 ግንቦት 1902 ብወግዒ ተመስረተት። ኣብዚ እዋን'ዚ ማእለያ ዘይብሎም ተቓውሞታትን መጥቃዕትታትን ኣብ ልዕሊ ንብረት ኣመሪካውያን ኣጋጢሙ። ብ1906 ዝተካየደ ምርጫ ርትዓዊ ኣይነበረን ዝብሉ ተቓወምቲ ንምጭፍላቕ ወተሃደራት ኣመሪካ እንደገና ንኩባ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ቁጽጽር ኣእተዉዋ። ዜጋታት ኩባ ናይ "ምንጻል ኣተሓሳስባኦም" እንተ ዘይቀይሮም፣ ኩባ ናጻ ክትከውን ዘይሕሰብ ምኳኑ ፕረዚደንት ዊልያም ሃዋርድ ታፍት ኣጠንቀቐ።

ኣብ 1920ታትን 30ታትን ኣብ እዋን መሪሕነት -ራርዳዶ ማካዶ፣ ተቓውሞታት እናሓየሉ ከዱ። ብፍላይ ኣብ ኩባ ብሓፈሻ

ድማ ኣብ ኩለን ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ሃገራውነትን ጽልኣት ኣመሪካውያንን በኣሰ። ኣብ 1925 ዝተመስረተት ሰልፊ ዴስነት ቀንዲ ሃንዳሲትን ተጠቃሚትን ናይዚ ተቓውሞታት ኮነት። ኣብ 1930 ድማ ቀላሲት ሓይሊ ምንቅስቓስ ሰራሕተዐታት ኮነት።

ኣብ 1933፣ ፍራንክሊን ዲላኖ ሩዝቬልት ፕረዚንደንት ኣመሪካ ምስ ኮነ፣ ውልቀ-መላከዒ መሪሕነት ማካዶ ንኩባውያን ተቓወምቲ ሃጓፍ ከም ዝፈጠረ ብምእማን ካብቲ ሕንፍሽፍሽ ኩርኩር ኣመሪካ ንምርካብ ጸዓረ። ፉል-ንስዮ ባቲስታ ዝተባህለ ሰርጌንተ ድማ ኣብ ኩባ ገባሪን ሓዳጊን ኮይኑ ወጸ። ኣብ 1930 ውልቀ-መላከዒ ናይ ኩባ ብምካዒን መጻኢ ዕድል ናይታ ሃገር ኣብ ኢዱ ጨበጦ። ምስ ሕብረት ሶቬት ዝነበሮ ዲፕሎማስያዊ ርክብ በተከዐ፣ ንወተሃደራት ኣመሪካ ድማ ከም ኣሰልጠንቲን ኣማከዐርቲን ክሰርሑ ዓደሞም። ኣመሪካውያን ኣውፈርቲ ናብ ኩባ ክመጹ ኣተባብዐ። ዋላ'ውን ጉጅለ ገበነዐታት ካብ ኣመሪካ ናብ ኩባ ክኣትዉ ብምትብባዕ ኣብታ ሃገር ኣብ ቱሪዝም፣ ምንዝርናን ቍማርን ዝተመርኮሰ ቍጠባ ማዕበለ። ገለ ካብቲ ዝጥቀስ ተግባራቱ ነቲ ኣብ 1952 ክግበር ተወጢኑ ዝነበረ ምርጫ ባይቶ ምስራዝ ኢዩ። ገለ ካብቶም ናይ ሽዑ ሕጹያት እቲ ፍቱው ናይ ተማሃሮ መራሒን ናይ ሕጊ ምሁርን መንእሰይ ፊደል ካስትሮ ይርከቦም። ድሕሪ ምስራዝ ምርጫ፣ ካስትሮ ሰውራ ኣወ-። ይከውን እምበር፣ ኣመሪካውያን ኣብ ኩባ ሰላም ከም ዘሎን ንዝምድና ክልተኣን ሃገራት ዝጻባእ ኣሸጋሪ ኩነታት ከም ዘየለ ኣብ 1957 ሃገራዊ ባይቶ ጸጥታ ሓበረ። ድሕሪ ሓደ ዓመት እውን ወኪል ማእከላይ ስለያ ኣመሪካ ዛጊት ኣብ ላቲን ኣመሪካ ዝከዐነ ይከውን ናይ ሶቬት ጽልዋ ከም ዘየለ ጸብጻቡ ኣመሓላለፈ። እዚ ይከውን እምበር ባሕቲ ጥሪ 1959፣ ባቲስታ ንኩባ ሓዲጉ ሃደመ። እዚ ቁሩብ ሰዓታት ቅድሚ ካስትሮ ብዕልዋ ኣብ ስልጣን ምድያቡ ኢዩ።

ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ምህዳም ባቲስታ፣ ካስትሮ ከም መራሒ ናይቲ ተዓዋቲ ሰውራ ኮይኑ ንመ-መርያ ግዜ መደረ ኣስመዐ። ከምዚ ድማ በለ፣ “እዚ ዘውራ'ዚ ኣይክጸዓድን ኢዩ። ዘይ ከምቲ ኣብ 1898 ኣመሪካውያን መጺኦም ናይ ሃገርና ገበርቲን ሓደግቲን ዝከዐኑ፣ እዚ ሰውራ እዚ ንኩባ ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ ራኢኡ ክጭብጥ ኢዩ።” እዚ ሰውራ ንብዙሓት ኣመሪካውያን ኣስደመሞም። ውሑዳት ጥራይ ኣመሪካ ንኩባ ከመይ ትጭኩና ከም ዝነበረት ይፈልጡ ነበሩ። ስለዚ ድማ ኩባ ምስ ኣመሪካ ዝምድና ክትበትክዐ ምውሳና ኣዝዩ ገረሞም። ረብሓኣ ዘጉደለት ኮይኑ ከኣ ተሰምዖም።

መንግስቲ ካስትሮ ንትካላት ወጻኢ ንብረተን ሃጊሩ ሰጐጐን። ንኲባ ድማ መሓዛ ሕብረት ሶቬት ገበራ። ኣብ 1961 ብመርበብ ስለያ ኣመሪካ ዝተመወሉ ኲባውያን ስደተዐታት ንካስትሮ ንምዕላው ንኲባ እኳ እንተ ወረሩዋ፡ ብዘይ ፍረ ሕፍረት ተጐልቢዮም ተመልሱ። ድሕሪ 18 ኣዋርሕ፡ ሕብረት ሶቬት ኣብ ኲባ ሚሳይላታ ብምትካላ፡ ኣመሪካን ሶቬትን ኣብ ኣፈፌት ኒኩለሳዊ ውግእ በጽሓ። ዝሰዓቡ ፕረዚደንትታት ኣመሪካ ንካስትሮ ካብ ስልጣን ንምእላይ ጸዓሩ። ክዕወቱ ግን ኣይክኣሉን። ካስትሮ ፍርያት ፖሊሲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኲባ ኢዩ። ስርዓት ካስትሮ ጽቡቕ ኣብነት ናይ ፍሹል ፖሊሲ ኣመሪካ ኣብ ምቕያር ናይ ወጻኢ ስርዓት ኢዩ።

# 3. ፖርቶሪኮ

ፍሉጥ ፖርቶሪካዊ ገጣሚ ሎላ ሮዲሪጐዝ ደ ቲዮ ንደሴታት ኩባን ፖርቶሪኮን "ክልተ ኣክዐናፍ ናይ ሓንቲ ዑፍ" ኢሉ ይገልጸን። ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ መስፋሕፋሕቲ'ውን ምስኡ ይሰማምዑ። ደሴት ፖርቶሪኮ ብስፍሓታ ክንዲ ሓንቲ ዕስራት ኩባ'ውን ኣይትከዐውንን ኢያ። ዋላ'ኳ ንዓመታት ስጳዐ ኣብ ፖርቶሪኮ ዝነበረ ሕቶ ርእሰ-ምምሕዳር ጸማም እዝኒ እንተ ሃበቶ፣ ኣብ ፖርቶሪኮ ኣንጻር ስጳዐ ዝተላዕለ ብረታዊ ተጋድሎ ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ 1897 ናብ ስልጣን ዝመጸ ቀዳማይ ሚኒስተር ስጳዐ ራሳደስ ሳጋስታ ግን ንኩባን ፖርቶሪኮን መሰል ርእሰ-ውሳነ ፈቐደለን። ተቓለስቲ ኩባ ነዚ ዕድል ክነጽጉ ከሎዉ፣ ፖርቶሪኮውያን ግን ተቐበሉዎ።

ብስጳዐ ዝተፈቕደ መሰል ርእሰ-ውሳነ ስፍሕ ዝበለ ደረት ስልጣን ዝህብ ኰይኑ፣ ፖርቶሪኮውያን ባዕላቶም ባይቶ ንክዐመርጹ ዘክዕእል ውሳነ ኢዩ። ብ27 መጋቢት 1898 ኣብ ዝተካዐየደ ምርጫ ንርእሰ-ውሳነ ዝቃለስ ሰልፊ ዝመርሕ ልዊስ ሙኖዝ ሪቬራ ዝበዝሐ ድምጺ ረኺቡ።

ዝተመርጸ ሰልፊ ስልጣን ከይተረከበ ግን ኣብ ወጋሕታ 12 ግንቦት ሸውዓተ ናይ ኣመሪካ መራኽብ ኩናት ኣብ መንጽር ሳን ሁዋን - ርእሰ ከተማ ፖርቶሪኮ - ዓሪደን ሓደራ። ንሰለስተ ሰዓትን ፈረቓን ድማ ከበድቲ መዳፍዕ ናብታ ከተማ ደብደባ። ንክዐልተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ፍጹም ከበባ፣ ፖርቶሪኮ'ውን ኣካል ናይቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ስጳዐን ዝካየድ ዝነበረ ኩናት ምኳና ተነጸረ። ኣብቲ ግዜ ምሉእ ኣቓልቦ ስጳዐውያን ኣብ ኩባ ስለ ዝነበረ፣ ንፖርቶሪኮ ብዙሕ ግዲ ኣይሃቡዋን። ኣመሪካውያን'ውን እንተኸዑነ ኣብ ፖርቶሪኮ ዝጋነን ጽልዋ ኣይነበሮምን።

ብ17 ሓምለ ባይቶ ፖርቶሪኮ ንመ-መርያ ግዜ ተኣከበ። ብሪቬራ ዝምራሕ ሓድሽ ካቢነ ድማ ብወግዒ ስራሑ -መረ። ዕድመ ስልጣኑ ግን ካብ ሸሞንተ መዓልቲ ኣይሓለፈን። ብ25 ሓምለ፣ ኣሃዱታት ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ትርከብ ከተማ ተቖጻጸሩዋ። ምምሕዳር ስጳዐ ድማ ምሉእ ብምሉእ ተበንቈሰ። ምስኡ ከኣ ርእሰ-ምምሕዳር ፖርቶሪኮ ተረፈ። ምስ ምውዳቕ ግዝኣት ስጳዐ ኣብ ፖርቶሪኮ ሓድሽ ተስፋ ተቐልቀለ። ተስፋ ሃገር ምህናጽን፣ ምናልባት'ውን ናጽነት ወይ ምጽንባር ምስ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ። ኣመሪካዊ -ነራል

ነልሰን ማይልስ ብዝሃቦ ቀዳማይ መደረ ብዙሓት ተስፋ ኣሕደሩ። እቲ -ነራል ኣብ መደረኡ፥ "ንሕና ኣብ ልዕሊ ንዘመናት ዝተጨኮነ ህዝቢ ክንከላከዐል እምበር መሊስና ኲናት ክንከፍት ኣይመጻእናን። ... እዚ ናይ ዕንወት ኲናት ዘይኮነስ፥ ብርሃን ተስፋን ብልጽግናን ክህብ ኢዩ፥" ዝብል ትስፉው ኣዋጅ ኣወ-።

ብታሕሳስ 1898 ኣብ ፓሪስ ዝተቓንዐ ጉባኤ ሓደ ካብቲ ዝተዘተየሉ ዛዕባታት፥ ደምዳሚ ምንብርካክዐ ስጳዐ ነበረ። ዋላ'ኳ ስጳዐ ንፖርቶሪኮ ንባዕላ ከተትርፋ እንተ ፈነት፥ ናይቲ ግዜ ፕረዚደንት ኣመሪካ ማኪንሊ ግን ፍቓደዐ ኣይነበረን። ብ18 ሕዳር ኣብ ቤተ-መንግስቲ ሳን ሁዋን ፖርቶሪኮ ኣብ ዝተገብረ ጽንብል፥ ልኡላውነት ፖርቶሪኮ ብወግዒ ካብ ስጳዐ ናብ ኣመሪካ ተሰጋገረ።

ኣብ ፖርቶሪኮ ዝዓስከሩ ወተሃደራት ኣመሪካ፥ 25 ሓምለ ሃገራዊ በዓል ፖርቶሪኮ ክከዐውን ኣወጁ። ኣብዚ ክንምልከቶ ዝግበኣና፥ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣመሪካውያን ብናይ ሃገሮም ሃንደበታዊ ዝላ ናብ ደረጃ ርእሰ-ሓያልነት ሰከዐ.ሮም ከም ዝነበሩ ኢዩ። ብዘይ ዝኮነ ዋጋ ኣብ ስትራተጂያዊ መስመር ንግዲ ካሪብያን እትርከብ ደሴት ምርካቦም ቀሊል ኣይነበረን። ፖርቶሪኮውያን ግን፥ ሕልሞም ብዘይ ምስማሩ ኣብ ናይ ዳንኬራን ፌስታን ሃዋሁ ኣይነበሩን። ልዊስ ሙኖዝ ሪቬራ፥ "መንግስቲ ሰሜን ኣመሪካ ንልኣላውነት ፖርቶሪኮ ከክዐብሮን ከስፍሖን ምተገብኣ፥ ግን ከም ድልየቶም ንፖርቶሪኮ ኣዕንዮማ...25 ሓምለ ኣይከነብዕሎን ኢና...መብጽዓኦም ኣየክዐበሩን... ናብራና፥ ዘሎናዮ ናብራ ኣብ መግዛእቲ ዝነብሩ ጭቁናት ኢዩ፥" በለ።

ግዝኣት ኣመሪካ ኣብ ፖርቶሪኮ መሪሩ። ባይቶ ኣመሪካ "ኣዋጅ ፎራከር" ዝተሰምየ ነታ ደሴት ዘመሓድር ሕግታት ሓንጸጸ። ስልጣን ንፕረዚደንት ኣመሪካ ዝመርጾ ኣመሓዳሪ ክወሃብ ተወሰነ። ነቲ 35 ኣባላት ዝነበሩዎ ባይቶ ፖርቶሪኮ ዘውጽኦ ሕግታት ብናይ ቀውፊ ስልጣን ኣመሓዳሪ ወይ ባይቶ ኣመሪካ ክፈርስ ከም ዝክዐእል'ውን ተነጸረ። ፖርቶሪካዊ ሆውሊዮ ሃና ነቲ ኣዋጅ ከምዚ ክብል ገሊጹዎ፥ "ብዘይ ሓርነት፥ ብዘይ መሰል፥ ብዘይ ውሕስነት ተሪፍና። ንሕና መነንት ይከዑን ዓዲ የብልናን።"

ኣብ መ-መያ 20 ዘመን ኣርባዕተ ዓበይቲ ናይ ኣመሪካ ኮርፖራሽናት ዝበለጸ መሬት ብመግባት ናይ ሽኮር ሕርሻታት ተከዐላ። ናይዚ ቀንዲ ሃስያ ኣብ ድካዐታት ፖርቶሪካውያን ሓረስቶት ቡን ኢዩ ነይሩ። ከም ኣብነት፤ ኣብ 1930፥ ካብ ናይ ፖርቶሪኮ ጠቕላላ ሰደድ ሽኮር 60% ክከዐውን ከሎ፥ ቡን 1% ጥራይ ነይሩ።

ምስ ጽበት መሬት፡ ድክዐነት ኣብ ፖርቶሪኮ ሰረት ክሕዝ -መረ። ኣብ ፈለማ ወራር ኣመሪካ ሽቕለት ኣልቦነት 17% ዝነበረ ድሕሪ ርብዒ ዘመን ናብ 30% ክብ በለ። ሕማም፡ ጥሜት፡ ስእነት መሰረታዊ ክንክን ጥዕና ንፖርቶሪኮውያን ኣሳቐዮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ መጠን ዕድመ ሓደ ዜጋ ፖርቶሪኮ 46 ጥራይ ነበረ። ቀረብ ማይን ኤለትሪክን ከም መሰረታውያን ኣድለይቲ ነገራት ዘይኮነስ ምስ መጋየጺ ክጽብጸቡ -ሚሩ። ፖለቲካዊ ስርዓት እታ ሃገር ብስሉዓት ወጻእተዐታትን ወነንቲ ኮርፖረሽናትን ተባሕተ። ፖርቶሪኮውያን ኣብ ባሕሪ ጭቆና፡ ድክዐነትን ደርባዊ ቁርቁስን ተሸመሙ።

ንኩነታት ፖርቶሪኮ ካብ ቀንዲ ዝሓላልክዐ ዝነበረ ረቛሒታት ዘይርጉጽ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኢዩ። ከም ናይ ሃዋይ ወይ ፊሊፒንስ ደረጃታት ናጽነት ኣብ መገዲ ፖርቶሪኮ ኣይነበረን። ብ1917 ፖርቶሪኮውያን ናይ ኣመሪካ ዜግነት ተዋህቦም። ድሕሪ 31 ዓመት ኣመሓዳሪ ክመርጹ መሰል ረከዐቡ። ኣብ 1952 ኣብ ዝተገብረ ረፈረንደም ፖርቶሪኮውያን ዓዶም ከም ናጻ ክፋል ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክትከውን መረጹ። ብሓምለ 1952፡ 54 ዓመት ድሕሪ ምእታው ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ጉዋኒካ፡ ባንዴራ ፖርቶሪካ ኣብ ጐኒ ባንዴራ ኣመሪካ ተሰቕለት። ልዊስ ሙኖዝ ማሪን ወዱ ንልዊስ ሙኖዝ ሪቨራ ድማ ኣብቲ ኣጋጣሚ ከም ኣመሓዳሪ ፖርቶሪኮ ኰይኑ ተመርጸ።

ካብ ምዝዛም ኣርብዓታት -ሚሩ፡ ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ፡ ንሓንቲ ብድክዐነት ዝተሓመሰት ሃገር ምግዛእ ንስም ሃገሮም ከም ዘክዐፍእ ክስቆሮም -መረ። በዚ ምክዐንያት ንፖርቶሪኮ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያታ ዝያዳ ናጽነት ኣፍቀዱላ። ምስ ምዕንባብ ቍጠባን ስነ-ሓሳብን ፖርቶሪኮ ማእከል ደሞክራሲ ኰነት። ዋላ'ኳ ምስ ኣመሪካ ብዙሕ ምትእስሳር እንተ ሃሎዎም፡ ፖርቶሪኮውያን ኣብ መንነቶም ጽኑዓት ኢዮም። ንኣብነት፡ ቋንቋ ስጳዐ ይዛረቡ፡ ናብ ኦሎምፒክ ምስ ኣመሪካ ዘይኮነስ፡ ናቶም ፍልይቲ ጋንታ ይሰዱ። ብባህሎምን ውርሻኦምን'ውን ብሓፈሻ ሕቡናት ኢዮም። “ሃገረይ” ክብሉ ከሎዉ ንፖርቶሪኮ እምበር ንኣመሪካ ማለቶም ኣይኮኑን። ብሓፈሻ ክርአ ከሎ ግን፡ ዝበዝሑ ፖርቶሪኮውያን ብከዑነታት ሃገሮም ዘይዕጉባት ኣይኮኑን። ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘፈሓፍሕ የብሎምን፣ ናብ ኣመሪካ ናጻ ናይ ምእታውን ምውጻእን መሰል ኣሎዎም። ብዘይካ'ዚ ከም ክፋል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምካዒኖም መጠን ብዙሕ ቁጠባዊ ረብሓታት ኣሎዎም። ብኣጠቓላሊ፡ መግዛእቲ ኣመሪካ ኣብ ፖርቶሪኮ ጎነጻዊ ኣይነበረን።

**እቲ ምክዐንያት፣ መንግስቲ ኣመሪካ ቀጥታዊ ናይ ፖርቶሪኮ ምምሕዳር ሓላፍነት ስለ ዝወሰደ'ዩ ነይሩ። ዘይከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝተገብረ፣ ፖርቶሪኮ ብዕልዋ ኣይኮነትን ኣብ ኢድ ኣመሪካ ኣትያ። ፖለቲካዊ ሕቶ ፖርቶሪኮ'ውን ክፍታሕ ተክዐእሎ ኣሎ።**

# 4. ፊሊፒንስ

ውሽጣዊ ኩነታት ኩባ ዘንቀሎ፣ ኩባ ንምቁጽጻር ኣብ መንጎ ኣመሪካን ስጳዐን ኲናት ተካዐየደ። ሕልሚ ኣመሪካውያን ኣብ ኩባ ክነቓቓሕ ዝ-መረ ቶማስ -ፈርሰን ሓደ መዓልቲ ኩባ ኣካል ኣመሪካ ኰይና ክርኢያ ዘሎዎ ተስፋ ድሕሪ ምግላጹ ኢዩ።

ነዚ ኲናት ንምክዐታም ኣመሪካውያንን ስጳዐውያንን ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝተራከዐቡሉ፣ ጉዳይ ፊሊፒንስ'ውን ከም ዛዕባ ተላዕለ። ዝበዝሑ ኣመሪካውያን ብዛዕባ ፊሊፒንስ ይትረፍ ኣበይ ከም እትርከብ'ውን ኣፍልጦ ኣይነበሮምን። ስልጣን ኣመሪካ ኣብ ፊሊፒንስ፣ ኮሞዶር ደዊ ንማኒላ፣ ርእሰ-ከተማ ፊሊፒንስ ምስ ተቖጻጸራ ኢዩ -ሚሩ። እዚ ወራር ብመደብ ዝተገብረ ኣይነበረን። ፕረዚደንት ሚኪንሊ ድማ ዕጫ ናይተን ኣበይ ከም ዝርከባ ዘይፈልጠን ዝነበረ ደሴታት ክውስን ነበሮ። ብዛዕባ እቶም ዝበዝሑ ኣመንቲ ካቶሊክ ዝኾኑ ፊሊፒናውያን'ውን ብተመሳሳሊ ደሃይ ኣይነበሮን። ብርግጽ፣ ፊሊፒናውያን፣ ታሪኽዐ ዘመናዊ ኤስያ፣ ኣንጻር መግዛእቲ ኣብ ዘካየዱዎ ቃልሲ ዝወረዶም ስቓይ'ውን ንፕረዚደንት ኣመሪካ ኣይተሰቆሮን። እዚ ፍጻመ ኣመሪካ ካብ ግዝእቲ ናብ ገዛኢት ሰጊራ፣ ንመ-መርያ ግዜ ብመገዲ ፊሊፒንስ፣ ካብ ገማግማ ርሒቓ ግዝኣት ዝተቖጻጸረትሉ ኢዩ ነይሩ።

ብሓደ ግንቦት 1898፣ ድሕሪ ምድምሳስ መራኽዐብ ኲናት ስጳዐ፣ ኮሞዶር ደዊ ንፊሊፒናዊ ደባይ ተወጋኢ ኤሚልዮ ኣጊናልዶ ናብ መርከቡ ዓደሞ። ናጻ ርፓብሊክ ፊሊፒንስ ንክዐምስርቱ ብዘቕረበሉ ዕድመ መሰረት ከኣ ኣጊናልዶ ተቐበሎ። ኣብ ሓጺር ግዜ ግን ደዊ ነዚ ስምምዕ ከም ዝፈጸሞ ኩሓደ። ብ12 ሰነ፣ ኣጊናልዶ ናጽነት ፊሊፒንስ ክእውጅ ከሎ ኣብቲ ጽንብል ካብ ኣመሪካ ዝመጸ ዝኾዐነ ወኪል ኣይነበረን። ኣጊናልዶን ብጾቱን ኣመሪካ ንናጽነቶም ከም ዘይትቕበሎ ክረኣዮም -መረ። -ነራል ቶማስ ኣንደርሰን ናይ ኣመሪካ ብ4 ሓምለ ናብ ኣጊናልዶ ኣብ ዝጸሓፎ ደብዳቤ ምስ ፊሊፒናውያን ክተሓባበር ከም ዝደሊን ኣንጻር ስጳዐ ኣብ ዝካየዱ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብዙሕ ክተሓጋገዙ ከም ዝክዐእሉን ትስፋው መልእኽዐቲ ሰደደሉ። ኣብ ዋሽንግተን ግን ካልእ ትልሚ ይጥጃእ ነይሩ።

ፕረዚደንት ማኪንሊ ኣመሪካ ምሉእ ዋንነት ፊሊፒንስ ክህሉዋ ወሰነ። ስጳዐ ምስ ሓሳብ ኣመሪካ ንክዐትሰማማዕ ከኣ 20 ሚልዮን ዶላር ብላዕ ተከዐፍላ። ብ10 ታሕሳስ፣ ኣመሪካውያንን ስጳዐውያንን

ስምምዕ ፓሪስ ከተሙ። በዚ ስምምዕ'ዚ ኰባ፡ ፖርቶሪኮን ፊሊፒንስን ንኣመሪካ ተዋህባ። ፊሊፒንስ ልዕሊ ሽውዓተ ሽሕ ደሴታትን ሸውዓተ ሚልዮን ህዝቢን ነይሩዋ። ብኡ ንብኡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ምሉእ ብምሉእ ልኡላውነት ፊሊፒንስ ከም ዝተረከበ መግለጺ ኣውጸአ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፊሊፒናውያን ግን ብናቶም መገዲ ይከዐዱ ነይሮም። ባይቶ መሪጾም፡ ቅዋም ድሕሪ ምጽዳቖም፡ ብ23 ጥሪ 1899 ኣጉናልዶ ዝመርሓ "ርፓብሊክ ፊሊፒንስ" ኣወጁ። ድሕሪ 12 መዓልታት፡ እታ ሓዳስ ሃገር ኣንጻር ኣብተን ደሴታት ዝነበሩ ሓይልታት ኣመሪካ ኲናት ኣወ-ተ። ማኪንሊ ንፊሊፒናውያን ከም ዘይስሙራትን ድኩዑማትን ይርእዮም ስለ ዝነበረ፡ ኣመሪካ ነዚ ኣዋጅ'ዚ ዕሽሽ በለቶ።

ድሕሪ ነዊሕ ክትዕ ባይቶ ኣመሪካ ንኣዋጅ ፓሪስ ኣጽደቖ። ፊሊፒናውያን ኣብ ማኒላ ዓስኪሮም ዝነበሩ ወተሃደራት ኣመሪካ ኣጥቂዮም ስለ ዝነበሩ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ወተሃደራት ኣመሪካ ሕነ ንምፍዳይ ብመራኽዐብ ዓሰሉ። ፊሊፒናውያን ምስ ናይ ኣመሪካ ዝዳረግ ኣጽዋር ስለ ዘይነበሮም፡ ንኣመሪካውያን ዘርዓደ ከም መጻወድያ፡ ክሳድ ብካዐራ ምሕራድ፡ ሓዊ ምንዳድ፡ ስሚ ምጥቃምን ናይ እሱራት ኣካል ምቑራጽን ዝኣመሰሉ ኣገባባት ኣተኣታተዉ። ኣመሪካ ንናይ ፊሊፒንስ ዝመስል ግብረ-መልሲ ሃበት። ክልተ ክፍለ-ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ድብያ ኣትየን ምስ ተሃስያ፡ ኣዛዚኣን ኣመሪካዊ -ነራል ኲለን ኣብቲ ከባቢ ዝርከባ ዓድታት ክቃጸላን ተቐማጦኣን ክቕተሉን ኣዘዘ። እዚ ወረ'ዚ ከይወጽእ ብምባል ድማ፡ ኣብ ፊሊፒንስ ዝነበሩ ናይ ወጻኢ ጋዜጠዐታት ከቢድ ቁጽጽር ገበሩሎም። ኣብ 1901 ኣብ ልዕሊ ጋዜጠዐታት ዝነበረ ቁጽጽር ድሕሪ ምልዓሉ ከኣ'ዩ ኣመሪካውያን ኲናት ፊሊፒንስ ከመይ ከም ዝነበረ ዝፈለጡ።

ብ23 መጋቢት፡ 1901 ወዲ 36 ዓመት ብርጋዴር -ነራል ፍረደሪክ ፉንስቶን ድሕሪ ዘካየዶ መጥቃዕቲ፡ ንኣጉናልዶ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእተዎ። ድሕሪ ወርሒ ኣጉናልዶ፡ ብጾቱ ኢዶም ክህቡ፡ ናይ ምስላም መልእኽቲ ኣመሓላለፈ። ዋላ'ኳ ኣሽሓት ነዚ ጻውዒት'ዚ ተቐቢሎም ኢዶም እንተ ሃቡ፡ ኣብ በረካዐ ዝነበሩ ተቓወምቲ ቃልሶም ኣሐየሉ። ኣብ መስከረም 1901፡ ሓደ ጉጅለ ናይዞም ተቓወምቲ ኣብ ደሴት ሳማር ዝነበረ መዓስከር ኣመሪካ ብምውራር፡ ካብቶም ዝነበሩ 74 ወተሃደራት ኣመሪካ፡ 54 ቀተሉ፡ 20 እሞ ከኣ መብዛሕትኦም ብከዐቢድ ኣቑሲሉ ገደፎም። ኣመሪካ በዚ ፍጻመ ተሰናቢዳ ተሪር ስጉምቲ ክውሰድ ትእዛዝ ሃበት።

ኮለኔል ጃኮብ ስሚዝ ዝመርሖ ሰራዊት ኣመሪካ ሕነ ክፈዲ ናብ ደሴት ሳማር ተላእከ። እቲ ኮለኔል ንወተሃደራቱ ዝኸዐኑ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ዝዕድመኡ ወዲ ዓዲ እንተ ረኸዒቦም ብህይወት ከይገድፉዎ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ነታ ደሴት ናብ "ጸምጸም ኣውያት" ክቕይራ ምካዒኑ ከኣ ፈከረ። "ምሩክዐ ዝብሃል ኣየድልየንን ኢዩ፣ ቅተሉን ኣንድዱን። ዝያዳ እንተ ቀተልኩምን ዝያዳ እንተ ኣንደድኩምን ኣመና ከተሐጉሱኒ ኢኩም፣" ኢሉ ንወተሃደራቱ ኣተባብዖም። ከም ድልየቱ'ውን ገበርሉ። ኣማኢት ሰባት ቀቲሎም፣ ሬሳ ኣቃጺሎም፣ ጥሪት ቀቲሎም፣ ኣባይቲ'ውን ኣዕነዉ።

ሓደ ቃፍላይ ሰራዊት ኣመሪካ ብጫካ ሳማር ኣቢሉ ኣብ ዘካይዶ ዝነበረ ነዊሕ ጉዕዞ፣ 11 ወተሃደራት ብድካዐምን ጥሜትን ሞቱ። ካፕቴን ናይቲ ቃፍላይ፣ ነቶም ምስኦም ዝነበሩ መግቢ ዝሰከሙ ፊሊፕናውያን ብፍላጥ መግቢ ኣይሃቡዎምን ብምባል 11 ካብኦም ክቕተሉ ኣዘዞም። ወረ ናይዚ ፍጻሜ'ዚ ኣብ ህዝቢን ሰራዊትን ኣመሪካ ነውጺ ፈጠረ። እቲ ነዚ ዝገበረ ካፒተን ኣብ ወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ እኳ እንተ ቀረበ፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ናጻ ተሰደ። ጸኒሑ ካልእ ንባርባራውነት ሰራዊት ኣመሪካ ዘቃልዕ ብዙሕ ጉድ በብግዜኡ ተቓልዐ። ሓደ ካብዚ "ፍወሳ ማይ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣመሪካውያን ንእሱራት ፊሊፕናውያን ዘሳቕዩሉ ኣገባብ ኢዩ ነይሩ። ናይ ባምቦ ሻምብቆ ኣብ ጎሮሮ እሱራት ብሓይሊ ብምውታፍ ማይ ይመልኡዎም'ሞ፣ ከብዶም ብማይ ምስ ዘቕበበ ኣብ ከብዶም እናዘለሉ ነቲ ማይ ረጊጾም የውጽኡዎ። እዚ ኣገባብ'ዚ እቶም እሱራት ብስቓይ ክሳብ ዝሞቱ ወይ ዝላፋለፉ ይካየድ። ህዝቢን ማዕከናት ዜና ኣመሪካን ነዚ ብሰፊሕ ኰነኑዎ። ኣመሪካዊ ጸሓፊ ማርክ ትወይን "ኣብ ባንዴራ ኣመሪካ ዘሎ ጻዕዳ ሸራጥ፣ ብጸሊም ዝትከኣሉ፣ እተን ከዋክዐብቲ ድማ ብሽክናን ኣዕጽምቲን ዝውከላሉ ግዜ ኣኸዒሉ፣" ብምባል ተቓውምኡ ኣስምዐ። ናይ ሃርቫርድ ፕሮፌሰር ዊልያም -ይምስ "ኣመሪካውያን ሕጂ ድማ ካልእ ህዝቢን ባህሊን ይቐትሉ ኣለዉ፣" ብምባል ንኣመሪካ "ብኣብ ፊሊፕንስ ትገብሮ ዘላ ኣምላክዐ ይፍደያ፣" ኢሉ ኰነኔኡ ገለጸ። እዚን ክንዲ'ዚን ዘለፋታት ንኣዋርሕ ቀጸለ።

እዚ መዕለቢ ከይረከዐበ ፕረዚደንት ማኪንሊ ተቐቲሉ ብትዮዶር ሩዝቨልት ተተክአ። ኣብ ፊሊፕንስ ዝተፈጸሙ ገበናት ኣብ ባይቶ እኳ እንተ ተዘርበሎም፣ ቀልዓለማዊ ደኣ'ምበር ብቕንዕና ዝተበገሰ ኣይነበረን። ብ4 ሓምለ 1902 ፕረዚደንት ሩዝቨልት ደጊም ኣብ ፊሊፕንስ ሰላም ሰፊኑ ኢሉ ኣወጀ። ቀንዲ መራሕቲ ተቓውሞ ፊሊፕንስ ወይ ተቐቲሎም ወይ ኣብ ቀይዲ ኣትዮም ስለ ዝነበሩ

እቲ ተቓውሞ ዳርጋ ሃዲኡ ነይሩ። ኣብቲ ኲናት ኣብ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን፡ ኣመሪካ 4,374 ወተሃደራት ከሰረት። ካብ ፊሊፕናውያን 16,000 ተቓለስቲን 20,000 ንጹሃት ዜጋታትን ተቐዚፉ። ፊሊፕናውያን እቲ ኣሰቃቒ ግፍዒ ክሳብ ሕጂ ክርስዑዎ ኣይከኣሉን። ኣመሪካውያን ግን እቲ ኲናት ከም ዝተካዐየደ'ውን ብቕጽበት ኢዮም ረሲያሞ።

ኣመሪካ ምትእትታው ካብ ዝገበረትለን ሃገራት ፊሊፕንስ እታ ዝዓበየት፡ ዝረሓቐትን ዝተጠናነገትን ኢያ። ኣብ ትሕቲ ኣመሪካ ክትኣቱ ከላ ኣስታት ሸውዓተ ሚልዮን ህዝቢ ነይሮማ። ኣመርካ ንፊሊፕንስ ብመገዲ ልኡካዐን ሕጋዊ ኣማካዐሪን ገይራ ተመሓድራ ነይራ። ኣብ ታሕተዋይ ጽፍሒ ምምሕዳር ፊሊፕንስ ከኣ ብህዝቢ ዝመረጹ ባይቶ ነይሮም። ኣብ 1907 ኣብ ዝተካዐየደ ምርጫ፡ ሰለስተ ሚእታዊት ካብ ብዝሒ ህዝቢ ጥራይ ድምጹ ሂቡ። ኣብቲ ምርጫ ዝተዓወተ ሰልፊ ን“ምሉእ፡ ፍጹምን ቅጽበታዊን” ናጽነት ዝጠልብ “ሃገራዊ ሰልፊ” ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዝሰምዕ እዝኒ ግን ኣብ ዋሽንግተን ኣይነበረን።

ብ1946 ኣመሪካ ስልጣን ንፊሊፕናውያን ከም ዘረከበት ብወግዒ ኣፍለጠት። -ነራል ኣይዘንሃወር'ውን ወተሃደራት ኣመሪካ ካብ ፊሊፕንስ ክስሕቡ ሓሳብ ኣቕረበ። ተቓወምቱ ግን ንሓሳቡ ኣይደገፉዎን። ምስ ሓድሽ መንግስቲ ፊሊፕንስ ብዝተገብረ ስምምዕ ኣመሪካ ን99 ዓመት ዝጸንሕ ውዕል ክራይ ወተሃደራዊ መዓስከት ኣተወት። ዋላ'ኳ ፊሊፕናውያን ካብዘን መዓስከራት ኣብ ዓመት 420 ሚልዮን ዶላር እንተ ረከዐቡን ዝምድና ምስ ኣመሪካ እንተ ተመሓየሸን፡ እዘን መዓስከራት ምልክት ዝሓለፈን ዝነበረን ጽልኢ ኣብ ኣመሪካ ኰና።

ኣብ 1965፡ ኲናት ቬትናም ኣብ ዝጎሃሃረሉ ዝነበረ እዋን፡ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት እዘን መዓስከራት ዓበየ። ኣብ 1971፡ ሓድሽ ዝተመርጸ ፕረዚደንት ፊሊፕንስ ፈርዲናንድ ማርኮስ ኣንጻር ኢፍትሓዊ ኣካይዳኡ ዝለዓዓል ዝነበረ ተቓውሞታት ክገትእ ናይ “ማርሻል ሕጊ” ኣተኣታተወ። ሃገራዊ ባይቶ ስራሑ ደው ኣቢሉ፡ ቅዋም ፈሪሱ፡ ተሓሲቡ ዝነበረ ምርጫ ተሪፉ፡ 30,000 ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣተዉ። ኣብ ዝቐጸላ 14 ዓመታት ፊሊፕንስ ብዝለዓለ ደረጃ ብልሽውናን ጭቆናን ተሓመሰት።

እዚ ኩሉ ክግበር ሓደ ድሕሪ ሓደ ዝመጹ መራሕቲ ኣመሪካ ዓገብ ኣይበሉን። ብኣንጻሩ፡ ቀንዲ መሻርክዐቲ ማርኮስ ብምካዒን ናይ ቢልዮናት ዶላራት ወተሃደራዊ ሓገዝ ሃቡዎ። ሓደ

ኣመሪካውያን ዝገበሩዎ እንተ ነይሩ ኣብ ማእሰርቲ ዝነበረ ቀንዲ ተቓዋሚ በኒግኖ ኣኲኖ ናጻ ምልቃቕ ኢዩ። ብ20 ነሓሰ 1983 ኣኲኖ ኣብ ኣመሪካ ተሓኪሙ ናብ ማኒላ ኣብ ዝተመለሰሉ፥ ኣብ ማዕርፎ-ነፈርቲ ብጥይት ተቐትለ።

ቅትለት ኣኲኖ ኣብ ፊሊፒንስ ከቢድ ተቓውሞ ኣለዓዓለ። "ህዝባዊ ሓይሊ" ዝተሰምየ ህዝባዊ ተቓውሞ ኣብ ታሪክዐ ኤስያ ፍሉይ ዝከዐሙነ ሰለማዊ ተቓውሞ ተካዐየደ። ማርኮስ ነቲ ዝተላዕለ ጓህሪ ከህድእ ን7 ለካቲት 1986 ምርጫ ክካየድ ወሰነ። ሰበይቱ ንኣኲኖ ኣንጻር ማርኮስ ተወዳደረት። ማርኮስ "ተዓዊቱ" ተባህለ። ነዚ ዝኣመነ ግን ኣይነበረን። ከም ብሓድሽ ተቓውሞ ተለዓዓለ። ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ከይተረፉ ነቲ ተቓውሞ ተጸንበሩዎ። ኣመሪካ ኣብ ፊሊፒንስ ወተሃደራዊ መዓስከር ምውሓስ እምበር ካልእ ተልእኮዐ ኣይነበራን። በቲ ዝሰዓበ ኩነታት "ብጻዮም" ይሰዓር ምንባሩ ግን ኣይሰሓቱን። ማርኮስ'ውን ንባዕሉ ከምኡ። ኩነታት ምስ ጸንከሮ ምስ ሰበይቱ ናብ ደሴታት ሃዋይ ሃደሙ።

ሰይቲ ኣኲኖ፥ ኮራዞን ኣኲኖ ድሕሪ ማርኮስ ስልጣን ተረከበት። ብሓፈሻ፥ ዝሓሸ ሰብኣዊ መሰላትን ህዝባዊ ናጽነትን ተራእየ። ንሃገራ ግን ካብቲ ተሸሚማቶ ዝነበረት ማሕበራዊን ቍጠባዊን ጸገማት ከተናግፋ ኣይክኣለትን። ሓዳስ ፕረዚደንት ፊሊፒንስን ኣመሪካን ብዝገበሩዎ ዝርርብ ከኣ ኣብ ፊሊፒንስ ዝነበራ መዓስከራት ኣመሪካ ተዓጽዋ። ወተሃደራትን ሰራሕተዐታትን ኣመሪካ ኣብ መወዳእታ 1992 ካብ ፊሊፒንስ ጠቕሊሎም ወጹ።

ታሪክዐ መግዛእቲ ዋሽንግተን ኣብ ፊሊፒንስ ታሪክዐ ፍሽለት ኰይኑ'ዩ ተደምዲሙ። ሰላምን ቅሳነትን ከስፍን ዝክዐእል ማሕበራዊ ግስጋሰ ኣይተኣታተወን። ብኣንጻሩ፥ ንረብሓኣ ክትብል ኣመሪካ ንውልቀ-መላክዐቲ መራሕቲ እናደገፈት ናብ ድሕረትን ቁጠባዊ ሕምስምስን መሪሖማ። ሽሕ'ኳ ፊሊፒንስ ካብ 1930 ናጽነታ እንተ ተዋህባ፥ ድክዐነትን ዘይምርግጋእን ግን ፍጹም ኣይተፈልያን።

# 5. ኒካራጓ

ብሓንቲ ናይ ፖስታ ቴምብር ተደፋፊኣ ኣመሪካ፣ ኒካራጓ ዘፍረየቶ ዝበለጸ መራሒ ዓልያ። ናብዚ ዘብጸሐ ዝተሓሓዘ ሰንሰለት ከኣ ነይሩ። ከም ወዝቢ ክትርአ ከላ እታ ቴምብር ኣገዳስነት ዘሎዋ ኣይትመስልን ነበረት። ኣብ ጫፍ እታ ቴምብር፣ “ኒካራጓ”፣ “ኮሬስ”ን “10 ሰንታቮስ” ዝብል ጽሑፍ ክነብራ ከሎ፣ ኣብ ታሕቲ ከኣ “ባንክ ኖት ኣመሪካ - ኒውዮርክ” ዝብል ጽሑፍ ይንበብ። ኒካራጓ ኣብ 1990 ነዛ ቴምብር ከተውጽእ ከላ ኣብ ዓቢ ሰውራዊ ግስጋሰ ትርከብ ነይራ።

ኣብ መጨረሽታ ዓመታት 19 ዘመን ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ለውጥታት ንማእከላይ ኣመሪካ ክጸልዉዋ -መሩ። ቅኑዕ ራኢ ዝነበሮም መራሕቲ፣ ንሃገራቶም ካብቲ ተሸሚመናሉ ዝነበራ መስፍናዊ ኣተሓሳስባን ድሑር ልምድታትን ከውጽኡወን ፈተኑ። ሓደ ካብዚኣቶም ሆሴ ሳንቶስ ዘላያ ዝተባህለ መራሒ ኒካራጓ ኰይኑ፣ ብልዑል ሃገራዊ ወኑ ዝሰግኡ መራሕቲ ኣመሪካ ንክዐዓልዉዎ ተደፋፍኡ።

ገና ብንእሽቶኡ ከሎ ብርሩህ ተስፋ ዝተነብረሉ ዘላያ ኣቦኡ ናብ ኤውሮጳ ሰዲዱ ኢዩ ኣምሂሩዎ። ካብ ኤውሮጳ ምስ በልጁማዊት በዓልቲ-ቤቱ ምስ ተመልሰ ከኣ ምስቶም ገስገስቲን ሱር-ብተካዐዊ ለውጢ ዝጠልቡን “ሓርነታዊ ሰልፊ” ተጸንበረ። ኣብ 1893 ዘላያን ብጾቱን ተወዳዲቦም ነቲ ስልጣን ሒዙ ዝነበረ ዓቃባዊ መንግስቲ ብዘይ ብዙሕ ጸገም ዓለዉዎ። ድሕሪ ቁሩብ ኣዋርሕ ዘላያ መራሒ እታ ሃገር ኰነ። ፕረዚደንታዊ ቃለ-ማሕላ ድሕሪ ምፍጻሙ፣ ካብቲ ሃገሩ ተታከዒሳቶም ዝነረት ፖለቲካዊ ኣካይዳ ኣውጺኡ፣ ሓድሽ ሰውራዊ ኣመራርሓ ከተኣታቱ ምካዒኑ ኣፍለጠ። ጽርግያታት፣ መገዲ-ባቡራት፣ ወደባት፣ ኣብያተ-ጽሕፈታትን ኣስታት 140 ኣብያተ-ትምህርቲን ሃነጸ። ጐደናታት ማናጓ ብኣታክዐልቲን መብራህትታትን ኣማዕሪጉ፣ ናይ መ-መርያ መካይን ናብታ ሃገር ኣእትዩ፣ መርዓን ፍትሕን ከኣ ሕጋውነት ኣልበሶ። ኢንዳስትሪ እውን ኣተባብዮ። ኣብ መዳይ ወጻኢ ዝምድናታት ሓሙሽተ ንኣሽቱ ሃገራት ማእከላይ ኣመሪካ ኣላፊኑ፣ ውሽጠ-ውቅያኖሳዊ መትረብ ንምስራሕ ኣብ ስምምዕ በጽሐ። ካብ ዩልይስስ -ሚሮም፣ ኩሎም መራሕቲ ኣመሪካ፣ ነዛ መትረብ ንምስራሕ ሓሳብ ነይሩዎም። ኣብ 1876 ኣመሪካ መጽናዕቲ ድሕሪ ምክያዶም ከኣ ብኒካራጓ ዘላ መትረብ እታ ዝቐለለት

ምኽንያት ኣብ መደምደምታ በጽሑ። ኣብ 1889 ብባይቶ ኣመሪካ ዝተደገፈት ሓንቲ ናይ ብሕቲ ኩባንያ ምስ ኒካራጓ ኣብ ዘዳውብ ገማግም ኩዕታ -መረት። ዘላያ ናይ መሪሕነት ቅድሚ ምምጻኡ ግን ቁጠባዊ ቅልውላው ኣጋጢሙዋ ስራሓ ኣቋረጸት።

ሓደ ጉጅለ ንውድቀት ናይዛ ኩባንያ ብሓጐስ ጸንበሎ። እዞም ኣብ ፓሪስ ዝመደበሮም ኣባላት'ዛ ጉጅለ ኣብ ፓናማ ገፌሕ መሬት ዝውንኑ ኰይኖም ቅድሚ ሕጂ ንመሬቶም ፈረንሳውያን ኢንጂነራት መትረብ ክኸዕቱሉ ፈቲኖም ምኽንያን ዝኣበዮም ኢዮም። እታ ንመሬቶም ክትገዝኣሎም እትክእል ኣመሪካ ከኣ ብወገን ኒካራጓ መሪጻ ከም ዘላ ፈለጡ። መራሕቲ ኣመሪካ፣ መገዲ ኒካራጓ ገዲፎም፣ ብፓናማ ክመርጹ ተደጋጋሚ ጎስጓስ ከም ዘድሊ ፈለጡ። ነዚ ንምዕዋት ሓይል ኣብ ኒውዮርክ ዝመደበሩ ጠበቓ ቆጸሩ።

ኣብ 19 ዘመን ኣመሪካውያን ኮርፖረሽናት እናዓበያ ኣብ ዝኸዐዱ ዝነበሩ እዋን ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ጸገማት ክገጥመን -መረ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ሽግር ምኽዐሪ ክደልያ ከሎዋ ናብቲ ፍሉጥ ጠበቓን ንሰበ-ስልጣን ዋሸንግተን ናይ ምእማን ዓቕሚ ዝነበሮን ዊልያም ኔልሰን  ክሮምዌል ይኸዕዳ ነበራ። ኣብ 1898 እዞም ኣብ ፓሪስ ዝመደበሮም ጉጅለ፣ ኣመሪካ ካብ ኒካራጓ ናብ ፓናማ ክትቅይር፣ ንሰበ-ስልጣን ከእምነሎም ቆጸሩዎ። ኣብ 1901 ፕረዚደንት ማኪንሊ ድሕሪ ምቕታሉ ብቴየዶር ሩዝቨልት ተተክአ። ሩዝቨልት ኣበይ ብዘየገድስ እታ መትረብ ቀልጢፉ ክትስራሕ ጥራይ'ዩ ሕልሙ ነይሩ። ዓመተ 1902 ኣብ ዝኣተወትሉ ህሞት ከኣ ባይቶ ሃገሩ 140 ሚልዮን ዶላር ንመስርሒ መትረብ ኒካራጓ ከጽድቕሉ ሓተተ። ጠበቓ ክሮምዌል ብዙሕ ከም ዘይጸዓረ፣ ኣባላት ባይቶ ብዝለዓለ ድምጺ መትረብ ኒካራጓ ክትስራሕ ኣጽደቑ። ስራሕ ክሮምዌል ከኣ ዘብቀዐ መሰለ። ናይ ነገር ኣጋጣሚ ኰይኑ ግን እታ ብኣመሪካዊት ኩባንያ ዝተሰርሐት ቴምብር ፖስታ ኣብ ኣቓልቦ ገለ ወገናት መጸት። እታ ቴምብር ዘይምቹእ ቅርጺ መሬት ኒካራጓ ኢያ እተርኢ። ገለ ካብኡ ከኣ እቲ ብእሳተ ጎመራ ዝተፈንጎረን ቀጻሊ ዝተክክዐን ጎቦታት ሞሞቶምቦ ይርከቦ።

ሓደ መዓልቲ፣ ኣባል ጉጅለ ፓሪስ ዝኸዑነ ሰብ፣ ደብደበ ካብ ኒካራጓ ምስ ተሰደደትሉ ነታ ቴምብር ኣስተውዓለላ። ንምሉእ ጉዕዞ ታሪኸዐ ዝቕይር ሓሳብ ከኣ ኣመንጨወትሉ።

ዓመተ 1902 ኣጋጣሚ ኰይኑ ኣብ ካሪብያን ብርቱዕ እሳተ-ጎመራ ዝተራእየላ ግዜ ኰነት። ኣብ ደሴታት ማርቲኒክን ቪንሸትን

ከኣ እናተከዐታተለ ነተን። ጋዜጣታት ኣመሪካ ኣሰቃቒ ግፍዒ ናይቲ እሳተ-ጎመራ ዘስዓቦ ሓደጋታት ኣምሪረን ጸሓፋ። ክሮምዌል ነዛ ዝተፈጥረትሉ ዕድል ክምዝምዛ ግዜ ኣይወሰደን። ብቴምብር ኒካራጓን ካልእ ዝተጋነነ ጽሑፋት ኣቕሪቡ ብመገዲ ኒካራጓ መትረብ ምስራሕ ምስ ጽላለ ከም ዝዓረግ መጎተ። እቲ ሓቂ ውሑዳት ሰበ-ስልጣን ዋሽንግተን ጥራይ ይፈልጡዎ ነይሮም። ብሰነ 1902 ድማ ባይቶ ኣመሪካ ብሸሞንተ ጸብለልታ ድምጺ ዝተመደበ መትረብ ብፓናማ ክስራሕ ኣጽደቑ። በቲ ዝገበሮ ጎስጓስ ክሮምዌል ካብ ጉጅለ ፓሪስ 800,000 ዶላር ተቐበለ። ብዘይካ ውሕስነት እሳተ-ጎመራ፣ ንባይቶ ኣመሪካ ናብ ፓናማ ዘቐየሮም ካልእ ፖለቲካዊ ጽልኢ ነይሩዎም።

ኣቐዲሞም መትረብ ብመገዲ ኒካራጓ ክሰርሑ ወዲኦምሉ ኣብ ዝነበሩ ግዜ፣ መራሕቲ ኣመሪካ ምስ ፕረዚደንት ዘላያ ጽቡቕ ምሕዝነት መስሪቶም ነይሮም። ብ1898 ኣብ ኒካራጓ ዝነበረ ልኡኽዐ ሚኒስተር ኣመሪካ፡ “ፕረዚደንት ዘላያ ንደቂ ሃገሩ ብጽቡቕ የመሓድሮም ኣሎ። ኣብ ውሽጣዊ ፖለቲካ እታ ሃገር ኢዶም ከየእተዉ ውራይ ንግዶም ጥራይ ዝገብሩ ኣውፈርቲ እውን ምሉእ ውሕስነት ተፈጢሩሎም ኣሎ፡” ክብል ጽሒፉ ነይሩ። ኣብ 1900 ጸሓፊ ጉዳያት ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ሀይ ብወገኑ፣ ንፕረዚደንት ዘላያ፡ ብ“ፍሉይ ክእለቱን ለውሃቱን” መጕሱዎ ነይሩ። ካልእ ኣመሪካዊ ቆንስል እውን ዘላያ፡ “ብብቑዕ ምሕደራኡ ምሉእ ደገፍ ህዝቢ ዘሎዎ፣ ብልሂ መራሒ ማእከላይ ኣመሪካ፡” ክብል ገሊጹዎ።

ባይቶ ኣመሪካ መትረቦም ናብ ፓናማ ኣብ ዝለወጥሉ፣ ምምሕዳሮም እውን ማዕረኡ ለወጡ። ዘላያ ንማእከላይ ኣመሪካ ክመርሓ ዝክዐእል ይብሃል ከም ዘይነበረ፣ እቲ ጎስጓስ፣ ኣብ ዘይምርግጋእ ክሸማ ከም ዝክዐእል ተለወጠ። ንኩባንያታት ኣመሪካ ክቋጻጸር ኣብ ዝፈተነሉ ግዜ ከኣ ስጉምቲ ምስ ኣብያ ተቐጽረ። “ብዓይኒ ማእከላይ መሪሕነት ኣመሪካ፡ ኒካራጓ ንመጻኢ ክትዕምብብ ሓገዝ ዝግበረላ ሃገር ኣይነበረትን። ኣብ ክንድኡ ግን ብቐረባ ክትትል ዘድልያ ወይ ከኣ ኣብ መስመር ክትኣቱ ዘሎዋ ሃገር ኢያ ነይራ፡” ኢሉ ኣመሪካዊ ተመራማሪ ታሪክዐ ጆን ኢሊስ ፊንድሊንግ።

መትረብ ብፓናማ ቅድሚ ምስራሑ ሓደ ጉዳይ ክፍታሕ ነይሩዎ። ርፓብሊክ ፓናማ እትብሃል ሃገር ኣይነበረትን። ፓናማ ሓንቲ ምምሕዳር ኮሎምቢያ ኰይና፣ መራሕቲ ኮሎምቢያ ከኣ ነቲ ዝተዋህቦም ዕድል መትረብ ክቕበሉዎ ድሉዋት ነይሮም።

ኣቐዲሞም ግን ኣመሪካ ቁሩብ ገንዘብ እንተ ወሲኻዕቶም ንፓናማ ክህቡዋ ድሉዋት ምኻዒኖም ሓበሩ።

ፕረዚደንት ሩዝቨልት ክልተ ምርጫ ነይረንኦ። እታ ቀዳመይቲ ኒካራጓ ምውሳድ ኢያ። እታ ካልኣይቲ ድማ ብዝኸዕሙኒ መገዲ ጣልቃ ኣቲኻዐ መትረብ ፓናማ ምውሓስ። ነዚ ንምግባር ምስቲ ብብልሽውና ዝፍለጥ ዝነበረ ምምሕዳር ኮሎምቢያ ምርድዳእ ኣይከድልዮን ኢዩ። ነታ ካልኣይቲ ምርጫ ከኣ ወሰደ።

ቅድሚኡ ግዜ ኣመሪካ ውሑድ ተመክሮ ሰውራዊ ምልዕዓል ኢዩ ነይሩዋ። ሓንቲ ብልጽቲ ኣርኣያ ኣብነት ግን ኣይሰኣነትን። ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ኣቢሉ ኣመሪካዊ ዲፕሎማሰዐ ጆን ስቴቨንስ ብብዙሕ ተቐባልነት ዘይብሎም ውሑዳት ሰባት ገይሩ ንግስነት ሃዋይ ዓልዩ ነይሩ። ሩዝቨልት ኣገባብ ኣተዓላልዋ ሃዋይ ኣብ ፓናማ ክጥቀመላ ወሰነ። ኣብ ኮሎምቢያ ዝመደበሮም “ሰውራውያን” ዝተሰምዩ ውልቀ-ሰባት፣ ናጽነት ፓናማ ክእውጁ እሞ ኣመሪካ ከኣ ቀልጢፉ ልኡላውነቶም ከተክዕብረሎም'ዩ እቲ መደብ። እዚ እንተ ተገይሩ ኣመርካ ቀልጢፉ ብምእታው ምስ ፓናማ ኰይና ንኮሎምቢያ ክትከላከዐለላ ኢያ።

ብ3 ሕዳር 1903፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝተኣካዕከዐቡ “ተቓለስቲ” ኣብ ከተማ ፓናማ ኰይኖም ናጽነት ኣወጁ። ተቐላጢፉ ኣመሪካ መራክዕብ ኵናትን ወተሃደራት ናብታ ግዝኣት ኣጸጊዓ ካብ መጥቃዕቲ ኮሎምቢያ ተከዐላከዐለትላ። ኣብታ ዝቐጸለት መዓልቲ ኣመሪካ ነቶም “ተቓለስቲ” መራሕቲ ሓዳስ ርፓብሊክ ፓናማ ምኻዒኖም ኣፍልጦ ሃበቶም። ነቲ ኣጋጣሚ ሓደ ተመራማሪ ታሪክዐ፣ “ዓለም ርእያቶ ዘይትፈልጥ፣ ሕንከት ኣልቦ ኣፈ-ሙዛዊ ዲፕሎማሲ” ኢሉ ገሊጹዎ።

ፕረዚደንት ዘላያ ነዚ ፍጻመታት ብዓቕሊ ኢዩ ዝጽበዮ ነይሩ። መትረብ ብምስኣኑ ጣዕሳ ኣየርኣየን፣ ኣመሪካ ዘካየደቶ ዕልዋ እውን ምዕይ ኣየበሎን። ድሕሪ ውሑዳት ሳምንታት ንርፓብሊክ ፓናማ ኣፍልጦ ሃባ።

ስለምንታይ ግን ፕረዚደንት ዘላያ ምሉእ ርግኣት ነይሩዎ? ዓመተ 1902-1903 ብሓፈሻ ኣብ ማእከላይ ኣመሪካ ሰላማውያን ዓመታት ነይረን፣ ነቲ ዕድል ተጠቒሙ ከኣ ዘላያ ዞባኡ ኣብ ምምሕያሽ ይሰርሕ ነይሩ። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ንብዙሓት ኣመሪካውያንን ኒካራጓውያንን ኣውፈርቲ ጥጡሕ ባይታ ይፈጥር ነይሩ። ምናልባት'ውን ኣመሪካ መዲባቶ ዝነበረት መትረብ ምስቲ ሒዙዎ ዝነበረ ቁጠባዊ መርገጺ ዝከዐይድ ኣይነበረን። ሕልሙ ነታ

ኣብ 1821-1838 ዝነበረት ማእከላይ ኣመሪካ ዳግም ምፍጣር ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዕላማ ክብል ዝጸወየ ዋዕላ ግን ብዘይ ፍረ ተዛዚሙ። ዕላማኡ ንምውቃዕ ፕረዚደንት ዘላያ ኣይቀሰነን። መ-መርያ ፖለቲካዊ ጸቕጢ ክጥቀም ፈተነ። ጸኒሑ'ውን ናብ ሆንድራስን ኤል-ሳልቫዶርን ወተሃደራዊ ሓይሊ ለኣካዐ። ኣመሪካውያን ክሳብ ሽዑ ገና ተታኸዒሶም ኢዮም ዘማዕድዉዎ ዝነበሩ። በዚ ተደፋፊኦም ክዓልዉዎ ኣይተበገሱን። ልዕሊ ኩሉ ንኣመሪካውያን ዘነደሮም ግን ፕረዚደንት ዘላያ ምስ ኣብ ሃገሩ ዝነጥፉ ዝነበራ ኩባንያታት ኣመሪካ ብቐጻሊ ይፋሓፋሕ ነይሩ።

ምሉእ ሕብረት ኒካራጓ ሓደ ካብቲ ፕረዚደንት ዘላያ ዝዓመሞ ዓቢ ስራሕ ኢዩ። ብሳላ ጻዕሩ እንግሊዛውያን ናብ ኒካራጓ ዘቕንዕዎ ዝነበረ ኣዒንቶም ክገትኡዎ ተራእዩ። እንግሊዛውያን ጠቕሊሎም ካብ ኒካራጓ ምስ ወጹ ከኣ ኩባንያታት ኣመሪካ ተክእኦም። ልዕሊ ደርዘን ዝበጽሓ ዓበይቲ ኩባንያታት ናይ ዕ ደናን ካልእ ስምምዓትን ከተማ። ድሒረን መብዛሕትአን ካብዘን ኩባንያታት ኣንጻር ዘላያ ዓጢቐን ናብ መንግስተን ዝጠርዓ ኢየን። ሓደ ካብኣተን ጆርጅ ኤመሪ ዝተባህለ ነጋዳይ ኢዩ። ኣብ 1894 ማሆጋኒ፣ ጽሕዲን ካልኦት ብሉጻት ኣእዋምን ቆሪጹ ክሸይጥ ፍቓድ ተዋሂቡዎ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ናብ ኣመሪካ ብዘቕነየ ዝነበረ ሰደደ ብዙሕ መክዐሰብ ረከዐበ። ኣብ መንጎ ኤመሪን መንግስቲ ኒካራጓን ተበጺሑ ዝነበረ ስምምዕ፣ ናብቲ ኣግራብ ዝቖርጸሉ በረካዐ መገዲ ባቡር ምስራሕን ንነፍሲ-ወከፍ ዝቖርጸ ገረብ ብክዐልተ ፈልሲ ክትክእን ኢዩ። ካብ ክልተኡ ስምምዓት ግን ንሓደኡ እኳ ኣይፈጸመን። መንግስቲ ኒካራጓ ውዕላቱ ክፍጽም ደጋጊሞም ምስ ሓበሩዎ፣ ናብ መንግስቲ ኣመሪካ ጠሪዑ፣ ሃገሩ ካብ “ጭንቀትን ኣሰቃቒ ግፍዒ”ን ኒካራጓ ከተገላግሎ ሓተተ። ፕረዚደንት ሩዝቨልት ግን ንከዐም ናይ በዓል ኤመሪ ዝኣመሰለ ጥርዓናት ውሑድ ኣቓልቦ ኢዩ ሂቡዎ።

ሩዝቨልት መስራቲ ሃጸያዊ ስርዓት ኣመሪካ ምካዒኑ ኢዩ ዝንገር። ኣብ ኩባ ዝገበሮ ምዝመዛን፣ ሃገሩ ኣድላዪ እንተኸዐሙይኑ፣ ካልኦት ሃገራት ርእሰን ኣብ ዘቕንዓሉ በትሪ ኩተልዕል ከም እትክዐእል እውን ኣብ ጉዳይ ፓናማ ኣርእዩ ነይሩ። ምናልባት ዝክኣል መሲሉ እንተ ተራእዩዎ፣ ምስ ካልኦት ሃገራት ዘሎዎ ሽግር እውን ብዲፕሎማሲያዊ መገዲ ክፈትሕ ቅሩብነት ነይሩዎ። ሓደ ካብቲ ኣብ ዘመነ ስልጣኑ ዝፈጸሞን ብቐጻሊ ብከዑርዓት ዝጥቀስን ከኣ ሃገሩ ምስ ዝከዐሙነ ካልእ ሃገር ከይተዋግኣትን ደም ከየፍሰሰ ምውራዱን ኢዩ። ምስቶም ንማእከላይ ኣመሪካ ንነዊሕ ዓመታት

ዝተቐጻጸሩዎ መራሕቲ ግን ኣይተደናገጸን። ኣብቲ ብልሂ፡ ዘይከማህ ሰውራዊ መራሒ ሆሴ ሳንቶስ ዘላያ፡ ምናልባት ሩዝቨልቱ ምስሉ ርእዩ ይኸውን ኢዩ። ኣብ 1908 እውን ንዘላያ "ዝበለጸ ዓርከይ" ኢሉ ሰምዩዎ ነይሩ።

እንተኸውነ ሩዝቨልት ንዕልዋ ዘላያ ብተዘዋዋሪ ተሓታቲ ኢዩ። ንምዕላው ዘላያ ዝመጸ ሓሳባት ዘቕረበ ሩዝቨልት ኢዩ። ካብ 1823 ኣትሒዙ ፖሊሲ ኣመሪካ ኣብ ምዕራባዊ ንፍቀ-ክቢ ብ"ሞንሮ ሰረተ-እምነት" ዝተሰምየ ኣገባብ ኢዩ ዝኸይድ ነይሩ። ንሱ ከኣ ዝኾውነት ኤውሮጳዊት ሃገር ኣብ ክሊ ኣመሪካ ቀሪባ ግዝኣታ ከተስፋሕፍሕ ዝክዕልክል ኢዩ። መትረብ ፓናማ ክስራሕ ምስ -መረ ግን ሩዝቨልት ንፖሊሲ ኣመሪካ ብሓደ እመት ደፍኣ። ን"ሰረተ-እምነት ሞንሮ"፡ "ሩዝቨልት ኮሮላርይ" ዝብል ካልእ ኣዋጅ ወሲኸሉ፡ ኣመሪካ ኣድላዪ መሲሉ እንተ ተራእዩዋ ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ሃገራት ብቐጥታ ምትእትታው ክትገብር ከም እትኽእል ኣፍለጠ።

ሩዝቨልት ብ1909 ካብ መሪሕነት ምስ ወረደ በቲ ምስ ንግዳውያን ትካላት ጥቡቕ ምሕዝነት ዝነበሮ ዊልያም ሃዋርድ ታፍት ተተክአ። ሃዋርድ ታፍት ከኣ ንስሙይ ጠበቓ ፊላንደር ኖክስ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ክኸውን ሓጸዮ። ኖክስ ምስ ዓበይቲ ትካላት ኣመሪካ ጥቡቕ ምትእስሳር ነይሩዎ። ጠበቓ እንከሎ ካብተን ብቐረባ ምስኡ ዝሰርሓ ዝነበራ ትካላት ኣብ ኒካራጓ ዝነበረት ላሉዛ ዝተባህለት ኩባንያ ማዕድን ሎስ-ኣን-ሎስ ኢያ። ኖክስ ብውልቁ እውን ምስ ዋናታት እዛ ኩባንያ ጥቡቕ ምትእስሳር ነይሩዎ። ፕረዚደንት ዘላያ ንውዕል እዛ ኩባንያ ክስርዝ ክቐርብ ከሎ፡ ኖክስ ምስ ዋናታት እታ ኩባንያ ኲይኑ ሓዚኑ ነይሩ። ኣቐዲሙ ኖክስ ክጣበቐሉ ቆጺሩዎ ዝነበረ ጆርጅ ኤመሪ (ወናኒ ኣእዋም እትቖርጽ ኩባንያ)፡ ካብ መንግስቲ ኒካራጓ ካሕሳ ሓቲቱ ነይሩ። ኖክስ ፈጺሙ ዘይተጸበዮን ምናልባት እውን ዘሕረቖን ከኣ መንግስቲ ኒካራጓ ብምሉኡ ነቲ ዝሓተቶ ካሕሳ ሃበቶ።

ንኖክስ ዝያዳ ዘቖጥዐ፡ ንመስርሒ ገማግም መገዲ ባቡሩ ኢሉ፡ ዘላያ 1.2 ሚሊዮን ስተርሊን ካብ ሃገራት ኤውሮጳ ክልቃሕ ውዕል ምስ ፈረመ ኢዩ። ዘላያ ሃገሩ ኣብ ምሕረት ኣመሪካ ጥራይ ከም ዘይትምርኰስ ከርኢ ዝገበሮ ምኽኒ ንኣመሪካውያን ተሰቆሮም። ብሪጣንያን ፈረንሳይን ነቲ ውዕል ከም ዝሰረዝኦ ብትሕትና ኣፍለጣ።

ንሓያሎ ዓመታት ኖክስን ካልኦት ሰበ-ስልጣን ዋሽንግተንን ዘላያ ብምስጢር ምስ ኤውሮጳውያንን ጃፓናውያንን ተረዳዲኡ መትረብ ክሰርሕ ይሓሳብ ከም ዘሎ ናይ ሓሶት ወረታት ኣናፈሱ። ዘላያ ግን ምስ ካልኦት ሃገራት ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት ክተክል ንረብሓ ሃገሩ ምኻዪኑ ኣይሰሓተን።

ኣብ ክራማት 1909 ኖክስ፣ ዘላያ ካብ ስልጣን ክወርድ ከም ዝግበኦ ብሰፊሑ እናጎስጐሰ ኣረዳድኣ ህዝቢ ክጸሉ ጸዓረ። መንግስቲ ኒካራጓ ጨቋኚን መላከዒን ምኻዪኑ ንምርኣይ ሓደ-ሓደ ኣመና ደቀቕቲ ኣብነታት ኣቕረበ። ዝተራብሐ ሓሶታት ንጋዜጣታት ኣመሪካ ምስ መገበን ከኣ ኩለን ኣንጻር ዘላያ ደው ኢለን ክምጉታ ተራእያ። ዘላያ ካብ ስልጣን እንተ ዘይተኣልዩ፣ “ንማእከላይ ኣመሪካ ኣስጋኢ” ምኻዪኑ ጸሓፉ። ፕረዚደንት ታፍት ሃገሩ፣ “ንከዐምዚ ዝበለ ናይ ማእከላይ ዘመን ዘላሚ ክትጸውር ዓቕሊ ከም ዘይብላ” ሓበረ። ብኡ ንብኡ ከኣ ኣመሪካ ንዘላያ ካብ ስልጣን ከተውርዶ ምኽንያት ኣፍለጠት። ምስ ኣብ ኒካራጓ ዝነበረ ኣመሪካዊ ቆንስል ዝወደቦ፣ ምስ ርኡይ ናይ ስልጣን ህርፋን ዝነበሮ ኣመሓዳሪ ሓንቲ ዞባ ሁዋን ሆሴ ኤስትራዳ ሓደ ምስጢር ተኣልመ። ብ10 ጥቅምቲ 1909፣ ኤስትራዳ ፕረዚደንት ኒካራጓ ምኻዪኑ ድሕሪ ምእዋጁ፣ ኣመሪካ ከም ፕረዚደንት እታ ሃገር ምኻዪኑ ኣፍልጦ ክትህቦ ሓተተ።

መብዛሕትኡ ወጻኢታቱ ኣብ ኒካራጓ ብዝነጥፋ ዝነበራ ኩባንያታት ኣመሪካ ዝተመወለ ዕልዋ ነዊሕ ከይጸንሐ ወደቐ። ኣመና ህዉክዐ ኤንትራዳ ኣብ በረካዐታት ሽፈቱ፣ ክዋግኡ ዝክዕእሉ መንእሰያት ጸውዐሞ፣ ንእለቱ ካብ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ሓያሎ ዕሱባትን ሓድሽ ህይወት ዝበሃጉ መንእሰያት ኣመሪካ ከይተረፉ ተጸንበሩዎ። ክልተ ካብኣቶም ደሓር ኣብ ታሪኽዐ ኒካራጓይ ዓቢ ተራ ዝተጸወቱ ሊ ሮይ ካኖንን ሊዮናርድ ግሮስን ኢዮም። ክልተኦም ብዙሕ ስርሒታት ክፍጽሙ ከሎዉ፣ ኣብ ታሕሳስ 1909 ብዘላያ ተታሒዞም ተረሸኑ። እዚ ፍጻመ ደጊሙ ንኣመሪካ ኣሰንበዳ። ኖክስ ድማ ኣመሪካ “ንከዐምኡ ዝበለ ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ዜጋታት ከም ዘይትጽመም” ሓበረ። ዘላያ ገበነዐ ኵናት ምኻዪኑ ኣመሪካ ሓበረት። ኤል-ሳልቫዶር፣ ጓቲማላን ኮስታሪካን ሰራዊተን ናብ ኒካራጓ ሰዲደን ኣብ ዕልዋ ዘላያ ከም ዘይተሓጋገዛ ንኣመሪካ ኣፍለጣ። ኣመሪካ ከኣ ነቲ ስርሒት በይና ክትፍጽሞ ወሰነት። ኖክስ ኣብ ዋሽንግተን ዝነበረ ልኡኽዐ ኒካራጓ፣ ክሳብ ሎሚ መምሃሪ ተመሃሮ ኒካራጓ እተገልግል ዘላ ነዋሕ ደብዳበ ጸሓፈሉ። ቀንዲ ትሕዝቶ እታ ደብዳበ ፕረዚደንት ዘላያ ክወርድ

ከም ዘሎዎ ትሕብር ኢ.ያ። ዘላያ ብትሕዝቶ እታ ደብዳበ ተገረመ። ጥርዓኑ ከኣ ናብ መክሲኮን ኮስታሪካን ኣቕነዐ። ክልተአን መንግስታት ኣይሰምዐኦን። ነቲ ጉዳይ እተጻሪ ናጻ ኮሚሽን ክትቀውም ዘቕረቦ ሓሳብ እውን ተቐባልነት ኣይረከበን። ኣብ ክንድኡ ፕረዚደንት ታፍት መራኽዐብ ውግእ ናብ ፓናማን ኒካራጓን ክጽጋዓ ኣዘዘ። ዘላያ ድሌት ኣመሪካ ስለ ዝተረድኦ፣ ብ16 ታሕሳስ 1909 ስልጣኑ የረክብ ከም ዘሎ ደብዳበ ጽሒፉ፣ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ናብ ስደት ኣምርሐ።

ንዘላያ ዝተክአ ፕረዚደንት ሆሴ ማድሪዝ፣ ብዘገርም መገዲ ምስ ተቓወምቲ ጉጅለ ኤስትራዳ ተቐራረበ። ብልሓቱ ግን ንመራሕቲ ኣመሪካ ኣይጠፍኦምን። ንኩባንያታት ኣመሪካ ክገብረለን መዲቡ ዝነበረ ሕድገታት ኣመሪካ ኣይተቐበለቶን። ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ኤስትራዳ ከመጸሎም ይደልዩ ምንባሮም ንጹር ኮነ። ኣብ ነሓሰ 1910 ከኣ ሆሴ ማድሪዝ እውን ስልጣኑ ለቒቑ ንሰደት ኣሰር ዘላያ ሰዓበ። ኣብታ ወርሒ ኤስትራዳ ሓድሽ መራሒ ኒካራጓ ብምካዒን ቃለ-ማሕላ ፈጸመ። ካብታ ዕለት እቲኣ ኣትሒዛ ኣመሪካ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ጉዕዞ ኒካራጓ ክትቈጻጸሮ -መረት። ኣመሪካ ብርእዮ ናይ ወጻኢ መንግስቲ ክትዓሉ ናይ መ-መርያኣ'ዩ ነይሩ።

ፕረዚደነት ታፍት "ዲፕሎማሲ ዶላር" ዝብል መምርሒ ኣተኣታትዩ፣ ኣብ ከባቢኡ ዝነበራ ሃገራት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዘይኮነስ ብገንዘብ ክስደዐን ወሰነ። መራሕቲ ወጻኢ ሃገራት፣ ንከዑባንያታት ኣመሪካ ናጻ ንክዐኣትዋ እንተ ፈቒደንን ካብ ባንክታት ኣመሪካ እንተ ተለቂሐንን ብኣመሪካ ዘሰክፍ ከም ዘይብለን ተረድኣ። ነዚ ፖሊሲ'ዚ ዝተቓወመ ናይ ፈላማ መራሒ፣ እታ ክሳብ ሎሚ ኣብ ልቢ ህዝቢ ኒካራጓ ልዑል ቦታ ዘሎዎ ዘላያ ኢዩ። ብድሕሪኡ ዝመጹ ከም ናቱ ሕልሚ ኣይነበሮምን። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ፣ ህይወቱ ብዘየሕጉስ ኣብ መላእ ዓለም ክከዑልል ድሕሪ ምጽናሕ ብ1918 ኣብ ኒውዮርክ ዓረፈ። ኣመሪካ ከመይ ገይራ ካብ መዝነቱ ከም ዘውረደቶ ክሳብ ሎሚ ኣብ ልቢ ኒካራጓውያን የንበድብድ ኣሎ። በዚ ዝተተንከፈ ኤንትራዳ እውን ሕድገታት ክገብር ልቡ ኣይፈቐደሉን። ነዊሕ ከይጸንሐ ካብ ስልጣኑ ብፍቓዱ ወረደ'ሞ፣ ንዕኡ ዝተክአ ምክዐትሉ ዝነበረ ኣዶልፎ ዲያዝ እውን ኣሰር ቀዳሞት ስዒቡ ስልጣን ለቐቐ። ንፕረዚደንት ታፍትን ኖክስን እዚ ዓቢ ዓወት ነበረ።

ኣብ መወዳእታ 1912 በንጃሚን ዘለዶን ነዊሕ ዘይቀጸለ ሰውራ ኣለዓዓለ። ኣንጻር መራኽዐብ ኩናት ኣመሪካ እናተዋግአ

ከኣ ተቐትለ። ድሕሪ 14 ዓመታት እውን ኣጎስቶ ሴዛር ሳንዲኖ ካልእ ምንስቓስ ኣበገሰ። ኣመሪካ፡ ብ1933፡ ኣብ ኒካራጓ ኣጸጊዓ ተን ዝነበረት መራኽዐብ ኲናት ሰሓበተን። ብኣመሪካ ዝዓከዑከዑ መንእሰይ ኣዛዚ -ጎራል ኣናስታሲዮ ሶሞዛ ጋርሺያ ግን ኲነታት ሰውራዊ ሴዛር ሳንዲኖ ኣሻቐሎ። ሳንዲኖ ክቕተል ኣዚዙ ከኣ ፕረዚደንትነት ሓዛ። ብ1956 ግን ኣናስታሲዮ ሶሞዛ እውን ተቐትለ። ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ብስም ሳንዲኖ ዝተለዓዓሉ፡ "ሃገራዊ ግንባር ናጽነት ሳንዲናውያን" ዝተሰምዩ ጉጅለ ዕጡቓት ተኣካዐከዐቡ። ኣንጻር ውልቀ-መላኽዐነት ስርዓት ሶሞዛ ከኣ ተዋግኡ። እዚ ግንባር ኣብ 1979 ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ፡ ምስ ፊደል ካስትሮ ጥቡቕ ርክብ ገይሩ፡ ንኣመሪካ ዝብድህ መምርሒታት ኣውጸአ። ናይቲ እዋን ፕረዚደንት ኣመሪካ ሮናልድ ሬገን ካልእ ሰራዊት መዊሉ ኣብ ኒካራጓ ኲናት ኣካየደ። ብሓደ ወገን እቲ ኲናት ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኲባን እውን ኢዩ ነይሩ። ብኣመሪካ ዝሕገዙ ጉጅለ ንሃ.ግ.ና.ሳ. ክስዕሩዎ ኣይክኣሉን። ኲናት ተወዲኡ ክልተ ዓመት ምስ ጸንሐ ግን እቲ ግንባር ብምርጫ ተሳዒሩ ካብ ስልጣን ወረደ።

ዘላያ ኒካራጓ ካብ ዘፍረየቶም ዝበለጹ መራሕቲ ኢዩ ነይሩ። ምናልባት ኣመሪካ ካልእ ብልሓት ተጠቒማ እንተ ተከዐውን፡ ድሕሪኡ ዝሰዓበ ዕንወት ከተወግዶ ትኽዐእሎ ነይሩዋ። ጌጋ ርድኢት ንኣመሪካ ሓደ ዘመን ምሉእ ኣብ ኒካራጓ ንክዐትተኣታቶ ኣክዐኢሉዋ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ንስእሊ ኣመሪካ ብኣሉታ ጸልዩዎ። ሎሚ ኒካራጓ ምስ ብደረጃ ምዕባለኣ ምስ ሃይቲ ኢያ እትወዳደር። ምናልባት ብነብሳ ክትከይድ ናጻ እንተ ትሕደግ ሎሚ ኣብ ማእከላይ ኣመሪካ ናጻ፡ ደሞክራሲያዊትን ብልጽግቲን ሃገር ኰይና ምሃለወት። ሕጂ ግን ልክዕ ብኣንጻሩ ኣላ።

# 6. ሆንድራስ

ኣብ 1910 ኣርባዕተ ሰባት ኰይኖም ኣብ ሆንድራስ ዕልዋ ክገብሩ ወሰኑ። ካብዞም ኣርባዕተ እቲ ኣመና ዝተፈልጠ፣ ሊ ክሪስማስ ዝተባህለ ካብ ሃብታማት ስድራ-ቤት ወተሃደር ዝተወልደ ኢዩ። ኣብ ማእከላይ ኣመሪካ ብመፍረ ባናና ኣመና ዝሃብተመን ብዙሕ ጥሙሕ ዘጥረየን ሳም ዘሙራይ ከኣ ኢዩ ንመንግስቲ ሆንድራስ ክዓልወሉ ዓሲቡዎ። ሰለስተ ብጾት ክሪስማስ ሓደ ብ“ማሺን ጋን” ዝብል ሳጓ ዝፍለጥ፣ ሞሎንይ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ኣባላ ጉጅለ ኲተርቲ ክከዐውን ከሎ፣ እቶም ክልተ ደቂ ሆንድራስ ከኣ ዘሙራይ ፕረዚደንት ሆንድራስ ክከዐውን ዝሓጸዮ ማኑኤል ቦኒላን ፍሎሪያን ዳቫዲን ነበሩ።

ካብ ኤውሮጳ ተሰዲዱ ዝመጸ ኣይሁዳዊ ዘሙራይ መ-መርያ ናብ ሆንድራስ ክኣቱ ከሎ 10 ሽሕ ሄክታር መሬት ገዚኡ ባናና ከፍሪ -መረ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ካብቶም ዝዓበዩ ኣፍረይቲ ባናና ክከዐውን በቕዐ። እታ እንኮ እተሸግሮ ዝነበረት ጉዳይ ናይ መንግስቲ ሆንድራስ ጥራይ ኢያ። ነቲ ካብ ሆንድራስ ዝገዝኦ መሬት ከም ናቱ ጉልቲ ገይሩ ኢዩ ዝሓስቦ ነይሩ። ግብሪ ክከዐፍል ምስ ተሓተተን ብሕጊ እታ ሃገር ክቕየድ ምስ ተነግሮን ክወሓጠሉ ኣይክኣለን። ምስ ፕረዚደንት እታ ሃገር ሙጌል ዳቪላ ኣብ ክርክር ዘእተዎ ከኣ ንሱ ኢዩ። ፕረዚደትን ዳቪላ ኩባንያታት ወጻኢ ቀረጽ ክከዐፍላ ጥራይ ዘይኰነስ ዝገዝአኦ መሬት እውን ክውሰን ይጉስጉስ ነይሩ። ክፉት ኣጠማምታ ዝነበሮ ዳቪላ ምስ ፕረዚደትን ኒካራጓ ነበረ ዘላያ ብዙሕ ዘመሳስል ጠበያት ነይሩዎ። ዘላያ ካብ ስልጣን ምስ ተዓልወ ዳቪላ ብጻይ ዝከዐሞ መራሒ ሰኣነ።

ዘሙራይ መንግስቲ ክግልብጥ ምሉእ ቀረብ እኳ እንተ ነበሮ፣ ኣብ ክንዳኡ ኰይኑ ነታ ሃገር ዘመሓድረሉ ኩርኩር ግን የናዲ ነበረ። ንሓደ ግዜ ስልጣን ፕረዚደትነት ሒዙ ዝነበረ ኣመና ምስጢራዊ -ነራል ቦኒላ ብቑዕ ሰብ መሲሉ ተራእዮ። ቦኒላ ፕረዚደትን ንክዐከዐውን ክእለት ደኣ ስኢኑ እምበር ድሌትስ ምሉእ ነይሩዎ። ቦኒላ ንሓጺር ግዜ ፕረዚደትን ኣብ ዝነበረሉ ዳይረክተር ፖሊስ ሆንድራስ ዝነበረ ሊ ክሪስማስ ምዕሳብ ከም ዘዋጽእ ገመተ።

ኩነታት ከምዚ እንከሎ ኣመሪካ ኣብ ሆንድራስ ዝነበራ ረብሓ እውን ዓበየ። ብተደጋጋሚ ሊበራላውያን ዝከዐሙ ፕረዚደታት

ንኣመሪካ ክመርሑዋ ከለዉ፣ ሆንድራስ ከኣ፣ ፕረዚደንት ታፍትን ጸሓፊ ጉዳያቱ ኖክስን ዝጸልኡዎ፣ ካብ ኤውሮጳያን ባንክታት ትልቃሕ ነበረት። ካብ ሃገራት ኤውሮጳ ዝተለቅሖ ገንዘብ ንምስራዝ ካብ ኣመሪካዊ ባንክ -ይ.ፒ. ሞርጋን 30 ሚሊዮን ዶላር ክልቃሕ ንዳቪላ ሓሳብ ኣቕረቡሉ። ከም ቅያር ናይቲ ልቓሕ፣ -ይ. ፒ. ሞርጋን ንኣገልግሎት ዓማዊልን ናይ ወጻኢ ዕ ዳጋን ክቈጻጸሮ ኢዩ እቲ መደብ። ኣብኡ እንተ ተበጺሑ፣ ዘይራ ዘይራ ሆንድራስ ኣብ ምሕረት ኣመሪካ ምውዳቕ ኣይክተርፉን ኢዩ። ፕረዚደንት ዳቪላ ነዚ ሓሳብ ፈጺሙ ነጸጎ። ነዊሕ ከይጸንሐ፣ ትሩጂሎ ዝተባህለት ወደብ እታ ሃገር ኣብ ኢድ ተቓወምቲ ሓይልታት ምስ ወደቐት ግን ዳቪላ ንሓሳብ ኣመሪካ ክቕበሎ ተደፋፍአ።

ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ዕልዋ መሪሕነት ሆንድራስ ንሃገሮም ከም ዘክዐስባ ገመቱ። በቲ ዘርእዮ ዝነበረ ክፉት ናጻ ምሕደራ ፕረዚደትን ዳቪላ ክእመን ከም ዘይክእል ተገንዘቡ። ምናልባት ኣብ ስልጣን እንተ ጸኒሑ፣ ንካዐልኡት ተቓለስቲ ማእከላይ ኣመሪካ ጽቡቕ ኣርኣያ ኰይኑ ንናጽነቶም ከም ዝቃለሱ ክምህሮም ይኽዕእል ኢዩ ዝብል ስግኣት ሓደሮም።

ተቓወምቲ ጉጅለ ናብ ርእሰ-ከተማ ገጾም ኣብ ዘምርሑሉ ህሞት፣ ኩነታት ኣብ ግምት ኣእትዩ ዳቪላ ድሕነት ዜጋታቱ ከቐድም መረጸ። ነቲ ክወርድ ዝኽዕእል ዕንወት ገሚቱ፣ “ንዝመረጽኩሞ ሰብ ስልጣነይ ከረክብ እኽዕእል እየ” ዝብል ደብዳበ ናብ ኣመሪካ ጸሓፈ። ንባይቶ ሃገሩ ድማ ነቲ “ንሆንድራውያን ሕንከት ዝከዑነ” ስምምዕ ልቓሕ ሞርጋን ከጽድቑሉ ሓተቶም። በዚ ስልጣን ዳቪል ኣብቀዐ። ኣመሪካ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ኲናት ደው ኣበለቶ። ዳቪላ ብሊ ክሪስማስ ዘይኰነስ ካብ ዋሽንግተን ብዝመጸ መምርሒ ካብ ስልጣኑ ወረደ።

መሰጋገሪ ፕረዚደትን ንክዐልተ ዓመት ነታ ሃገር ድሕሪ ምምራሑ፣ ብለካቲት 1912 ቦኒላ ስልጣን ተረከበ። ሓድሽ ፕረዚደንት ቦኒላ ነቲ ናብ ስልጣን ዘምጽኦ ኣውፋሪ ልዕሊ ዝግበኦ ከፈሎ። ካብኡ ንደሓር ከኣ ዘሙራይ “ዘይተቐብአ ንጉስ ማእከላይ ኣመሪካ” ኰነ። ኣብ ዓመቱ ፕረዚደንት ቦኒላ ምስ ሞተ ድሒሮም ዝመጹ ፕረዚደንታት ብዘሙራይ ኢዮም ዝዝወሩ ነይሮም። ድሒሩ ዘሙራይ ንትካሉ ምስ “ዩናይትድ ፍርዩት” ጸንቢሩ ኣካያዲ ስራሕ ኰነ። ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ዘሙራይ፣ “ዩናይትድ ፍርዩት” ኣብ መትናታት ህዝቢ ማእከላይ ኣመሪካ ተጠናነገት። እዛ ዓባይ ትካል፣ “ንመወዳድርታ ሓኒቓ፣ መንግስታት ዓብሊላ፣

ካልኦት ኣውፈርቲ ሃሚካዪ፡ ተሓጋገዝቲ ቀንጺላ፡ ሰራሕተዐታት ረጊጻ፡ ጥርኑፍ ምንቅስቓስ ሰራሕተዐታት ኣህጢማ፡ ተገልገልቲ እውን መዝሚዛ።"

ድሕሪ ኣርብዓ ዓመት እዛ ትካል ካልእ መንግስቲ ማእከላይ ኣመሪካ ዓልያ።

ሳም ዘሙራይ ንሆንድራስ ክገልጻ ከሎ፡ "ካብ ኣባል ባይቶ በቕሊ እትከዐብረሉ ሃገር" ኢዩ ዝብላ። ንከዑሎም ተረርቲ ይከዉኑ ተዓጻጸፍቲ መራሕቲ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽሩ ኣእተዎም። ኣብ 1911 ዕልዋ ድሕሪ ምኽያዱ ሰለስተ ዓበይቲ ትካላቱ ዳርጋ ንምሉእ ስቡሕ መሬት ሆንድራስ ተቖጻጺረንኦ ነይረን። ኣብ ርእሲ ናይ ባናና ሕርሻኡ ወደባት፡ ሓይሊ ኤለትሪክ፡ ፋብሪካ ሽኮርን እቲ ዝዓበየ ባንክን ንሱ ተቖጻጸሮ። ስለቲ ኩሉ ናጻ ዝተኽዐፍተሉ ዕድላት ሓያሎ መገዲ ባቡር ክሰርሕ ተሰማሚዑ እኳ እንተ ነበረ ንሓንቲ እኳ ኣይሰርሐን።

ኣድማታት፡ ፖለቲካዊ ተቓውሞታት፡ ህዝባዊ ምልዕዓላት፡ ፈተነ ዕልዋ ወዘተ. ንዓሰርተታ ዓመታት ንሆንድራስ ሓማመሳ። ነዚ ንምዕጋት መንግስቲ ልዑል ሓይሊ ምክልካዐል ፈጠረ። ምናልባት ሰራዊት እታ ሃገር ተቓውሞታት ንምጭፍላቕ ዓቕሚ እንተ ውሒዱዎ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ መጺኦም ይሕግዙ። ተደራራቢ ምድቋስ ኩባንያታት ኣመሪካ፡ ሆንድራውያን ናታቶም ትካል ክከዐፍቱ ኣየከዐኣሎምን። እታ ዝነበረቶም እንኮ ምርጫ ኣብ ሕርሻ ባናና ብውዕለት ምስራሕ ኢያ። እዘን ዓበይቲ ኩባንያታት መርኣያ ናጻ ዕዳጋ ኣመሪካ ደኣ ይከዑና እምበር፡ ርእሰ-ማልነት ዓንቢቡ ሆንድራውያን ናቶም ትካላት ከይከፍቱ ግን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይረን።

ብሳም ዘሙራይ ካብ ዙፋኑ ዝተኣልየ ሊበራላዊ ሰልፊ፡ ድሕሪ ከባቢ 50 ዓመት ብ1958 ናብ ስልጣን ተመልሰ። "ዩናይትድ ፍርዩት" ዝዓበየት ኣውፋሪት፡ ዝዓበየት ኣስራሒት፡ ዝሰብሐ መሬት ወናኒት፡ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ራሞን ቪለዳ ሞራለስ ናብ ስልጣን ደየበ። ሞራለስ ንሃገሩ "እንዳ ሰብዓ" ኢሉ ኢዩ ዝጽዋዓ። "ሰብዓ ሚእታዊት መሃይምነት ዘየጥፈአ ህዝባ፡ ሰብዓ ሚእታዊት ዘይሕጋዊ ህዝባ፡ ሰብዓ ሚእታዊት ተቐማጢ ገጠር፡ ሰብዓ ሚእታዊት ክውገድ ዝክዐእል ዝነበረ ሞት...።" ቪለዳ ሞራለስ ብክዐቱር ጸቕጢ ኩባንያ "ዩናይትድ ፍርዩት" ወጢኑዎ ዝነበረ ምምዕርራይ ኣዋጅ መሬት ሰሓቦ። ኣብ 1963 ንሞራለስ ክትክእ ዝተሓጽየ ኣባል ሊበራላዊ ሰልፊ፡ ዳግም ኣዋጅ መሬት ኣተግቢሩ፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ እታ ሃገር እውን ክቕንሶ ምካዩኑ ተመባጽዐ።

ዓሰርተ መዓልታት ቅድሚ ምርጫ ግን ወተሃደራት ዕልዋ ወዲቦም ጎራል ኦስዋልዶ ሎፐዝ ኣረላንዶ ናብ ስልጣን ኣደየቡዎ። ኣስዒቦም ባይቶ እታ ሃገር በቲኖም ቅዋም እውን ኣሰጋገሩ። ንዝቐጸለ 18 ዓመታት ወተሃደራውያን መኮንናት ንሆንድራስ መርሑዋ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ግን ሓይሊ ኩባንያ "ዩናይትድ ፍርዩት" እናተዳኸመ መጸ። ኣብ 1975 እታ ኩባንያ ን-ጎራል ሎፐዝ ኣረላንዶ 1.2 ሚሊዮን ዶላር ከም ዝሃበቶ ተፈልጠ። በዚ ዝነደሩ ወተሃደራት መሊሶም ኣረላንዶ ኣልዮም ብካዐልእ ወተሃደራዊ መኮነን ተክኡዎ።

ድሕሪኡ ሆንድራስ ኣብ 1981 ምርጫ ኣካየደት። ሮበርቶ ሱዋዞ ኮርዶቫ ናብ ፕረዚደንትነት መጸ። ብግብሪ ዝለዓለ ስልጣን ዝነበሮ ግን ወተሃደራዊ ኣዛዚ ጎራል ጉስታቮ ኣልቫረዝ ኢዩ ነይሩ። ንኣመሪካውያን ዝበለጸ መራሒ እውን ኣልቫረዝ ኢዩ ነይሩ። ቀንዲ መፍተዊኦም ከኣ ኣብ ልዕሊ ዴስነት ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ኣብ ኒካራጓ ስልጣን ሒዞም ዝነበሩ ሰልፊ ሳንዲኖ ከኣ ብፍላይ ልዑል ጽልኢ ስለ ዝነበሮ ኢዩ። ፕረዚደንት ኣመሪካ ሮናልድ ሬገን ንሆንድራስ መጥቅዒ ማእከል ሳንዲናውያን ክጥቀመላ ምስ ሓተቶ ተቐበሎ። ካብ 1980 ክሳብ 1984 ካብ ኣመሪካ ዝመጽእ ዓመታዊ ወተሃደራዊ ሓገዝ ካብ 4 ሚሊዮን ዶላር ናብ 77 ሚሊዮን ዶላር ክብ በለ። ደጊማ ሆንድራስ ልኡላውነታ ንኣመሪካ ኣረከበት።

ተቓወምቲ ጉጅለታት ኣብ 1984 ንኣልቫረዝ ክዓልዉዎ እኳ እንተ ፈተኑ ኣይሰለጦምን። ብኣልቫረዝ ዝዝወር ወተሃደራዊ ሓይሊ ክልተ ዓበይቲ ተልእኮታት ነይሮሞ። እቲ ቀዳማይ ኣብ ኒካራጓ ስልጣን ንዝጨበጡ ጉጅለ ምቅዋም ክከውን ከሎ፣ እቲ ካልኣይ ኣብ ውሽጢ ሆንድራስ ዝነበሩ ተቓወምቲ ጉጅለታት ምጭፍላቕ ነበረ። ነዚ ዳሕረዋይ ዕላማ ንውምቃዕ ብማእከል ስለያ ኣመሪካ ዝሕገዝ ፍሉይ ናይ ጸጥታ ኣሃዱ መስረተ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝለዓለ ስልጣን ዝነበሮ ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ሆንድራስ ዝነበረ ጆን ኔግሮፖንተ ኢዩ። ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣመና ክዕብልል ከሎ ኣስቂጡ ዝዕዘብ ዝነበረ ኔግሮፖንተ፣ ኣብታ ሃገር ሰረት ደሞክራሲ ንክዐይትከል ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገበረ። ኣብ ከምዚ ህሞት ከሎ፣ ኣብ ሎስ-ኣን-ሎስ ዝነበሩ ኣሽሓት ሆንድራውያን ተመሃሮ ዓቢ ሰለማዊ ሰልፊ ኣካየዱ። ሓያሎ ካብቶም ኣብቲ ሰለማዊ ሰልፊ ዝተሳተፉ ተመሃሮ ድሒሮም ብዙሕ ገበናት ንክዐፍጽሙ ጭካነ ተማህሩ። ነዚ ስዒቡ ዝመጸ ሕጊ-ኣልቦነት ግን ሆንድራስ ኣይተዳለወትሉን ነይራ።

ኣመሪካ ንልዕሊ ሓደ ዘመን ዝከዐውን ኣብ ህይወት ሆንድራውያን ኣትያ ብዙሕ ሕማቕ ሓድግታት ገዲፋ። ሎሚ ሆንድራስ

ኣብነት ድክዐነት፣ ቅትለትን ዘይምርግጋእን ኢያ። ኣብዚ ዘብጽሐ ምክዐንያት ሆንድራውያን ክሕመዩ ከሎዉ፣ ኣመሪካ ከኣ ኣብዚ ዘይምርግጋእ ዝለዓለ እጃም ከም ዝህሉዋ ዘጠራጥር የብሉን።

# 7. ኢራን

ጆን ፎስተር ዳላስ ካብ 1953 ክሳብ 1958 ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ኢዩ። ህይወቱ ምሉእ፡ ኣካል ባህሪኡ ብዝከዐኑ ዓሚቕ እምነት ክርስትና ይምራሕ ስለ ዝነበረ፡ ካብኡ ዘማዕበሎ ጸረ ማሕበራውነት ኣረኣእያ ነበሮ። ዳላስ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ክከዐውን ዝበቕዐ እንኮ ብሃይማኖት ተኸዕሊሹ ዝዓበየ መራሒ ምካዑኑ ይንገረሉ። ብኣገላልጻኡ፡ ውርሻ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ “ሃይማኖታዊ ውርሻ” ስለ ዝከዐነ፡ ንኣመሪካውያን ኣብ ፍሉይ ሓላፍነት'ዩ ዘቐምጦም።

ኣብ ምዝዛም 1950ታት፡ ኣንጻር'ቲ “ሰይጣናዊ” ብምባል ዝገልጾ ናይ ሕብረት ሶቬት ማሕበርነታዊ ኣገባባትን ውጥናትን ብምቅላስ፡ “ክርትያናዊ ስውጠትን ርድኢትን” ከስርጸሉ ዝክዐእል ባይታ ኣብ ምድላይ ተዋፈረ። ነዚ ኣረኣእያኡ'ዚ ከተግብርሉ ዝክዐእል ዝሓሸ ኣማራጺ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ምካዑን'ዩ ነይሩ። ኣብ ጽድያ 1952 ኣይዘንሃወር ንሰልፊ ርፓብሊካን ወኪሉ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከም ዝሳተፍ ምስ ሓበረ፡ ዳላስን ኣይዘንሃወርን ክልተ ሳዕ ብምርካዕብ ነዋሕቲ ዝርርባት ኣካየዱ። በዚ እቲ -ነራል ኣዝዩ ተመሰጠ'ሞ፡ ጎስጓሱ ኣብ ዳላስ ብምምርኳስ ኣካየዶ። ድሕሪ'ቲ ተዓዊቱ ዝዋጻሉ ምርጫ ግዜ ከይወሰደ ንዳላስ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ገበሮ። ዳላስ ኣብቲ እዋን'ቲ ዕድመኡ 65 ዓመት በጺሑ ነበረ።

እቲ ምርጫ ከም ሓሳብ ልቡ ምስ ኰነሉ፡ ኣመሪካ ኣንጻር ማሕበርነት እትገጥመሉ ባይታ ኣብ ምንዳይ ኣተኰረ። ናይ ብሪጣንያ ዝለዓለ ሓላፊ ስለያ ምስ ሕልሚ ዳላስ ዝቃዶ ውጥን ሒዙ ናብ ኣመሪካ ምጋሹ፡ ንዳላስ ልክዕ ካብ ገነት መልእክዐቲ ሒዙሉ ዝመጸ መልእክዐተዐ'ዩ ነይሩ።

ብሪጣንያ ሓይላ እተጠንክረሉ፡ ትካላታ እተዕብየሉን ንዜጋታታ ዝሓሸ ደረጃ መነባብሮ እተጎናጽፈሉ ወጻኢታት ካብ ኢራን እተውጽኦ ነዳዲ ትረክዐቦ ስለ ዝነበረት፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዓቢ ብድሆ ኣይገጠማን። ካብ 1901 ኣትሒዛ “ኣንጎሎ-ኢራኒያን” ብእተሰምየ ትካላ ነዳዲ ኣቢላ ናይ ምውጻኡ፡ ምጽራዩን ምሻጡን ዕማም ብሒታቶ ነበረት።

እቲ ምስቲ “ብልሹው” ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ ዝተፈረመ ዘይምዕሩይ ውዕል፡ ንኢራን 16 ሚእታዊት ጉንፃ ጥራይ ከም እትረክብ'ዩ ገይሩዋ። እታ ትካል ንኢራን እትከዐፍሎ፡ ካብዚ እተገልጸ ኣሃዝ

ንታሕቲ ከም ዝከውነ'ውን ይግመት'ዩ። እቲ ደብተር፣ ንናይ ደገ ኦዲተራት ክፉት ክሳብ ዘይኮነ ግን ሓቂ ክፍለጥ ኣይተካዐእለን። እታ ብሪጣንያዊት ትካል ብ1950 ንበይና ዝረከበቶ መክዐሰብ፣ ካብቲ ኢራን ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ዝተከዐፈለቶ መጠን ገንዘብ ይበዝሕ።

ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም፣ ኣብ ኤስያ፣ ኣፍሪቃን ደቡብ ኣመሪካን ማዕበላት ሃገራውነትን ጸረ መግዛእቲ ተቓውሞታትን ክለዓዓል ኣብ ዝ-መረሉ እዋን፣ ሓያል መራሒ መሓመድ ሞሳደቕ ኣብ ጽድያ 1951 ናይ ቀዳማይ ሚኒስተርነት ስልጣን ጨበጠ። ሞሳደቕ፣ እቲ ካብ ነዳዲ ዝርከብ ገንዘብ ንምዕባለን ብልጽግናን ኢራን ንምውዓል፣ ነታ ብሪጣንያዊት ትካል ነዳዲ ካብ ሃገሩ ብምስጓግ እቲ ትካል ብናይ ሃገሩ ትካላት ከም ዝትካእ ኣመመ። እቲ ኣብ መበል 69 ዓመቱ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢራን ዝከውነ ሞሳደቕ፣ ሃገራውነትን ደሞክራሲን ኣብ ዝብላ ክልተ ኣምራት ሓያል እምነት ነበሮ። ኣብ ኢራን ሃገራውነት ማለት፣ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብንጉሳዊ ቤተ-ሰብ ዘይኮነ ብህዝቢ ብዝተመርጸ ባይቶ ምትሓዝ ማለት'ዩ። ኣረኣእያ ሞሳደቕ ኣብ ሃገራውነት፣ ንብሪጣንያ ናብ ጸላኢቱ ቀይሩዋ። መሓመድ ሞሳደቕ'ውን ንሻህ ኣለዮ።

ኣብ ጽድያ 1951 ታሕተዋይን ላዕለዋይን ባይቶ ኢራን ምውጻእ ነዳዲ ብሃገራውያን ትካላቶም ንከዐካየድ ድምጾም ሃቡ። ነቲ ብሪጣንያ ኣብ መህነጺ እቲ ትካልን መጻረዪኡን ዘጥፍኣቶ ገንዘብ ኢራን ከተሕውዮ ተሰማምዑ። መራሕቲ ብሪጣንያ፣ ከምቲ ትካላት ኣመሪካ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ነቲ መክዐሰብ ፍርቂ ፍርቂ ዝማቐልኦ ዝብል እማመ ብቑጥዐ ነጸጉዎ። ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ ዝነበረ ሀርበርት ሞሪሰን፣ ነዳዲ ፐርሺያ ንቑጠባኦም ኣገዳሲ ስለ ዝከውነ፣ ኢራናውያን ናይቲ ውዕል ግዴታኦም ንከክዐብሩ ዝከኣሎም ክገብሩ ከም ዘሎዎም ገለጸ። ኣብቲ ዝሰዓበ ዓመታት ከኣ እንግሊውያን ነዚ'ዮም ገይሮም። ንሞሳደቕ ብላዕ ብምሃብ ናብ ብልሽውና ከእትውዎ፣ እንተ ዘይኮይኑ ክቐትሉዎን ንኢራን ክወሩዋን ሓሰቡ። እንግሊዛውያን ይመስል ዝበሉዎ ሽርሕትት ኣሊሞም፣ ወደባት ኢራን ዓጽዮም፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ናብ ባይቶ ጸጥታን ኣህጉራዊ መጋብኣያ ፍትሒን ከሰሱ። ዘቕርቡዎ ክሲ ምስ ተነጽገ ድማ ዕልዋ ንከዐካይዱ ወሰኑ።

ብሪጣንያ ንኢራን ብተዘዋዋሪ ንዝመናት ስለ ዝተቔጻጸረታ፣ ኣድላዪ ኣብ ዝከውነሉ እዋን ነቲ መንግስቲ ዝዓልዉ ዝተፈላለዩ ውልቀሰባት ኰስኵሳ ነበረት። ሰበ-ስልጣን ሎንደን ነቶም ኣብ

ቴህራን ዝርከቡ ወከልቶም ነቲ ውዲት ንክዐጥጅኡዎ ትእዛዝ ሃቡዎም። ሞሳደቕ ነቲ ጉዳይ ኣቐዲሙ በጽሒዎ፣ ብ16 ጥቅምቲ 1952 ኣብ ቴህራን ዝርከብ ኤምባሲ ብሪጣንያ ብምዕጻው ኩሎም ሰራሕተዐታት ካብ ሃገሩ ክወጹ ኣዘዘ። ኣብ መንጎ እቶም ዝባረሩ፣ ነቲ ዕልዋ ዘወሃህዱ ኣባላት ስለያ'ውን ነይሮም። ይኹን'ምበር፣ ብሰንኪ ተቓውሞ ፕረዚደንት ኣመሪካ ቱሩማን፣ ወራር ብሪጣንያ ዘይሕሰብ ኰነ። ዓለምለካዐውያን ማሕበራት'ውን ናብቲ ጉዳይ ኢደን ምእታው ኣበያ። ብሪጣንያ ካብታ ዝደሓረት ሃገር እትረክዐ ኣገዳሲ ረብሓ ንከዐይትከዐስሮ ዓቢ ብድሆ ገጠማ።

ኣብ ክልተ ሰሙን ናይቲ ሞሳደቕ ንኤምባሲ ብሪጣንያ ዝዓጸወሉ፣ ኣመሪካውያን ኣብ ዘካየዱዎ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣይዘንሃወር ተመርጸ። ዳላስ ከኣ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኰነ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓላፊ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ከርሚት ሩዝቨልት'ዩ ነይሩ። ሰበ-ስልጣን ጸጥታ ብሪጣንያ ዕልዋ ኢራን ብመገዲ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ክቃናዕ መደቡ። ብዛዕባኡ ንምዝርራብ ካብ ሓለፍቲ ስለያ ብሪጣንያ ዝነበረ ክሪስቶፈር ሞንታጉ ዉድሃውስ ምስ ዳላስ ንምራካዐብ ናብ ዋሽንግተን ለኣከዑዎ። ንሞሳደቕ ካብ ስልጣኑ ክኣልዩዎ ናይ ዝደለይሉ ምክዐንያት፣ ንትካላቶም ስለ ዝሰጐገን እኳ እንተኸውነ፣ ብኣመሪካ ተቐበልነት ክረክዐቡ ከም ዘይክእሉ ስለ እተረድኡ ግን ሞሳደቕ ንኢራን ናብ ደምበ ማሕበርነት የእትዋ ከም ዘሎ ኣምሲሎም ነቲ ሓቂ ጠምዚዞም ኣቕረቡዎ። ንመርገጺ ሞሳደቕ ኣብ ጉዳይ ነዳዲ ዝድግፍ "ቱድህ" ዝተባህለ ማሕበርነታዊ ሰልፊ ኣብ ኢራን ነይሩ'ዩ። ሞሳደቕ፣ ነዚ ሰልፊ፣ ከም ድላዩ ክንቀሳቐስ እኳ እንተ ፈቐደሉ ብፖለቲካዊ መደባቱ ግና ተመሲጡ ኣይፈልጥን'ዩ። ንኣካይዳ ማሕበርነት ዝድግፍ ስለ ዘይነበረ ከኣ ኣብ መንግስቱ ደገፍቲ ማሕበርነት ኣይጸነበረን። እቲ ንሰልፊ "ቱደህ" ንክዐከታተል ዝተመዘዘ ኣመሪካዊ ዲፕሎማስዐ'ውን ነዚ ይፈልጦ'ዩ።

ዉድሃውስ፣ ንሞሳደቕ ምዕላው ማለት ንማሕበርነት ሓደ ስጉምቲ ንድሕሪት ምጉታት ከም ምካዐኑ'ዩ ንዳላስ ሓሳብ ኣቕረቡሉ። ኣብቲ እዋን፣ ስቴት ዲፓርትመንት መንግስታት ክዓሉ ሓላፍነት ስለ ዘይነበሮ፣ ዳላስ ነቲ ብዙሕ ዕድመ ዘይነበሮ ብ1947 ዝተመስረተ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ኢዩ ሓላፍነት ኣሰኪሙዎ። ፕረዚደንት ቱሩማን ንማእከል ስለያ ኣመሪካ፣ ስለያዊ ሓበሬታ ንምእካብ፣ ምስጢራዊ ስርሒታት ንምክያድን ከም ኣብ ማእከላይ ኤውሮጳ ዝርከባ ኣንጻር ማሕበርነት ዝኸውና ሰልፍታት ንምድጋፍን ዝኣመሰለ

*ዕማማት ንምትግባሩ'ዩ ዝጥቀመሉ ዝነበረ'ምበር፣ ፕረዚደንት፣ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኰነ ካልኦት ኣካላት መንግስታት ንክዐዓሉ ትእዛዝ ሂቦም ኣይፈልጡን'ዮም። ዳላስ ግና ከምዚ ዝኣመሰለ ዕቃበታት ኣይነበሮን።*

*ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም፣ ዓለማዊ ኩነታት እናተለወጠ ብምምጻኡ፣ ኣመሪካ ወተሃደራታ ልኢካዐ መሬት ክትሕዝ ትክዐእል ኣይነበረትን። በቲ ካልእ ሸነክዐ፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ መቀናቕንታ ዝነበረት ሕብረት ሶቬት፣ ኣመሪካ መንግስታት ንከዐይትዓሉ ዕንቅፋት ኰይናታ ነበረት። በዚ መገዲ'ዩ ድማ ዳላስ ንማእከል ስለያ ኣመሪካ እቲ ዝደልዮ ባይታ ኰይኑ ዝረከዐቦ። ብተወሳከዒ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ብንእሽቶ ሓዉ ኣለን ዳላስ'ዩ ዝምራሕ ዝነበረ። ነቲ ዕልዋ ክዉን ንምግባር ዝመሃዙዎ ኣእማኒ ዝመስል ምጉት ብምቕራብ ካብ ኣይዘንሃወር ፍቓድ ክረክዐቡ ነይሩዎም። ዳላስ ንኣይዘንሃወር ዘእመኖ፣ ኣብ ኢራን ናይ ስልጣን ሃጓፍ ከም ዘሎ ብምምሳል፣ ማሕበርነታውያን ኣትዮም ናብ መላእ ማእከለይ ምብራቕ ከየስፋሕፍሑሞ ምዕራብ ከኣ ካብ ነዳዲ እትረክዐቦ ኣታዊ ከይትስእኖ ብዝብል ስግኣት ኢዩ። ዳላስ፣ ኣንጻር ማሕበርነት ምቅላስን ንናይ ዓለምለካዐውያን ኮርፖረሽንናት መሰል ምክልካዐልን ዝብላ ክልተ ጥሙሓት ነበራኦ። ብኣረኣእያኡ ከኣ “ዝተተሓሓዛን ብሓባር ዝተጣመራን” ኢየን ዝነበራ።*

*እቲ ናይ ዕልዋ ውጥን ድሕሪ'ቲ ኣብ መጋቢት ዝተካዐየደ ናይ ቤት-ምክዐሪ ጸጥታ ኣከዉባ ተ-መረ። ንመዓላኡ ድማ ዘይተኣደነ ገንዘብ ወሓዘ። ጥሮተዐ -ነራል ፋዝሎላህ ዛህዲ መራሒ ናይቲ ዕልዋ ክከዐውን ተሓጽየ። እቲ መደብ፣ “መ-መርታ ንሞሳደቕ ካብ ህዝቡ ምንጻል” ብዝብል ክጅምር፣ ህዝቢ ኣብ ልዕልቲ ብሞሳደቕ ዝምራሕ መንግስቲ እምነት ምእንቲ ከጉድልን ጽልኢ ከሕድርን ከኣ ጋዜጠዐታት፣ ኣሰናዳእቲ ከምኡ'ውን ሰበክዐቲ ሃይማኖት ምስልምና ብላዕ ክወቦም ዝብል ነበረ። ሞሳደቕ ከም ዝኣዘዞም ኣምሲልካ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ሃይማኖትን ክብሪ ዝወሃቦም ኢራናውያንን ደረጃ ብደረጃ ብመገዲ በጋሚንዱታት ጸለመን መጥቃዕቲን ንምክያድ ትእዛዝ ተዋህበ። ንኣባላት ባይቶ ኢራን ግቦ ክወሃብ፣ ሞሳደቕ ተቓውሞ ምስ ዘርኢ ከኣ -ነራል ፋዝሎላህ ዛህዲ ኣዚዙ ብዘስምዐን ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ክተሓዝ ተወጠነ። ደክፀን'ምበር፣ እዚ ውጥን ብከዑሎም ኣባላት ስቴት_ዲፓርትመንት ኣይተደገፈን። ምክዐንያቱ፣ ኣብ ባይታ እቲ ሓቂ ብኣንጻሩ ምካዒኑ ይፈልጡ ነይሮም'ዮም። ንዳላስ ክቃወምዎ ግን ኣይከኣሉን።*

እቲ ንመንግስቲ ኢራን ንምዕላው ዝቔመ ጉጅለ፡ “ስርሒት ኣያክስ” ዝብል ስያመ'ዩ ተዋሂቡዎ። መራኸዐቢ ብዙሓን ኣመሪካ ድማ ነዚ ስርሒት'ዚ ኣብ ምሕጋዝ ዓቢ ተራ ተጻዊተን። ነዚ ስርሒት'ዚ ንምክያድ ዝተሓርየ ከርሚት ሩዝቨልት'ዩ ነይሩ። ብ19 ሓምለ 1953 ናብ ኢራን ጸሊቑ ብምእታው፡ ዕማሙ ክዉን ንምግባር ቀልጢፉ'ዩ ኣብ ሸበድበድ ኣትዩ። ንኢራን ሓዊ ክርኩዓላ ግዜ ኣይወሰደሉን። ብመገዲ ዕሱባት ኣቢሉ ዓቢ ጸረ ሞሳደቕ ኣድማ ፈጠረ። ገለ ኣባላት ባይቶ ኢራን ንሞሳደቕ ካብ ምድጋፍ ኢዶም ሰሓቡ። መራሕቲ ሃይማኖትን ጋዜጠዐታት'ውን ኣንጻሩ ከም ዝለዓሉ ተገብረ። መሳደቕ ግን ብኣንጻሩ ነቲ ተቓውሞታት ንምጉዕጻጽ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ተዓገሰ።

ሞሳደቕ ኣብ መ-መርታ ወርሒ ነሓሰ ንውጥን ማእከል ስለያ ኣመሪካ ዝዕንቅፍ ሓደ ስጉምቲ ወሰደ። ንባይቶ ኣፍሪሱ ካልእ ምርጫ ክካየድ ብምጥላብ፡ ሃገራዊ ረፈረንደም ክካየድ ጸውዐ። ውጽኢት እቲ ምርጫ ንውሳነ ሞሳደቕ ዝድግፍ ኢዩ ነይሩ። ሩዝቨልቲ በዚ ከይተሰናበደ፡ መሓመድ ራዛ ሻህ ንሞሳደቕ ካብ ቤት-ጽሕፈቱ ብምስጓግ ን-ነራል ዛህዲ ቀዳማይ ሚኒስተር ንክዐገብሮ ጻዕርታት ከካይድ -መረ። ሻህ ኣብ ልዕሊ ሞሳደቕ ጽልኢ'ኳ እንተ ነበሮ ንጠለብ ሩዝቨልት ኣይተቐበሎን። ኣብ መጠረሽታኡ ግና ብብዙሕ ጸቕጢ ክቕበሎ ተገደደ። ብ14 ነሓሰ ሩዝቨልት ዘርቀቖ፡ ሞሳድቕ ካብ ስልጣን ክወርድ ዝጠልብ ድንጋገ፡ ብመገዲ ሓደ መኮነን ገይሩ ሰደደሉ። ሞሳድቕ ነቲ መልእክዐቲ ዘብጽሐ መኮነን ምስ ኣሰሮ ተቐላጢፉ ሻህ ካብ ኢራን ወጸ።

ሩዝቨልት ንጐደናታት ቴህራን በጋሚንዶታት ከም ዝዕንድሩሉ ብምግባር፡ እታ ሃገር ናብ ዕግርግር ትከዐይድ ከም ዘላ ኣብ ምምሳል ተዓወተ። ብ19 ሓምለ ከኣ -ነራል ዛህዲ ብመሰረት መምርሒ ሻህ ሕጋዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢራን ምኳኑ ኣወ-። መንበሪ ገዛ ሞሳደቕ ኣብ ከበባ ምስ ኣተወ፡ ደገፍቱን ተከዐላከዐልቱን ነቲ ዝተዓልወ መራሒኦም ሒዞሞ ሃደሙ። ንብረት ዘሚቶም ከኣ ነቲ ገዛኡ ሓዊ ረኾዕሉ። ሻህ ናብ ኢራን ምስ ተመልሰ መሳደቕ ተታሒዙ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣተወ። -ነራል ዛህዲ ከኣ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢራን ኰነ። ሻህ፡ ሩዝቨልትን ዛህዲን ንታሪክዐ ጕዕዞ ኢራን ለወጡዎ።

ድሕሪ'ቲ ናይ 1953 ዕልዋ፡ ሻህ ንከዑሎም'ቶም ምስ ሞሳደቕ ዝተሓሓዙ ክቕተሉ ኣዘዘ። ሻህ፡ ብምትሕብባር ማእከል ስለያ ኣመሪካን ስለያ እስራኤል ሞሳድን፡ ሳቫክ ዝብሃል ምስጢራዊ

ፖሊስ ኣቔመ። ሞሳደቕ ንሰለስተ ዓመት ጽኑዕ ማእሰርቲ፣ ዝተረፈ ህይወቱ ድማ ናይ ገዛ ሕዩር ኰይኑ ከሕልፎ ተፈርደ። ኣብቲ ዝተበየነሉ ፍርዲ እንከሎ ኣብ መበል 85 ዓመቱ ዓረፈ። ሻህ ሓይሉ ንምጥንካዐር ስጕምትታት ወሰደ። ኣብቲ ዝሰዓበ መስርሕ -ነራል ዛህዲ እናሓየለ ስለ ዝመጸ ግና ሻህ ንኢራን ከም ድላዩ ክገብራ ናጽነት ኣይረከዐበን።

ኣመሪካ ኣብ ፖለቲካ፣ ቍጠባን ውትህድርናን ቀንዲ መሻርክዐቲ ኢራን'ያ ኰይና። እዚ ኪዳን'ዚ ዋላ'ኳ ንመንግስቲ ሻህ እንተ ኣሐየሎ፣ ኣብ ኢራናውያን ግን ዓቢ ጽልኢ ፈጠረ። ንሞሳደቕ ብምዕላዋ በቲ ሓደ ወገን፣ ምስ ሻህ ምድንጋጻ ከኣ በቲ ካልእ ተደማሚሩ ጸረ-ኣመሪካውነት ምልዕዓል ፈጠረ። እዚ ኣብ ኢራን ሓድሽ ተርእዮ ኢዩ።

ኣመሪካ ካብ ስርሒት ኣያክስ ዝረከዐበቶ ሓደ ጭቡጥ ረብሓ፣ ሃብቲ ኢራን ካብ ዝከዐሙነ ነዳዲ ተማቓሊት ክትከውን ምብቅዓ'ዩ። ብሪጣንያ ሞሳደቕ ድሕሪ ምእላዩ ነቲ ድሒሮም "ብሪቲሽ ፐትሮሊዩም" ብምባል ዝሰየሙዎ ትካሎም ኣቢሎም ምሉእ ዓብላልነት ክህሉዎም'ዩ ነይሩ ትጽቢቶም። እዚ ብዓይኒ ዳላስ ቅኑዕ ሓሳብ ኰይኑ ኣይተረክዐበን። ኣመሪካውያን ጸማ'ቲ እከይ ተግባራቶም ንመሕወዪ ወጻኢታቶም ዝከዐውን ረብሓ ክረክዐቡ ነይሩዎም። ብሪጣንያ ብመሰረት'ቲ ብዳላስ ዝተበጋገሰ ሓድሽ ምትዕርራይ 40% ብጽሒት ካብ ሃገራዊ ኲባንያ ነዳዲ ኢራን ከም እትረክብ ኰነት። ኣመሪካውያን ትካላት'ውን ብተመሳሳሊ 40% ግንየ ረከዐባ። እቲ ዝተረፈ 20% ከኣ ኤውሮጳውያን ትካላት ኣብ መንጐኣን ይማቐልኦ። እዚ ውዕል'ዚ፣ ንኢራን ካብቲ መክዐሰብ ፍርቂ ፍርቂ ምቅሊት ዝህብ'ዩ ነይሩ።

እቲ ብ1953 ኣብ ኢራን ዝተፈጸመ ዕልዋ፣ ደሞክራሲ ኣህዲሙ፣ ቤተ-ሰባዊ ውልቀ-መላክዐነት ኣንጊሱ። ድሕሪ ርብዒ ዘመን ከኣ ሓያል ሰውራ ጸረ-ኣመሪካ ፈጢሩ። ስርሒት ኣያክስ፣ ኣመሪካ ስለያኣን ወተሃደራዊ ንጥፈታታን ንከዐተእቱ ማዕጾ ከፊቱላ። እዚ ጣልቃ'ዚ ኢዩ ድማ ንሓያሎ ኣገደስቲ ወለዶታት ኢራን ካብ ኣመሪካ ዝነጸሎም። ኣብ ሰውራ ኢራን 1978-1979 ዝነጥዐ ፍሕፈሐ ኣመሪካን ኢራንን እውን ካብዚ'ዩ ዝብገስ።

ሻህ ርእይቶ ካልኦት ክጻወር ስለ ዘይከኣለ፣ ንከዑሉ ተቓውሞታት ጨፍለቐ። ከም ውጽኢቱ እቶም ፍሉይ ኣረኣእያ ዘሎዎም ኢራናውያን ኣብ መሳጊዳትን ሃይማኖታዊ ኣብያተ ትምህርቲን ተዓቚቡ። ሲቪላውያን ሰራሕተዐታት በቲ ዘየናሕሲ ተቓውሞኦም ኣንጻር ሻህ ዓቢ ደገፍ ረከዐቡ። እቲ ሰውራ ምስ ነትዐ ከኣ

መራሕቲ ኰኑ። ድሕሪ'ቲ ናይ 1953 ዕልዋ፡ እቲ ኣብ ቴህራን ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ ሓበሬታኡ ካብ "ሮያል ኮርት" ኢዩ ዝረክዐ ነይሩ። በዚ መሰረት ነቲ ኣብ ኢራን ዝግበር ዝነበረ ውዲታት ዕዉራት ነበሩ። ፕረዚደንታት ኣመሪካ በቲ ካብ ሻህ ዝግሕጡዎ ዝነበሩ ገንዘብ ሕጕሳትን ዕጉባትን ስለ ዝነበሩ፡ ንዓወታቱ ይባሩክዑሉ ነበሩ።

እቶም ሰራሕተዐታት ማእከላይ ደርቢ ናይቲ ሰውራ መራሕቲ ኰይኖም ምስ ተቐልቀሉ፡ ኣያቱላህ ሩሆላህ ኮመኒ ተሪር መርገጺ ኣንጻር ምዕራብ ነበሮ። ዓመተ 1979 ክትጅምር እንከላ ሻህ ናብ ወጻኢ ሃገር ሃደመ። ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ፡ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ቴህራን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣተወ። ኣብኡ ዝጸንሑ ኣመሪካውያን ከም ጅሆ ተታሕዙ። ምትሓዝ ጅሆ ብዝፈጠሮ ቅልውላው ኣመሪካ ሓፈረት። ሓያሎ ኣመሪካውያን ሃገሮም ብ1953 ኣብ ኢራን እንታይ ከም ዝገበረት ዝፈልጡ ኣይነበሩን።

ልክዕ ከምቶም ስርዓት ዝለወጡ ብዙሓት ስርሒታት፡ ስርሒት ኣያክስ'ውን ኣብ ፈለማ ውጽኢታዊ ይመስል ነበረ። ኣመሪካ ዘይፈተወቶ ስርዓት ዓልያ ካልእ ንዓኣ ዝምእማኣ ኣብ ቦታኡ ኣቐሚጣ። ሻህ ዕሉል ደጋፊ ኣመሪካ ስለ ዝነበረ፡ ንኩባንያ ነዳዲ "ስታንዳርድ ኦይል ኦፍ ኒው -ርሲ"፡ "ቴክሳኮን ሞቢል" ኢዱ ዘርጊሑ ኢዩ ተቐቢሉዎም። ጸቓጢ መሪሕነት ሻህ ንሕሉፋት ናብ ስልጣን ኣምጺኡዎም። እቶም ሕሉፋት ኣንጻር ምዕራባዊ ዕላማታት ዝቐንዐ ዘስካሕክሕ ራዕዲ ንክዐካየድ ይምውሉ። ኣክዐረርቲ ኣመንቲ ምስልምና ኣብ መላእ ዓለም ንክዕለዓዓሉ ኣብነት ኰኑ። ሞሳደቕ ካብ ስልጣኑ እንተ ዘይዕሎ ምናልባት እዚታት ኣይምመጸን ይኽዑውን።

# 8. ዓቲማላ

ዝበዝሐ ህዝቢ ዝተሳተፈሉ ስነ-ስርዓት ቀብሪ እንተ ነይሩ ናይቲ 24 ዓመታት ድሕሪ ሞቱ ኣብ ሃገሩ ዝተቐብረ መራሒ ዓቲማላ ነበረ ጃኮቦ ኣርበንዝ ጉዝማን ኢዩ። ኣርበንዝ ንዓቲማላ ካብ 1944-1954 ኣብ ዝነበረ እዋናት ካብ ዝመርሑ ካልኣይ ፕረዚደንት'ዩ ነይሩ። እቲ ግዜ ኣብታ ሃገር ሃዋሁ ደሞክራሲ ዓብሊሉ ዝነበረ ግዜ ኢዩ። ንኣርበንዝ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ካብ መዝነቱ ኣልዮም፣ ካብ ሃገሩ ከም ዝወጽእ ምስ ገበሩዎ'ዩ ተነጺሉን ተረሲዑን ከሎ ዓሪፉ። ብ20 ጥቅምቲ 1995 ሬሳኡ ኣብ ዓዱ ክቕበር ናብ ዓቲማላ ኣትዩ። ህዝቡ ከኣ እታ እንኮ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበሮ ኣክዑብሮት ዝገልጸላ ህሞት ረኸበ።

ኣርበንዝ፣ ሞሳደቕ ኣብ ኢራን ስልጣን ኣብ ዝጨበጠሉ እዋን ኢዩ ብ1951 ናብ መንበረ ስልጣን ደይቡ። ክልተኦም መራሕቲ ነተን ብድክዐት ዝተሃስያ ሃገራቶም መቐረት ደሞክራሲ ንክዐስተማቕራ ኣብ ፈላሚ ዕዮኦም ነበሩ። ክልተኦም እውን ነቲ ብኩባንያታት ወጻኢ ዝውንን ዝነበረ ሃብቲ ሃገር ኣይተቐበሉዎን። ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ናይቲ ግዜ'ቲ ጆን ፎስተር ዳላስ፣ ምስታ ኣብ ዓቲማላ ትነጥፍ ዝነበረ ኩባንያ ብምኳኑ መንግስቲ ዓቲማላ ዴሳዊ ምካኑ ኣብ መደምደምታ በጽሑ።

ኣብ መፋርቕ 1950ታታ "ዩናይትድ ፍርዩት" ምስ መንግስቲ ኣመሪካ ዝተኣልመ ርክባት ነይሩዋ። ንዓሰርተታት ዓመታት ዳላስ ሕጋዊ ኣማካዐሪ ናይዛ ትካል ኢዩ ነይሩ። ዳይረክተር ማእከል ስለያ ኣመሪካ ዝነበረ ሓው ዳላስ፣ ኣለን ዳላስ እውን ወናኒ ብዙሕ ብርክታትን ኣባልን እታ ኩባንያ ነበረ። ምክትል ጸሓፊ ጉዳያት ኣመሪካ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ዝነበረ ጆን ሙርስ ካቦት ከኣ ዝዓበየ ወናኒ ብርኪ "ዩናይትድ ፍርዩት" ነበረ። ሓዉ ንጆን ሙርስ፣ ዳይረክተር ኣህጉራዊ ጉዳያት ጸጥታ ቶማስ ዳድሊ ካቦት እውን ዝለዓለ ብርኪ ነይሩዎ። ኣብ ሓደ እዋን ፕረዚደንት ናይዛ ኩባንያ ነይሩ ኢዩ። ሓላፊ ቤት-ምክዐሪ ሃገራዊ ጸጥታ ዝነበረ -ነራል ሮበርት ካልተር ኣቓዲሙ ኣቦ-መንበር ቦርድ ነይሩ። ፕረዚደንት IBRD ጆን ማክሎይ ከኣ ኣባል ቦርድ ነይሩ።

ኣብ ፈለማ መፋርቕ 20 ዘመነ "ዩናይትድ ፍርዩት" ዝኸዕነ ይኸውን ካብ መንግስቲ ዓቲማላ ዝመጽእ መከዐልፍ ስለ ዘየጋጠማ ዘይተኣደነ መክዐሰባት ኩተካዐዕብት ክኣለት። ሓደ ወገን ጥራይ ዝነበሮ ስምምዓት ምስ ውልቀ-መለክዐቲ ብምኽያድ፣ ብናጻ ቀረጽን

ብዘይ ዝኾውን ይኹን ሕጊ ዕዮን ልሙዕ መሬት ሕርሻ ክትግብት ዕድል ረኸበት። እዚ ሜላ'ዚ ዕዉት ክሳብ ዝነበረ ዳላስ ንኣቲማላ ከም ርግእቲን መሻርኽዐቲን ገይሩ ይወስዳ ነበረ። ኣብ 1930ታትን 1940ታትን ን13 ዓመታት ዝኣክል፥ "ዩናይትድ ፍርዩት" ብሓገዝ ጆርጅ ዩቢኮ ካሳኣ ከተሀጥር ክኢላ። ዩቢኮ ንዝኸውነ ካብ ናቱ "ፖለቲካዊ፥ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ስነ-ሓሳብ ዝያዳ ገስጋሲ" ዝኾውነ ኣካል እንተ ደኣ ተረኺቡ "ዴሳዊ" ብምባል ይጽወዮ ነበረ። ኣብ ልዕሊ ሰራዊት፥ ሃብታማት፥ ወነንቲ መሬትን ናይ ወጻኢ ኮርፖረሽናትን ልዑል እምነት ኣሕደረ። እታ ዝያዳ ኣገዳሲት ዝነበረት ኩባንያ "ዩናይትድ ፍርዩት" ኢያ። ዩቢኮ ምስዛ ኩባንያ ናይ 99 ዓመታት ክራይን ውሕስነት ናጻ ቀረጽን ውዕል ፈሪሙ ነይሩ።

መሪሕነት ዩቢኮ ብከዐምዚ እናቐጸለ ከሎ፥ ህዝቢ ጓቲማላ ግን ቅሳነት ኣይረኸበን። ተቓውሞ ክጅምር ከኣ ተደፋፍአ። ኣብ 1944 ማዕበላዊ ተቓውሞ ህዝቢ ኣብ ጐደናታት ተራእየ። ተቓውሞ ጥርዚ ኣብ ዝበጽሓሉ መንእሰያት ሰበ-ስልጣን ነቲ ስርዓት ዓለዉዎ። ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ጓቲማላውያን ኣብ ናይ ፈለማ ደሞክራሲያዊ ምርጫኦም ንሆዋን ሆሴ ኣሬቫሎ ፕረዚደንት ክኸዐውን መረጹዎ። ኣሬቫሎ ደሞክራሲያዊ ባይታ ኣጣጥሐ። ንሃገሩ ናብ ዘመናውነት ንክዐመርሓ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣካየደ። ኣብ ስልጣን ኣብ ዝጸንሓሉ ሽዱሽተ ዓመታት፥ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ጓቲማላ ማሕበራዊ ፍትሒ ክነግስ ጽዒሩ - ኣክዐኢሉ። ንመሰል ንግዳውያን ማሕበራት ውሕስነት ሂቡ፥ ናይ 48 ሰዓታት ስራሕ ኣብ ሰሙን ተግባራዊ ከም ዝኸዐውን ገይሩ፥ መጠኑ ዝተሓለወ ግብሪ ኣብ ልዕሊ ሰፊሕ መሬት ዝውንኑ ዜጋታት እታ ሃገር ሓጊጉ። እዚ ኩሉ ስጉምታት ኣሬቫሎ ን"ዩናይትድ ፍርዩት" ብድሆ ኮነ። እዛ ኩባንያ ኣቐዲማ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝኸዐውን ናይ ገዛእ-ርእሳ መምርሒታት ተተግብር ነይራ ኢያ። ክንዲ ዝኾውነ ድማ ንመምርሒታት ኣሬቫሎ ምቅዋም ትሑዝ ነበረ።

ኣብ 1951 ኣሬቫሎ ብጃኮቦ ኣርበንዝ ተተክአ። ኣብ ታሪኽዐ ጓቲማላ ናይ ፈለማ ሰለማዊ ምስግጋር ስልጣን ዝተራእየሉ ኣጋጣሚ ድማ ነበረ።

ወዲ 37 ዓመት ኮለኔል ኣርበንዝ ነቲ ኣብ 1944 ኣንጻር ዩቢኮ ዝተላዕለ ናዕቢ ዝመርሐ ኢዩ። ንመሪሕነቱ ሰለስተ መሰረታውያን ዕላማታት ኣንጸፈሉ። ንሳተን ከኣ፤ ንጓቲማላ ካብ ጽግዕተዐ ናብ ርእሳ-ዝኽዐኣለት ሃገር ምስግጋር፥ ንጓቲማላ ናብ ዘመናዊት ርእሰ-ማላዊት ሃገር ምምዕባላ፥ ደረጃ መነባብሮ ህዝቢ

ናብ ዝሓሸ መድረኽዐ ምድፋኡ ኢየን። ኣርበንዝ ሕልሙ ከተግብር ኣብ ዝፈተነሉ እዋን ካብተን ኣብ ጓቲማላ ዝነበራ ሰለስተ ትካላት ኣመሪካ ተቓውሞ ክገጥሞ -መረ። እቲ ቀዳማይ ዝወሰዶ ስጉምቲ ንሓይሊ ኤለትሪክ ምህጋሩ ኢዩ። ብድሕሪኡ ኣቓልቦኡ ናብ ኣህጉራዊ መገዲ ባቡሩ ማእከላይ ኣመሪካ ገበረ። ምህናጽ ብሉጽ ጽርግያታት ናብ ወደባዊት ርእሰ-ከተማ እውን ሓደ ካብ እማመታቱ ነበረ። ጸኒሑ ናብቲ ዘይርትዓዊ ምምቕራሕ ዝነበሮን ጠንቂ ድኽዐነት ጓቲማላ ዝኸዑነን ዋንነት መሬት ኣድሃበ። እቲ ኣብ 1952 ዝወሰዶ ሕጊ ዳግመ ውዳበ ሕርሻ ዕዉት ክኽዐውን ብምኽዐኣሉ "ዩናይትድ ፍርዩት" ኣብ ስግኣት ኣተወት። ሓደ ካብቲ መሪሕ ዕላማታቱ፣ መሬት ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ብምእታው፣ ን672 ሄክታር ዝኸዐውን ዘይለምዐ መሬት ከም ብሓድሽ ዓደሎ። ንወነንቲ መሬት ብመሰረት ዝወጸ ሕጊ መሬት ካሕሳ ሃቦም። እዚ ነታ 550,000 ሄክታር መሬት ትውንን ዝነበረት "ዩናይት ፍርዩት" ቀጥታዊ ብድሆ ኰነ። እዛ ኩባንያ ትውንኖ ዝነበረት መሬት ሓደ ሕምሲት ልሙዕ መሬት ጓቲማላ ነበረ። እንተኸዑነ 15% ጥራይ ኢዩ ምህርቲ ዝሕፈሶ ነይሩ።

እተን ብፖሊሲ ኣርበንዝ ዝተተንከፉ ሓድሕዳዊ ሽርክነት ዝነበረን ሰለስተ ኩባንያታት ንዓሰርተታት ዓመታት ንጓቲማላ ተቖጻጺረንኣ ዝነበራ ኢየን። "ዩናይትድ ፍርዩት" ኣብታ ሃገር ዝዓበየት ወናኒት መሬትን ዝዓበየት ኣስራሒትን ነበረት። ኣብ ኣህጉራዊ መገዲ ባቡር ማእከላይ ኣመሪካ ከኣ 46% ብርኪ ነይሩዋ። "ኤለክትሪክ ቦንድ ኤንድ ሼር" ዝተባህላ ትካላት ድማ ንመገዲ ባብሩን ሕርሻ ባናናን ዝኸዐውን ጠለባት ኤለክትሪክ የቕርባላ ነይረን። ብሓፈሻ እዘን ሰለስተ ኩባንያታት ኣብ ጓቲማላ ናይ 100 ሚልዮን ዶላር ዝኸዐውን ወፍሪ ነይሩወን። ኣርበንዝ ዘተኣታተዎ ሓድሽ መምርሒታት ንፈጸምቲ ኣካላት፣ ወነንቲ ብርኪን ወኪል ሰለስተአን ትካላት ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስን ኣይተዋሕጠሎምን።

ኣብ ፈለማ 1955፣ መንግስቲ ጓቲማላ "ዩናይትድ ፍርዩት" ወኒናቶ ከተብቅዕ ኣብ ጥቕሚ ዘየውዓለቶ 234,000 ሄክታር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣእተዎ። "ዩናይትድ ፍርዩት" 1.85 ሚልዮን ዶላር ካሕሳ ክትቅበል ምኻፂና ብወግዒ ኣፍለጠ። ፈጸምቲ ኣካላት እዛ ኩባንያ ግን ነቲ ሓሳብ ብምንጻግ 19 ሚልዮን ዶላር ካሕሳ ሓተቱ። መብዛሕትኦም ጓቲማላውያን ነቲ ስጉምቲ ብጽቡቕ መንፈስ ክቕበሉዎ ከለዉ፣ ንዋሺንግተን ግን ኣይተዋሕጠላን። ሓያሎ ኣብ ግዜ ምምሕዳር ኣይዘንሃወር ጽቡቕ ጽልዋ ዝነበሮም

ናይ ቀደም ኣዕሩክዐ “ዩናይትድ ፍርዩት” ብመንግስቲ ጓቲማላ ዝተወስደ ምምላስ መሬት ዘይሕጋዊ ጥራይ ዘይኮነስ ጽልዋ ዴስነት ዘሎዎ ምካዒኑ ብጓሂ ገለጹ። ኣብ ጓቲማላ ዝመጸ ለውጢ ናብ ካልኦት ሃገራት ከየስፋሕፍሕ ከኣ ተጨነቑ። ስለዚ፣ ረብሓ “ዩናይትድ ፍርዩት” ንምዕቃብ፣ እታ እንኮ ምርጫ ንኣርበንዝ ካብ ስልጣኑ ምእላይ ነበረት። ገበርቲን ሓደግቲን ሰበ-ስልጣን ዋሽንግተን ብዛዕባ ኣብ ጓቲማላ ዝነበረ ክውንነት ፍጹም ኣፍልጦ ዘይነበሮም ክንሶም፣ ምምዕርራይ መሬት ጓቲማላ ማርክሳዊ ሰረት ዘሎዎ ምካዒኑ ኣፎም መሊኦም ተዛረቡ። ከምዚ ዝበለ ሓያል ለውጢ ኣንጻር ትካላት ኣመሪካ ካብ ዴሳዊ ኣተሓሳስባ ዝዓብለሎ ኣካል እንተ ዘይኮይኑ ካብ ካልእ ክመጽእ ከም ዘይክእል ሰበኹ። ኣብ ጓቲማላ ዝነበረ ዴሳዊ ሰልፊ ህዝባዊ ሰረት ኣይነበሮን። በቲ ኣርበንዝ ዘርእዮ ዝነበረ ምንቅንቓስ ድማ ንኣመሪካ ከኞጥዓ -መረ። ሰበ-ስልጣን ዋሽንግተን ከኣ ከም ቀንዲ መቀናቕንቶም ረኣዩዎ። ካብቲ ኣመሪካ ዝፈጸመቶ ጌጋ ኣርበንዝ ንጓቲማላ ናብ ዴሳዊ ስርዓት ይወስዳ ኣሎ ዝብል ግጉይ ግምት ኢዩ። ካልኦይ ጌጋኦም ሕብረት ሶቬት ብዝነደፈቶ መምርሒ ስራሕ ይጓዓዝ ኣሎ ዝብል ግምት ምሃቦም ኢዮም። ነዚ ዓሚቑ ጥርጣረ ከረጋግጽ ዝክዕእል ጭብጢ ግን ኣይተረክዐበን። ዳላስ ድሕሪ ዝከዑነ ኣንጻር ኣመሪካ ዝግበር ሽርሒታት ሕብረት ሶቬት ኣላ ዝብል ግምት ነበሮ። ብቐደሙ ዳላስን ብጾቱን ናብ ስልጣን ክምጹ ከሎዉ ነቲ ኣብ ጓቲማላ ዘሎ ስርዓት ምእላይ ዝብል ሓሳብ ሒዞም ኢዮም መጺኦም። ብከዐመይ ከም ዘተግብሩዎ ግን ንጹር ሓሳብ ኣይነበሮምን። ዓወት ከርሚት ሩዝቨልት ኣብ ኢራን ከም ኣዓዋቲ መገዲ ቆጸሩዎ። ነቲ ኣብ ጓቲማላ ዝግበር ስርሒት ከኣ “ስርሒት ዓወት” ኢሎም ሰመዩዎ።

ነቲ ውጥን ንምትግባር፣ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ከም መበገሲ ኣብ ታሕሳስ 1953 ሰለስተ ሚልዮን ዶላር ገንዘብ ሰልዐ። እቲ ስርሒት ብፕሮፖጋንዳ ክጅመር ኢዩ ተዋዲዱ። ብድሕሪኡ ዝውሰድ ስጉምቲ ከኣ ጎነጽ ዝተሓወሶ ውሽጣዊ መበገሲታት ዘሎዎ ኣምሲልካ ዝግበር ናይ ዘይርግኣት ስጉምትታት ምውሳድ። እቲ ስርሒት ኣብ ኢራን ካብ ዝተካዐየደ ዕልዋ ዝዓቢ ከም ዝከዐውን ፍሉጥ ነበረ። ሓሳብ ኣለን ዳላስ ካብቶም ኣብ ጓቲማላ ዝርከቡ ተቓወምቲ ሰልፍታት ሓደ ሓያል ደጋፊ ኣመሪካ ምርካብ ኢዩ። ማእከል ሰለያ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ናይ ወጻኢ መንግስቲ ካልኣይ ዕልዋ ንምክያድ ካብ ፕረዚደንት ኣይዘንሃወር መምርሒ ተቐበለ። ነቲ መምርሒ ኣብ ውሽጢ ጓቲማላ ኮይኑ ዘተግብሮ ከኣ

ብማእከል ስለያ ኣመሪካ ዝተሓጽየ መራሒ ደባይ ተዋጋኢ ዝነበረን ኣብ 1950 ኣብ ዝተካየደ ናዕቢ ዝመርሐን ካርሎን ካስቲሎ ኣርማስ ነበረ። ኣብ ቀውዒ 1954 ኣርማስ ኣብ ሆንድራስ ነበረ። ማእከል ስለያ ኣመሪካ ብወገኑ ተቓለስቲ ይምልምልን የዕጥቕን፣ ነፈርቲ ይቕርብን ወተሃደራዊ መዓስከራት የዳሉን ነበረ። ካብ ሰበ-ስልጣናት ሆንድራስን ኒካራጓን ሓገዝ ከም ዘይፍለዮ ከኣ ኣረጋገጸ።

ማእከል ስለያ ኣመሪካ ነቲ ዕልዋ ኣብ ምስላጥ ጥጡሕ ባይታ ኣብ ምምስራት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዳላስ ዲፕሎማሲያዊ ወፈራኡ የካይድ ነበረ። ኣብ ካራካስ፣ ቬንዙዌላ ኣብ ዝተካየደ ርክብ ማሕበራት ኣመሪካ ዳላስ፣ ኣብ ምዕራባዊ ንፍቀ-ክቢ እትርከብ ሃገር ካብ ደሳውያን ሃገራት ምትእትታው እንተ ኣጋጢሙዋ፣ ዝከዖነት ሃገር ስጉምቲ ክትወስደላ ምሉእ መሰል ከም ዘሎዋ ኣፍለጠ። ኣብቲ ኣከዉባ ዝነበረ ወኪል ጓቲማላ፣ ነቲ ብይን፣ “ነቲ ኣብ ጉዳይና ክግበር ዝህቀን ዘሎ ጣልቃ ምእታው ቅድመ-ምድላዋት ምግባር ኢዩ” ብምባል ተቓወሞ። ልዕሊ ፍርቂ ናይቶም ወከልቲ ሃገራት ምስዚ ሓሳብ ተሰማምዑ። ኣብ መወዳእታ ግን ዳላስ ካብ 16 ሃገራት ደገፍ ብምርካቡ ን“ኣዋጅ ካራካስ” ተዓወተሉ። ጓቲማላ ጥራሕ ድማ ተቓወመት። ኣር-ንቲናን መክሲኮን ድምጺ ካብ ምሃብ ተቖጠባ። እዚ ንኣመሪካ ዓቢ ዓወት ነበረ። ኣርበንዝ በቲ ውሳነ ተሰናበደ። ኣሕዋት ዳላስ ኣብ ልዕሊ ኣርበንዝ ክሳብ ስልጣኑ ዝገድፍ ጸቕጢ ከብዝሑ ወሰኑ። ቅድሚ ነዚ ነገር ምፍጻሞም ግን ኣርበንዝ ሓደ ጌጋ ፈጸመ።

ኣብ 1944 ጓቲማላ ደሞክራሲያዊት ሃገር ካብ እትከዐውን ኣመሪካ ቀንዲ ቀራቢት ወተሃደራዊ ኣጽዋር ጓቲማላ'ያ ነይራ። ድሕሪ መሰጋገሪ እዋን ግን ሓገዝ ኣቋረጸ። ብዘይካ'ዚ ኣመሪካ ንዴንማርክ፣ መክሲኮ፣ ኩባ፣ ኣር-ንቲናን ስዊዘርላንድን ናብ ጓቲማላ ዝሸጥኦ ዝነበራ ኣጽዋር ከቋርጽኦ ጸቕጢ ገበረትለን። ማእከል ስለያ ኣመሪካ ንተቓወምቲ ጉጅለታት ከዕጥቕ ምስ -መረ ኣርበንዝ ኣጽዋር ካብ ቼኮዝላቫኪያ ክዕድግ -መረ። ዳላስ ነዚ ተግባር ምስክር “ደሳዊ ምትእትታው” ብምባል ኣወ-። ኣብቲ እዋን'ቲ ንኣርበንዝ ምክዐልካሉ ንዋሽንግተን ዘይክኣል ኰና። ዕልዋ መንግስቲ ኣዝዩ ብምስጢር ተታሒዙ ብምንባሩ ሓደ እኳ ክቃወም ወይ ክጥንቀቕ ወይ ከኣ ክከላከዐል ዝክዐእል ኣይነበረን።

ብ18 ሰነ ኣርማስን ብጾቱን ንሆንድራስ ገዲፎም ናብ ግዝኣት ጓቲማላ ኣተዉ። እዚ ከኣ ወራር ምጅማሩ መረጋገጺ ኰነ። ኣርበንዝ ንሰራዊቱን ኣባላት ፖሊስን ኣብ ተዳሎ ክጸንሑ ኣዘዘ። ሰራዊት ግን ናብ ዶብ ኣይለኣከዐን። ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ጓቲማላ ናብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ህጹጽ ጥርዓን ኣብ ዘቕረበሉ ግዜ ወተሃደራውያን ነፈርቲ ኣመሪካ ድሮ ደብዳብ -ሚረን ነይረን። ደብዳብ ነፈርቲ ንመዓልታት ቀጸለ። ደብዳብ ነፈርቲ ማዕረ እቲ ዝፍኖ ዝነበረ መደባት ረድዮ፥ ሃዋሁ ኲናት ከም ዘሎ ንምምሳል ዝተኣልመ ኢዩ። ብ19 ሰነ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ጓቲማላ ከቢድ ሕንፍሽፍሽን ነውጺን ከም ዝተላዕለ ዝሕብር ሓበሬታ ከም ዝረከዐበ ኣፍለጠ። ኣብ ውሽጢ “ስርሒት ዓወት” ተደጕሉ ዝነበረ ሓሶት ፈነዎ። ምምሕዳር ኣመሪካ፥ “ጓቲማላውያን ኣንጻር መንግስቲ ዝገብሩዎ ምልዕዓል ካብ ምካዪኑ ሓሊፉ ካልእ ዝከዑነ ይከውን ዝብሃል መርገጺ የለን፥” በለ። ኣርበንዝ እዚ መግለጺ ሓቂ ከም ዘይኰነ ይፈልጥ ነይሩ። ብድሕሪ እቶም ዕጡቓት ወገናት ኣመሪካ ከም ዘላ ግን ኣይሰሓተን። ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ጎስጓስ ጸቒጡ ድማ ሰርሐ። ኣብ ትሕቲ ከቢድ ጸቕጢ ኣመሪካ፥ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጓቲማላ ኣጋጢሙ ዝነበረ ዘይምርግጋእ ከም ዘይምርምሮ ኣፍለጠ።

ኣብ መጨረሽታ ደቒቕ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ጓቲማላ ቁጠዐ ዝመልኦ ጥርዓን ናብ ዳላስ ለኣከዐ። ዳላስ ኲነታት ከምቲ ዝሓሰቦ ይከዐደሉ ብምንባሩ ነቲ ጥርዓን ነጸጎ። ኣብ ውሽጢ ጓቲማላ እንታይ ይካየድ ምንባሩ ዝፈልጥ ሓደ ናይ ወጻኢ ኣካል እኳ ኣይነበረን። ጓቲማላውያን በቲ “ድምጺ ሓርነት” ዝተሰምየ ረድዮ ዝፍኖ ዝነበረ ሓሶታት ክታለሉ ክኢሎም ኢዮም።

ደብዳብ ነፈርቲ ማእከላይ ስለያ ኣመሪካ ምስ ጸዓቐ ኣርበንዝ ይሰዓር ምህላዉ ኣስተውዓለ። ብ27 ሰነ ድማ ካብ ስልጣኑ ወረደን ፖለቲካዊ ዑቕባ ኣብ ኤምባሲ መክሲኮ ረከዐበን። ኮለኔል ዳያዝ ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ፥ ንጓቲማላውያን ቃልሲ ኣንጻር ወረርቲ ክዕወት ምካዪኑ ቃል ኣተወሎም። ብዘረባ ኮለኔል ዳያዝ ዝተቖጥዑ ኣመሪካውያን ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ንዳያዝ ኣውሪዶም ብኮለኔል ኤልፈግዮ ሞንዞን ተክኡዎ። ዳያዝ ብሓይሊ ብረት ኢዩ ካብ ስልጣኑ ክእለ ተገዲዱ። ኣመና ቅልጡፍ ፍጻመታት ይርአ ብምንባሩ፥ ብ5 ሓምለ እውን ሞንዞን ኣሰር ዳያዝ ከም ዝስዕብ ኰነ። ንሞንዞን ተኪኡ ካስቲሎ ኣርማስ ፕረዚደንት ጓቲማላ ምካዪኑ ንነብሱ ኣወ-ላ። ዳላስ ኣብ ልዕሊ ዴሳውያን ዓቢ ዓወት ከም ዝተጓናጸፈ ጨደረ። ንኣርበንዝ ዝዓለዉ ጓቲማላውያን ምካዪኖም

*ጸቑጡ ተዛረበ። ንኣርበንዝ ድሕሪ ምዕላው፣ ኣመሪካ ንመሰረታዊ መሰላታ ዘክዕብር ስርዓት ኣብ ስልጣን ኣምጽአት። እንተከዑነ ንባህርያዊ ጸጋታት ጓቲማላ ከም እንደገና ንምግባት ሓጢኣት ፈጸመት።*

*ጓቲማላ ንእሽቶ፣ ንጽልቲን ድክዐምቲን ካብ ኢራን እውን ኣጸቢ.ቓ እትንእስ ሃገር ኢ.ያ። ድሕሪ 1954 ዝነበረ ዕልዋ ዝመጸ ኮለኔል ካርሎስ ካስቲሎ ኣርማስ ልክዕ ከም ሻሃውያን ጸቓጢ መገዲ ክክዐተል -መረ። ሒደት ሰሙናት ስልጣን ድሕሪ ምጭባጡ ንፈደረሽን ኣፍረይቲ ባናናን ሕጊ ዳግመ ውዳበ ሕርሻን ኣፍረሰ። ፖለቲካውያን ውድባትን ጉጅለታትን ተኣገዳ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ጥርጡራት ጸጋማውያን ድማ ተኣሲሮም ሃሳዩ ስጉምቲ ተወሲደሎም። እዚ ጨቋኒ ኣገባብ ብፍርሒ ዝተባዕጠት ሃገር ፈጠረ። ብ14 ጥቅምቲ 1954 ኣርማስ ከም ፕረዚደንት ንክዐቕጽልን ደገፍ መረጽቲ ንክዐረክብን ብምባል ምርጫ ኣካየደ። ብመሰረት መንግስታዊ ጸብጻባት 485,531 ናይ ደገፍ ድምጺ ክረክብ ከሎ፣ 393 ጥራይ ናይ ተቓውሞ ድምጺ ረከዐበ። ብ27 ሓምለ 1957 ድማ ተቐትለ።*

*ኣርበንዝ ዴሳዊ ከም ዝነበረ ንዓለም መታን ከእምን፣ ዳላስ ንኣርበንዝ ኣብ ዴሳዊት ሃገር ዑቕባ ክሓትት ኣበርቲዑ ጸዓረ። ኣርበንዝ ናብ ሓያሎ ሃገራት ድሕሪ ምከዑላል ኣብ መጨረሽታ ናብ መክሲኮ ኣተወ። ኣብ መበል 58 ዓመት ዕድመኡ ብ27 ሓምለ 1971 ዓረፈ። ኣመሪካ ንኣርበንዝ ካብ ስልጣኑ ምዕላው ኣይመድለያን። ኣብ 1957 ግዜ ስልጣኑ ኣብቂዑ ባዕሉ ምወረደ። ኣርበንዝ ካብ ስልጣኑ ዝተኣልየ ብሰንኪ ዘተኣታተዎ ናይ ለውጢ ፖሊሲ ኢዩ። ዳላስ ንኣርበንዝ ዝዓለወሉ ምክዐንያት ከኣ ብክዐልተ ነገራት ኢዩ። ቀዳማይ ን"ዩናይትድ ፍርዩት" ብምድካዐሙ፣ ካልኣይ ንጓቲማላ ካብ መስመር ኣመሪካ ኣውጺኡ ናብ ዴስነት ዝመርሓ ዘሎ ይመስል ብምንባሩን ኢዩ። ድሕሪ ጽዑቕ መጽናዕቲ ተመራማሪ ታሪክዐ ኒክ ኩላተር፣ ኣመሪካ ዳርጋ ንዘይትፈልጦ መንግስቲ ከም ዝዓለወት ሓቢሩ።*

*ብዙሓት ጓቲማላውያን በቲ ዝተካዐየደ ዕልዋ መንግስቲ ተሰናቢዶም ኢዮም። ገሊኦም ሰውራውያን ክከዑኑ ከሎዉ፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ከኣ ኣንጻር መንግስቲ ብረት ኣልዒሎም። ኪኖኡ ዝሰዓበ ከኣ ኣሰቃቒ ኣተሓሕዛ ዜጋታት ብመንግስቲ ኢዩ። ከም ሳዕቤኑ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት ተቐቲሎም። ካብ 1960 ክሳብ 1990 ብሚልዮናት ዶላራት ዝግመት ወተሃደራዊ ኣጽዋር ካብ ኣመሪካ ንጓቲማላ ተዋሂቡ። ብ1968 ድማ ደባይ ተዋጋእቲ ጓቲማላውያን ንኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ጓቲማላ ዝነበረ ቀተሉዎ።*

ብሰንኪ "ስርሒት ዓወት" ኣብ ላቲን ኣመሪካ ተራእዩ ዘይፈልጥ ምፍሳስ ደም ኣብ ጓቲማላ ተራእየ። ሳዕቤን "ምልዋጥ ስርዓት" ኣብ ጓቲማላ ክሳብ ቀረባ ግዜ ጎሊሑ ኣይተራእየን። ኣብ ግዜ ኣርበንዝ ጸጋማዊ ኣረኣእያ ዝነበሮም ላቲን ኣመሪካውያን ናብ ጓቲማላ ተሳሒቦም። ሓደ ካብኣቶም ኣር-ንቲናዊ መንእሰይን ድሒሩ ምስ ፊደል ካስትሮ ዝተራከዐበን ቸ ጉቬራ ይርከቦም። "ስርሒት ዓወት" ንኲባውያን፣ ኣመሪካ ኣብ ላቲን ኣመሪካ፣ ደሞክራሲያዊ ሃገራውነት ክህሉ ከም ዘይትደሊ ምሂሩዎም። ካስትሮን ቸ ጉቬራን ናብ ስልጣን ምስ መጹ፣ ኩለን ትካላትን ብደገ ዝውነና ኮርፖረሽናትን ክወጻ ከም ዘሎወን ተሰማሚዖም። ብንጹር ሓንቲ ካብተን ብ"ስርሒት ዓወት" ዝከዐሰራ ኩባንያታት "ዩናይትድ ፍርዩት" ነበረት።

ብ1996 ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ጓቲማላን ደባይ ተዋጋእቲን ስምምዕ ሰላም ከተሙ። እዚ ግን ነቲ ኣብ ጓቲማላ ሰፊኑ ዝነበረ ዘይምዕሩይ ህይወት ክፈትሖ ኣይክኣለን። ንጸቓጢ ኣመራርሓ መንግስቲ ድማ ብመጠኑ ከዐግሶ ክኢሉ ኢዩ። "ኮሚሽን ታሪካዐዊ ምጽራይ" ብዝብል ስም ዝተረቑሐ ኮሚሽን ቀይሙስ፣ ጠንቂ ግርጭት ከጸንዕ ተበጊሱ። እዚ ኮሚሽን ብዝገበሮ መጽናዕቲ ልዕሊ 200,000 ሰባት ህይወቶም ስኢኖም። ካብዚኣቶም እቶም 93% ብወተሃደራት ዝተቐትሉ ኢዮም። ጸብጻብ እቲ ኮሚሽን ኣብ መዛዘሚ ቃሉ፣ "ክሳብ መፋርቕ 1980 መንግስቲ ኣመሪካን ብሕታውያን ኩባንያታት ኣመሪካን እታ ሃገር ካብቲ ዝነበረቶ ድሑር ኣገባብ ከይትስጉም ሓይሊ ተጠቒሞም ከም ዝከዐልከሉዋ" ሓቢሩ።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ጓቲማላ እንታይ ዓይነት ዕንወት ከም ዘውረደት ዝተረድአ ዝመስል ፕረዚደንት ቢል ክሊንተን ኢዩ። ሒደት መዓልታት ኮሚሽን ታሪካዐዊ ምጽራይ ስራሑ ድሕሪ ምፍጻሙ ክሊንተን ናብ ጓቲማላ በጺሑ ነይሩ። ክሊንተን ኣብ ከተማ ጓቲማላ ተኣኪቡ ንዝነበረ ህዝቢ፣ "ኣመሪካ ንጓቲማላ ወተሃደራዊ ሓገዝ ብምሃብን ኣሃዱታት ስለያ ኣብታ ሃገር ጣልቃ ብምእታውንን ናዕቢን ሰፊሕ ጸቕጢን ፈጢርና። ኣመሪካ ከምዚ ዓይነት ጌጋታት ክትፍጽም ኣይነበራን፣" ኢሉ።

ኣብ ኢራን፣ ጓቲማላን ቺለን ዝነበሩ ዕልዋታት ተመሳሳልነት ኣሎዎም። እዘን ሰለስተ ሃገራት ባህርያዊ ጸጋ ዝተዓደላ ኢየን። እንተከዐኑ ጸጋታተን ኣብ ኢድ ናይ ደገ ሓይልታት ኢዩ ወዲቑ። ሃገራውያን መራሕቲ ሃብቲ ሃገሮም ክመልሱ ኣብ ዝፈተንሉ እዋን፣ ኣመሪካ ነተን ሃገራት ናብ ዓውደ-ውግእ ትቕይረን። እዘን

ዝተጠቕሳ ሃገራት ብዋጋ ሰብኣዊን ማሕበራዊን ነገራት ናብ ዓንኬል ኣመሪካ ክኣትዋ ተገዲደን ኢየን።

ዳይረክተራት ዓበይቲ ኮርፖረሽናት ንሞሳደኝ፡ ኣርበንዝን ኣለንደን ክዓልዉ ካብ ዝተበገሱ ቀዳሞት ኣካላት ኣመሪካ ኢዮም። ዕላማኦም ንምውቃዕ ኣብ ዋሽንግተን ንዝርከቡ ረብሓ ዘሎዎም መራሕቲ የእምኑዎም። ፍልልይ ስነ-ሓሳብን ቁጠባዊ ረብሓን ንኣመሪካ ናብ ምትእትታው ካብ ዘምርሑ ጠንቅታት ኢዮም። እቶም ንሓሳብ ዕልዋ መንግስታት ኢራን፡ ጓቲማላ፡ ደቡብ ቬትናምን ቺለን ዘፍለቑ ስልጣን ዝሃቡን ኣተግበርቲ ኣካላትን ከም ዓበይቲ ዓወት ይቖጽሩዎ። ታሪኽዐ እንተ ተመልኪትና ግን እቲ ሓቂ ንሱ ኣይኮነን። እዚን ካልእ ከምኡ ዝመስል ነገራት ንዝሑል ኲናት ኣናዊሑዎን ሓላሊኽዑዎን ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ሚልዮናት ህዝብታት ዓለም፡ ንኣመሪካ ከም ተጋላባጢ መርገጺ ዘሎዋ፡ ብእከያት እትምራሕ፡ ደሞክራሲያውያን መንግስታት ብውልቀ-መለኽዐቲ ክትክኡ ባህታ ዝሀባን ሃገር ገይሮም ይቖጽሩዋ።

# 9. ደቡብ ቬትናም

ብ11 ሰነ 1963 ኣብ መንጎ ኣመንቲ ቡድሃን ብኣመንቲ ካቶሊክ ዝዕብለል መንግስቲ ደቡብ ቬትናምን ብነብሰ-መስዋእቲ ሓደ ቀሺ ቡድሃ ዓረፈ። ልኡክ0 "ኣሶሽትድ ፕረስ" ማልኮም ብራውን ነቲ ዘሕዝን ኣጋጣሚ ስኢሉዎ ነይሩ። ኣብ ዝቐጸለ ኣዋርሕ ከኣ እቶም ሽዑ ዝተላዕሉ ኣሳእል ንፕረዚደንት ጆን ኤፍ ኬነዲ ኣንፈቱ ናብ ደቡብ ቬትናም ከቕንዕ ደረኽዖ። መራሕቲ ኣመሪካ ዘምጽኡዎ ምኽዕኒት፡ በቲ ዘጋጠመ ቅልውላው ፕረዚደንት ዲየም ተኣማንነት ኣጥፊኡ ክክዕውን ስለ ዝክዕእል ምዕላዉ ዝሓሸ እዋን ምካዑኑ ርጉጽ ገበሩዎ። ኣብ 19 ዘመን ቬትናም ግዝኣት ፈረንሳይ'ያ ነይራ። ድሕሪ ካልኣይ ኵናት ዓለም ግን ብመግዛእቲ ዝሰከሖ ህዝቢ ሃገራዊ ስምዒቶም ተለዓዓለ። እዚ ግን ንሓያሎ መራሕቲ ካልኦት ሃገራት ኣይተሰቆሮምን። ኣብ ቬትናም ርሑቕ ሰኣን ምምዕዳው ነብሶም ዘዕነዉ ከኣ ኣመሪካውያን ነበሩ። ከም ውጽኢቱ ኣመሪካ ኣብ ታሪካ0 ዝለዓለ ሕፍረት ተጎልቢባ ከተንሳሕብ ተገደደት።

ኣብ ካልኣይ ኵናት ዓለም ንደቡብ ቬትናም ትቋጻጸራ ዝነበረት ጃፓን ኢያ። ንግዝኣት ጃፓን ዘይተቐበሉዎ ሓረስቶት ቬትናም፡ ኣመሪካ ብዝደርበየትሎም ኣረጊት መሳርያታት ተጠቒሞም ክቃለሱ -መሩ። ጃፓን ኣብ ካልኣይ ኵናት ዓለም ብወግዒ ስዕረታ ምስ ኣፍለጠት፡ መራሒ ምንቅስቓስ ተቓለስቲ ቬትናም ዝነበረ ሆ ቺ ሚን ናጽነት ሃገሩ ኣወ-። ብ2 መስከረም 1945፡ ኣብ ሆናይ ንዝተኣከበ ህዝቢ፡ "ኩሎም ህዝቢ ዓለም ብማዕረ ኢዮም ተፈጢሮም። ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኦም ከኣ ብማዕረ ይውከሉ። ገለ ካብ ንከዑላትና ፍጡራት ዘይንፈገና ባህርያዊ ጸጋታት ናይ ምንባር መሰል፡ ሓርነትን ማዕረ ናይ ምሕጓስ መሰልን ኢዮም።" መዋእሉ ንኣመሪካውያን እናተከዐታተለ ዝዓበየ ሆ ቺ ሚን መብዛሕትኡ ምንቅስቓሱ ንኣመሪካውያን ኢዩ ዝመስል ነይሩ። ፈረንሳይ፡ ብሪጣንያ፡ ቻይናን ሕብረት ሶቬትን ንሓድሽ መንግስቲ ደቡብ ቬትናም ኣፍልጦ ኣይሃበኦን። ሆ ቺ ሚን ናብ ኣመሪካ ከቕንዕ እምበኣር ባህርያዊ ነበረ። ከምቲ ዝሓሰቦ ግን ኣይኮነሉን።

ፈረንሳይ ናይ ቀደም ግዝኣት ዘኪራ ንቬትናም ተመለሰታ። መራሒ ቬትናም ሆ ናጽነት ሃገሩ ንምውሓስ መሊሱ ምስ ፈረንሳይ ክቃለስ ከም ዘሎዎ ኣመነ። ኵናት ቬትናምን ፈረንሳይን ኣብ ጥርዙ ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ፡ ብ1953 ኣይዘንሃወር ፕረዚደንት ኣመሪካ ኰይኑ ተመርጸ።

ሓይሎም እናተዳከዐመ ዝመጽእ ዝነበረ ፈረንሳውያን ኲናት ኣቋሪጾም እታ ግዝኣት ከረክቡዎ ወድኡ። ኣብ ፈለማ 1954 ተዛተይቲ ፈረንሳይን ቬትናምን፡ ካልኦት ካብ ቻይና፡ ብሪጣንያ፡ ሕብረት ሶቬትን ኣመሪካን ወሲኽዑም ኣብ ፓሪስ ተጋብኡ። ንልኡኽዐ ኣመሪካ መሪሑ ዝነበረ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዳላስ ነበረ። ዳላስ ነቲ ስምምዕ ክዕንቅጽ እኳ እንተ መጸ ብዙሕ ግን ኣይተዓወተን። በቲ ስምምዕ መሰረት ቬትናም ኣብ ክልተ 17 ወገናት ተከዐዐፉፈለት። ሰሜናዊ ክፉል ቬትናም፡ ምስ ርእሰ-ከተማኡም ሆናይ ሓዊሶም ሰልፊ ዴስነት ክሕዙዋ ከሎዉ፡ ብፈረንሳይ ዝሕገዙ ዝነበሩ ሳይጎን ኣማእኪሎም ኣብ ደቡባዊ ክፉል ክውሰኑ ተረዳድኡ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ሃገራዊ ምርጫ ክካየድ'ሞ፡ ደቡብን ሰሜንን ቬትናም ክሓብራ ኢዩ እቲ ስምምዕ። ክሳብ ሽዑ ግን ዝከዖነ ይከውን ናይ ደገ ሓይሊ ናብ ክልተኦን ቬትናም ከይኣቱን ኣጽዋር ከይሽየጠሎን ክልኩል ነበረ። ብ9 ጥቅምቲ 1954 ፈረንሳይ ጠቕሊላ ካብ ቬትናም ወጸት።

ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዳላስ፡ ፈረንሳይ ኣብ ቬትናም ክትጸንሕ ዝክኣሎ ገይሩ፡ ክሰልጦ ግን ኣይክኣለን። ቬትናም ምርጫ ገይሮም ብዴሳዊ መንግስቲ ክምርሑ ግን ቀሲኑ ክዕዘብ ኣይክኣለን። እቲ ንክዐልተ ዓመት ተባሂሉ ዝነበረ ምፍልላይ ክልተ ቬትናም ቀዋሚ ክገብሮ ከኣ ጸዓረ። ንሓሳቡ ክዉን ንምግባር፡ ክኢላ ጸረ-ኣነዓዓብቲ ኮለኔል ኤድዋርድ ላንድስዳለ መረጸ። ላንድስዳለ ቅድሚ ሕጂ ደባይ ተዋጋእቲ ፊሊፕነስ ሓምሽሹ ራሞን ማግሳይሰይ ናብ መሪሕነት ዘምጸአ ኢዩ።

ንጎ ዲን ዲየም ብኣመሪካ፡ ኣብ ስልጣን ንክዐመጽእ ዝተሓርየ መራሒ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ሓምለ 1954 ከኣ ቀዳምይ ሚኒስተር ኰይኑ ተመርጸ። ላንድስዳለን ዲየምን ነዊሕ ዝምድና ነይሩዎም። ኣቐዲሙ ላንድስዳለ ንዲየም ካብ ክልተ ዕልዋታት ኣድሒኑዎ ነይሩ። ካልእ ብዙሕ ሓገዛት እውን ገይሩሉ።

ኣብቲ ምርጫ ሆ ከም ዝዕወት ጥርጥር ኣይነበረን። ኣመሪካውያን ግን ዓወት ሆ ኣይደለዩን።

ቬትናም ኣብ ክልተ ተከዐፉፈላ ክትጸንሕ ንክዐልተ ዓመት ጥራይ ዝነበረ ስምምዕ፡ ዳላስ ዲየምን ተሓባቢሮም ንምርጫ 1956 ኣሰጋገሩዎ። ከም ውጽኢቱ ክልተ ቬትናም ኰና። ኣብ መወዳእታ 1955 ዴም ንንጉስ ባኦ ዳይ ካብ ስልጣኑ ኣልዩ፡ ባዕሉ መራሒ ሃገር ምካዒኑ ኣወ-። ናብ ድላዩ ዘገላብጦ ቅዋም ከኣ ሓገገ። ሆ ንሰሜን ቬትናም ብክዐኢላታት ተቓለስቲ ገይሩ ክመርሓ ከሎ፡ ፈጸምቲ ሽማግለ ዲየም ግን ናይ ቀረባ ኣዝማዱ ነበሩ።

ኣመሪካ ንደቡብ ቬትናም ክትከላከዐለላ ምኽኒና ምስ ኣፍለጠት፣ ሆ ድማ "ንገዛኢት ኣመሪካ ሓግሒጉ ከውጽኣን ንጉጅለ ዲየም ንምጭፍላቕን" ኲናት ኣልዓለ። ኣብ ደቡብ በብወገኖም ዝነበሩ ሃይማኖታውያንን ፖለቲከዐታትን ኣንጻር ዲየም ክለዓሉ፣ "ሃገራዊ ግንባር ሓርነት" ዝተሰምየ ግንባር ኣቘሙ። እዞም ደባይ ተዋጋእቲ ናብ በረካዐታት ወጺኦም ቃልሶም -መሩ። ሰበ-ስልጣን ዋሽንግተን ንሃገራዊ ግንባር ሓርነት ከም ድኩዓማት መሳርሒ ፕሮፖጋንዳ ዴሳዊ ሰልፊ ርእዩዎም። ከምኡ ግን ኣይነበሩን። ዳላስ ብ1958 ምስ ሞተ ብድሕሪኡ ፕረዚደንት ኣይዘንሃወር እውን ኣብ ቬትናም ዝነበሮ ተገዳስነት ኣጥፍአ።

ኣብ ግዜ ምምሕዳር ኬነዲ፣ ኣብ ደቡብ ቬትናም ዝነበሩ ሰራዊት ኣመሪካ፣ ካብ 865 ናብ 16,500 ክብ በሉ። ኬነዲ ኩሉ ዝከኣሎ ኣጽዋር ሰዲዱ ንኣንፈት ኲናት ክልውጦ ኣይክኣለን። እንትርፎ እቲ ንሳቶም ዝከዑስኰሱዎ ዲየም፣ ካልእ ንኣመሪካ ዝሰማምዓ መራሒ ቬትናም ኣይረከበትን። በቲ ጸጸኒሑ ኣብ ሃገሩ ዝግበር ዝነበረ ምትእትታው ግን ዲየም ኣይተሓጐሰን። ኣብ ቬትናም ኣትዮም ዝነበሩ ወተሃደራት ኣመሪካ ነቲ ኲናት የብእሱዎ ከም ዝነበሩ ተሰቆሮ።

መወዳእታ ትርኢት ድራማ ዲየም፣ ኣብ 8 ግንቦት 1963 ኣመንቲ ቡድሃ፣ መበል 2,527 ዕለተ ልደት ቡድሃ ከብዕሉ ምስ ተኣከቡ'ዩ ተራእዩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ሰዓብቲ ቡድሃ ባንዴራ ቡድሃ ከየልዕሉ ተሓበሮም'ሞ፣ ሕርቃኖም ኀሲዑ፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣንጻር ዲየም ክጉስጉሱ ተበገሱ። እቲ ኣብ ምሉእ ሃገር ዝተላብዐ ናዕቢ፣ ብ11 ሰነ፣ ሓደ ፈላሲ ኣማኒ ቡድሃ ነብሱ ብምስዋእ ዛዘሞ።

ዲየምን መቕርቡን ነቲ ፍጻመ ኣዕብዮም ኣይርኣዩዎን። ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ግን ክስዕቦ ዝክዐእል መዘዝ ቀልጢፉ ተሰቆሮም። ዓመተ 1963 ንኣመሪካውያን ካብ ቬትናም ብዙሕ ዘሕጉስ ዜና ኣይተቐበሉላን።

ደባይ ተዋጋእቲ ቀስ እናበሉ 20% ደቡብ ቬትናም ተቘጻጸሩዎ። ሰራዊት ደቡብ ቬትናም እውን ክዋግኡ ድርኺት ኣይረከቡን። ብልሽውና ኣስፋሕፊሐ። ዲየም ምስኡ ተቐባልነቱ ኀደለ። ክብሩ ክሕሉ ምድቋስ ዜጋታት ስራሐይ ኢሉ ተተሓሓዞ። ፕረዚደንት ኬነዲ ንሀንሪ ካቦት ሎጅ ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ደቡብ ቬትናም መረጸ። ሎጅ ኣብ ሳይጎን ምስ በጽሐ ግን እታ ሃገር ኣብ ቅልውላው ኢያ ጸኒሓቶ። ካልኦት ኣርባዕተ ፈለስቲ ነብሰ-መስዋእቲ ምስ ፈጸሙ፣ ዲየም ኣብ ዝበኣሰ ሕንሽፍሽ ተተክዐለ።

ኣምባሳደር ሎጅ ግን ንዲየም ንምትካእ ኢዩ ዝሰርሕ ነይሩ። እቲ ዕልዋ ዲየምን ሓዉን ብምቕታል ተፈጸመ። -ነራል ዶንግ ቫን ሚን ንዲየም ተኪኡ ፕረዚደንት ኰነ። ሰለስተ ወርሒ ከይጸንሐ ግን ንሱ እውን ብዕልዋ ተኣልየ። ብድሕሪኡ ዝሓየለ ኢዩ ንደቡብ ቬትናም ዝመርሓ ነይሩ።

ድሕሪ ዕልዋ 1963 ሰበ-ስልጣን ዋሽንግተን፣ ኣብ ደቡብ ቬትናም ዓቢ ሓላፍነት ከም ዘሎዎም እናኣመኑ መጹ። እቲ ዕማም ገና ዘይተፈጸመ ስለ ዝመሰሎም ሰራዊቶም ክስሕቡ ኣይክኣሉን። ብዙሓት ነቲ ዕልዋ ዝሰርዑ ግን ድሕሪ ዓመታት ዝዓበየ ጌጋ ከም ዝፈጸሙ ተረዲኡዎም።

ኣብ መፋርቕ 1960ታት ፕረዚደንት ጆንሰን ኣብ ደቡብ ቬትናም ዝኣተዎ መብጽዓታት እናኣዛየዶ መጸ። ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ኣመሪካውያን ወተሃደራት ኣብ ደቡብ ቬትናም ሰረቱ። ውግእ ቬትናም ግን መሪሕነት ጆንሰን በሊሉ፣ ንሕብረተሰብ ኣመሪካ እውን ዘሰንበደ ኢዩ። ብ30 ሚያዝያ 1975 ምትእትታው ደቡብ ቬትናም ብዘሕፍር ስዕረት ኣመሪካ ተዛዘመ። ብጥቕላላ 58,168 ህይወት ወተሃደራት ኣመሪካ ኣብ ቬትናም ጠፊኡ።

ዕልዋ ዲየም ኣብ ውግእ ቬትናም እምነ-ኵርናዕ ኢዩ። ድሕሪ ቅትለት ዲየም ኣመሪካ ሰፊሕ ሰረት ዘሎዎ መንግስቲ ክትምስርት ትክዕእል ነይራ። ኣብ ክንድኡ ግን ኵናት ንምቅልጣፍ ዘዝሓየለ ኣብ ስልጣን ከተደይብ ነዊሕ ግዜ ወሲዳ። ዳላስ እውን ኣብ ስዕረት ኣመሪካ ዝለዓለ ኢድ ነይሩዎ። ኣብ ጌጋ ባዕላዊ ትንታነ ዴስነት ተመርኵሱ፣ ነቲ ኣብ 1954 ክፍጸም ተሓሲቡ ዝነበረ ሕብረት ሰሪዙዎ። ንሱ ከይኣክል፣ ቅድሚ ሞቱ ምምሕዳር ኬነዲ፣ ኣብ ቬትናም ዝለዓለ ኣቓልቦ ክገብሩ ተላብዩ ከይዱ። ኵናት ቬትናም ብሓፈሻ ንኣመሪካ ክግመት ዘይክኣል ዓለማዊ ረብሓ ኣጥፊኡላ።

# 10. ቺለ

ብ15 መስከረም 1970 ብርክት ዝበላ ንግዳዊ ትካላትን መንግስታውያን ሰበ-ስልጣናትን ጌና እግሪ ንዘይተከዐለ መንግስቲ ክዓልዉ ወሰኑ። ናይ ከምዚ ዓይነት ስሪሒት ግዳይ ዝኾነ እቲ ናይ መጻኢት ቺለ ፕረዚደንት ክኸዐውን ትጽቢት ዝተነብረሉ ሳልቫዶር ኣለንደ ጎሳም ዝተባህለ ወዲ ቺለ ኢዩ። እዚ ግንጢነት ኣመሪካ ዘርኣየ ናይ ገሃሲን ዘይውሑስን ውጥን ተባሂሉ ዝተሰመየ ኢዩ።

ቺለ ኣብ ገማግም ኣመሪካ ኣዝያ ዝረሓቐት ንእሽቶ ሃገር ኮይና ናብ ኣመሪካ ዝቐንዐ ዝኾነ ይኹን ወተሃደራዊ ህቀና ገይራ ኣይትፈልጥን። ምዕዋት ኣለንደ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 4 መሰከረም 1970 ግን ኣብ ዙርያ ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ራዕዲ ፈጠረ። ምሉእ መዋእሉ ኣንጻር ሃጸያውያን ኮይኑ ኣድናቒ ፊደል ካስትሮ ዝነበረ ኣለንደ፣ ብኣመሪካውያን ዝውነና ኩባንያታት ክህግረን ምኳኒኑ ኣቐዲሙ ኣፍለጠ።

ኣለንዶ ኣብቲ ዝተካዐየደ ምርጫ 36.3% ድምጺ ብምርካቡ እኳ ብድምጺ ብልጫ ኣይተዓወተ፣ መሪሕነቱ ግን ኣባይቶ ቺለ ኣረጋገጸሉ። እቲ ሓቂ እዚ እናኸውነ፣ ኣብ ቺለ እቲ ዝሃብተመ እናተባህለ ዝጥቀስ፣ ወናኒ'ታ ዝዓበየት ጋዜጣ እታ ሃገር ኣውጎስቲን ኤድዋርድ ግን ኣይተዋሕጠሉን። ተቓውምኡ ብኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ሳንቲያጎ ኣወንታዊ ግብረ-መልሲ ስለ ዘይተዋህቦ ናብ ዋሽንግተን ከደ። ኤድዋርድ ብዝኸውነ መለክዒ ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ መራሕቲን ወነንቲ ትካላትን ዝዋዳደር ሓይሊ ዝነበሮ፣ ሓደ ካብቶም ወፍሮም ኣብ ቺለ ዘጣጥሑ ሰባት ኢዩ። ኣብ ምምሕዳር ኒክሰን ድማ ዝለዓለ ቦታን ባይታን ነበሮ። ፕረዚደንት ኒክሰን ብተደጋጋሚ ከም ዝኣወጀ፣ ተልእኮዐ ምምሕዳሩ፣ ጥቕምታት ኣመሪካውያን ኣውፈርቲ ምሕላው፣ ዴስነት ምቅላስን ጸረ-ኣመሪካ ምልዕዓላት ኣብ ምዕራባዊ ወገን ንጽቃጥን ብምንባሩ፣ ኤድዋርድ ነዚ ዕድል'ዚ ብምጥቃም፣ ንሰለስተኡ ድሌታት ኣመሪካ ኣብ ሃገር ቺለ ከተግብሮ ምኳኒኑ ንፕረዚደንት ኒክሰን ቃል ኣተወሉ።

እዚ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ "ዓለምለካዐዊ ኮርፖረሽን ቴለፎንን ቴለግራፊክስን" ዝተባህለ ትካል ዓቢ ክፋሉ ኣብ ቺለ ብምንባሩ ልክዕ ከም ኩባንያታት ኤድዋርድ ክህገር ምኳኒኑ ጽንጽንታ ተሰምዐ። ኣብ ሓሳብ ኣለንደ ዝነበረት ተቐዳዲምካ ንቴለኮምኒከሽን ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ምእታው ኢያ። ሃሮልድ

ጊኒን ዝተባህለ ናይ ቴለፎንን ቴሌግራፊክስን ኮርፖረሽን ሓላፊ ሚልዮናት ዶላራት ኣውጺኡ ንኣለንደ ከውርዶ ሓሳብ ኣቕረበ። ሀንሪ ኪሲን-ር ግን ንሓሳብ ጊኒን ኣይተቐበሎን። ስዉር ስርሒት ኣብ ቺለ ክካየድ እንተከዖይኑ ብዘይ ፍቓድ ፕረዚደንት ኒክሰን ክሳለጥ ኣይክእልን'ዩ ነይሩ። ኣብ መንጎ'ዚ ስርሒታት ብመንጎኝነት ኣቦ-መንበር ፔፕሲ-ኮላ ድናልድ ኬንዳል ኣቢሉ ኤድዋርድ ንኒክሰን ኣእመነ'ሞ ኣለንደ ድማ ካብ ስልጣኑ ክዕሎ ኣዘዘ።

ኣብ ምዕራባዊ ንፍቀ-ክቢ ካብ ዝርከባ ሃገራት ቺለ ብፋሉልነትን ስርዓት-ኣልቦነትን ዘይትሳቐ ዝነበረት ሃገር ኢያ። ቅዋም እታ ሃገር ኣብ 1833 ካብ ዝጸደቐሉ ግዜ ኣትሒዙ፥ ኣብ ውሽጢ 139 ዓመታት ደሞክራሲያዊ ስርዓታ ንሰለስተ ግዜ ጥራይ ኢዩ ተነቓኒቑ። ኣብ ውሑስ ጉዕዞ ምዕባለ፥ ምስ ብዝሒ መሃይምነት ዘጥፈአ ህዝባ፥ ብተዛመዲ ደሓን መነባብሮ ዝመርሕ ማእከላይ ደርቢን ድልዱል ዝሰረቱ ሲቪላዊ ህዝቢን ሒዛ ትምርሽ ዝነበረት ቺለ ኣብ ቅልውላው ተሸመመት። ደሞክራሲያዊ ኣካይዳ ቺለ ኣብ ህይወት እቲ ህዝቢ ዓሚቑ ግንዛበን ሃገራዊ ንቕሓት ዝነበሮ ኢዩ። መብዛሕትአን ብኣመሪካ መንግስተን ዝዕለዋ ሃገራት ብርኩት ሃገራዊ ሃብቲ ዘሎወን ኢየን። ቺለ እውን ሓንቲ ካብኣተን ነበረት፣ ብዓለም ደረጃ ዝለዓለ ነሓስ ካብ ዘፍርያ ሃገራት ሓንቲ ኢያ። ኣብ 1905 ኩባንያ ነሓስ ብራደን ዝተባህለት ኣመሪካዊት ኩባንያ ኣብ ኣንደስ ዝተባህለ ቦታ ዕደና -መረት። ድሕሪ 7 ዓመታት ካልኣት ኩባንያ ማዕድን ኣብ ሰሜናዊ ምድረበዳ ቺለ ማእከል ዕደና ከፈተ። እዘን ክልተ ብኣመሪካውያን ዝውነና ኮኔኮትን ኣናኮንዳን ዝተባህላ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም መናቱ ናይ ነሓስ ኩባንያታት ተባሂለን ብጸብለልታ ዝፍለጣ ኢየን። ንሳተን ብዝሰደድኦ ቺለ ኣብ ዝለዓለ ምድብ ሰደድ ነሓስ ክትርከብ ከላ፥ ሓደ ሲሶ ናይ ኣታዊታታ እውን ብመገዲ ካብዘን ኩባንያታት እትረክቦ ቀረጽ ኢያ እትመሓደ ነይራ። በዚ ምኽንያት እዘን ክልተ ኩባያታት ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ህይወት ህዝቢ ቺለ ዝለዓለ ጽልዋ ክህሉወን ግድን ኰነ። ብዘይካ እዘን ዝተጠቕሳ ክልተ ኩባንያታት፥ ፔፕሲ-ኮላን ቴለኮሚኒከሽንን እውን ዝለዓለ ተራ ኣብ ፖለቲካ ቺለ ዝተጻወታ ኢየን።

ለውጢ ኣብ ላቲን ኣመሪካ ብኣልማማ ኢዩ መጺኡ። ደባይ ተዋጋእቲ ኲባ ንባቲስታ ምስ ዓለዉ፥ ካልኣት ውልቀ መላኽዐቲ መራሕቲ ኣብ ፔሩ፥ ኮሎምቢያ፥ ቬኔዥዌላን ኣር-ጀንቲናን ስልጣን ሓዙ። ከም ግብረ-መልሲ ናይዚ ቅልጡፍ ለውጢ ፕረዚደንት ኬነዲ ኣብ 1961 “ሕብረት ንምዕባለ” ብዝብል ስም ዘጠምቖ

ህዝባዊን ፖለቲካዊን ለውጢ ኣብ ሃገራት ላቲን ዝኸታተል ማሕበር ኣተኣታተወ። ኣቓዲማ ጽቡቕ ፖለቲካዊ ሰረት ኣንጺፉ ዝጸንሐት ቺለ ቀዳመይቲ ተጠቃሚት ናይዚ ማሕበር ከም እትኸወውን ርዱእ ነበረ። ኣብ 1960ታት ድማ ካብ "ሕብረት ንምዕባለ"ን ካብ ኣመሪካን ኣስታት 1.2 ቢሊዮን ዶላር ሓገዝ ረኺበት። ኣብ መ-መርታ እቲ ገንዘብ ብቐጥታ ካብ ዋሽንግተን ኢዩ ዝመጽእ ነይሩ። ስዒቡ ግን ካልእ እውን ምስሉ መጸ።

ኣብ መ-መርያ 1960 ማእከል ስለያ ኣመሪካ ናብ ጋዜጣታት ቺለ፡ ማሕበር ተመሃሮ፡ ማሕበር ነጋዶን ፖለቲካውያን ሰልፍታትን ገንዘብን ካልኦት ዓይነት ሓገዛትን ሃበ። እቲ ቀንዲ ዕላማኡ ንማእከል ጸጋማውያን "ደሞክራሲያዊ ሰልፊ ክርስትያን" ኰይኑ፡ መራሒኡ ኤድዋርዶ ፕረይ ከኣ ኣመሪካውያን መርወዪ ሸውሃቶም ክኸውን ዝሓጸዩዎ ነበረ። ኣብ 1964 ኣብ ዝተካየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ብዴሳዊ መቀናቕንቱ ኣለንደ ዝሰግኡ ኣዕሩኽቱ ኣመሪካውያን ብዙሕ ሓጊዞሞ ነይሮም።

ዋላ እኳ ካብ ርኸቡባት ስድራ ዝተወልደ እንተ ነበረ፡ ሳልቫዶር ኣለንደ ብነብሱ ንህዝባዊ ለውጢ ዝደሊን ዝማጎትን ነበረ። ተወፋይነቱ ድምር ውጽኢት ስነ-ሓሳብ ማርክስን ኣብ ከባቢኡ ዝተኸሰቱሉ ሓቅታት ኢዩ ነይሩ። ሽሕ ደኣ ኣብ ተዛማዲ ብልጽግና ትንበር እምበር ሚልዮናት ዝቖጸሩ ቺለውያን ኣብ ዘስካሕክሕ ድኽነት ክወድቁ ንኣለደ ኣይተዋሕጠሉን። ማዕድን ነሓስ ሃገሩ ብናይ ደገ ኩባንያታት ክብሓት'ውን ኣይተዋሕጠሉን።

ማእከል ስለያ ኣመሪካ ብስዉር ስለስተ ሚልዮን ዶላር ብምውጻእ ፕረይ ኣብ ፕረዚንደታዊ ምርጫ 1964 ንክዐምረጽ ጸዓረ። ኣብ ዝቐጸለ ኣርባዕተ ዓመታት ማእከል ስለያ ኣመሪካ ፕረይ ንድጋፍ ክልተ ሚልዮን ዶላር ክሕግዝ ከሎ፡ 175,000 ዶላር ድማ ነቶም 22 ተወዳደርቲ ክኸውን ሰልዐ። ብተወሳኺ ማእከል ስለያ ኣመሪካ፡ ኣንጻር ዴሳዊ ሰልፊ ዝቃለሳ ማሕበር ደቀንስትዮ ደጒሙ፡ ንማሕበራዊ ሰልፊ ክዘርጉ ዝኸዕእሉ ወገናት ወዲቡ፡ ኣብ ትሑት መነባብሮ ዝርከቡ ህዝቢ ኣንጻር ጎስጓዝ ዘካይዱ ሰሪዑ፡ ኣብ ውሽጢ ዴሳዊ ሰልፊ ዝርከቡ ኣባላት ኣንጻር ስልፎም ንክዐለዓሉ መዊሉ፡ ንየመናዊ ክንፊ ሰውራውያን ጋዜጠዐታት ንዜናዊ ስራሓት ገንዘብ ብምኽዐፋል፡ ኣብ "ኢልመርኩርዮ" ዝተባህለት ዝዓበየት ጋዜጣ ቺለ እውን ቀጻሊ ኣንጻር ዓንቀጻት ከም ዝጸሓፍ ገይሩ።

ኣመሪካ ጻዕርታታ ብምዕባይን ኣዕሩኽዐ ብምጥራይን ኣብ ወተሃደራዊ ሓላፍነት ዝርከቡ ኣባላት ክትውድብ እውን ፈቲና። ኣብ መንጎ 1950ን 1969ን ዳርጋ ኣርባዕተ ሽሕ ቺለውያን

መኮንናት ኣብ ወተሃደራዊ ቤት-ትምህርቲ ኣመሪካ ሰልጢኖም። ቺለ'ውን 163 ሚልዮን ዶላር ዝበጽሕ ወተሃደራዊ ሓገዝ ተቐቢላ። ተደጋጋሚ ሓገዛት ቺለ ግን ኣብ መወዳእታኡስ ኣይቀደዋን።

ሪቻርድ ኒክሰን ኣብ ጥሪ 1969 ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ፣ ፖሊሲ ኣመሪካ ናብ ቺለን ካልኦት ሃገራት ላቲንን ብቕልጡፍ ተለዊጡ ኢዩ። ኒክሰን ነቲ "ማሕበር ምዕባለ" ኣናኣኢሱ ረኣዮ። ጽገናዊ ለውጥታት፣ ብሕልፊ ከኣ ምድልዳል ሕጊ መሬት ነቶም ኣዕሩካዐ ኣመሪካ ዝነበሩ የማናውያን መንግስታት ኣብ ሓደጋ ከም ዘእትዎም ብቕልጡፍ ተረድአ። ሓሳቡ ንዓበይቲ ነጋዶን ወተሃደራዊ ሓይሊ ላቲን ኣመሪካ ምሕጋዝ ዝብል ነበረ።

ኣብ 1970 ኣላንደ ከም ፕረዚደንት ጸጋማውያን ልፍንቲ፣ "ህዝባዊ ሓድነት" ዝሰመዮ ሰልፊ ሒዙ ክመርሕ -መረ። ኣብ መ-መርያ 1970 ነዚ ምንቅስቃስ ንምዕናው ካብ ኒክሰን ፍቓድ ተሓተተ። ዲቪድ ሮክፌለር ዝተባህለ ወናኒ ቻስማንሃታን ባንክ ዝከውነን ኣብ ላቲን ኣመሪካ ናይ ሚልዮናት ርእሰ-ማል ዘዋፈረን ሀንሪ ኪሲን-ር ነቲ ኣንጻር ኣለንደ ተለዒሉ ዘሎ ዘመተ ከተባብዖ ተማሕጸነ። ኪሲን-ር ኣብ ዝቐጸለ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ቺለ ዝካየድ ስራሓት ሓላፍነት ወሰደ። ኣብታ ሃገር ዝነበሮ ተገዳስነት ፈጺሙ ኣየጉደለን። እቲ ኣንጻር ኣለንደ ዝዓለመ ፕሮ-ክት ናይ ኒክሰን ኣረኣእያ ማለት ንኣመሪካ ኣብ ዓለም ዝህሉዋ ጽልዋ ዘሐይል ኰይኑ ኪሲን-ር ነዚ ከተግብር ብቑዕ ሰብ ነበረ። ባዕሉ ከም ዝገልጾ ተራ መራሒ ዓባይ ሃገር ኣብ መንጎ ሃገራት ምርግጋእ ምፍጣር ኢዩ። ነዚ ሓሳብ'ዚ ከም ናይ ዶክተረይት ድርሳኑ፣ ኣብ 19 ዘመን ናይ ኣውስትሪያ ዲፕሎማት ዝነበረ መትሪኒክ ብዝገበሮ መጽናዕቲ ደጊፉዎ ነይሩ። ኪሲን-ር ናብ መሪሕነት ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ምስ መጸ፣ ሓይሊ ሃገሩ ብመገዲ ዞባውያን ጎብለላት ከም በዓል ኢራን፣ ዛየርን ኢንዶነዥያን ኢዩ ክርእዮ ፈቲኑ። ነቶም ህዝቢ ዘጋፍዑ ዝነበሩ ውልቀ-መለክዐቲ ግን ቁሊሕ ኣይበሎምን። ናብ ላቲን ኣመሪካ ፈጺሙ ኣቕሊቡ ዘይፈልጥ ኪሲን-ር ምሕጽንታ ኤድዋርድ ምስ ሰምዐ'ዩ ኣቓልቦ ሂቡ።

ኣብ መጋቢት 1970 ነቲ ኣንጻር ኣለንደ ዝካየድ ዝነበረ ዘመተ 135,000 ዶላር ባ-ት ኣውጺኡ ኣጽደቐ። ጸኒሑ ነቲ ባ-ት ናብ 390,000 ዶላር ክብ ኣበሎ። ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 1964 ኣለንደ ናብ ስልጣን ከይመጽእ ዝገበረ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ነበረ። ኣብ ምርጫ 1970 እውን እንተከውነ ናይ ኮርፖረሽን ቴለፎንን ቴሌግራፍክስን ንማእከል ስለያ ኣመሪካ ከም መዳያይቦ

ብምጥቃም ንቀንዲ መቀናቕንቲ ኣለንደ ዝነበረ ጆርጅ ኣለሳንድሪ ብዙሕ ገንዘብ መወሎ። ዋላ'ኳ ዝለዓላ ኩባንያታት ኣመሪካ ንዓ ወት ዘይተኣደነ ገንዘብ ኣለሳንድሪ እንተውጸአ ኣብ መስከረም 1970 ግን ኣለንደ ኢዩ ተዓዊቱ። ባይቶ ኣመሪካ ኣብ ምርጫ ዝተዓወት ከም ፕረዚደንት ናይ ምቕባል ነዊሕ ልምድ ነይሩዎ። ኒክሰን ግን ነቲ ዝጸንሐ ልምዲ ኣፍሪሱዎ። ንቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢን ምክልካዐልን ከይሓበረ ድማ ንማእከል ስለያ እቲ ስራሕ ክዓሙዎ ሓተተ። ኣንጻር ኣለንደ ተኣሊሙ ዝነበረ ክልተ ሽርሕታት፣ ፈለማ ብሕጋዊ መገዲ ካብ ስልጣን ምክዐልካሉ ክከዐውን ከሎ ንሱ ምስ ዝፈሽል ከኣ ስርሒት ምክያድ ዝብል ነበረ። ወተሃደራዊ ዕልዋ ክካየድ እንተከውይኑ ኣብ ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ኩነታትን ውድቀት ቁጠባን ኢዩ ክትግበር ዝክዐእል ብምባል ኪሲን-ር ንቺለ ናብ ናብ ሕንፍሽፍሽ ደፍኣ። እዚ ውጥን'ዚ ቅርጹ ምስ ሓዘ ዲፕሎማሰዐታትን ማእከል ስለያ ኣመሪካን ከም ሀጹጽ ጉዳይ ጠመቱዎ።

እቲ ዝተወስደ ምርጫ ቍጠባዊ ኵናት፣ ፖለቲካዊ ዘይርጉእነትን ስነ-ኣእምራዊ ኵናትን ፈጢርካ ንዕልዋ ምቹእ ባይታ ምፍጣር ኢዩ ነይሩ። ጋዜጣታትን ረድዮን ኣንጻር ኣለንደ ከም ዘቃልሓ ተገብረ። ንገለ ናይ ቺለ ወተሃደራዊ ሰበ-ስልጣናትን ካልኦት ነቲ ዕልዋ ዝድግፉ ዜጋታትን ቅድሚን ድሕሪን ዕልዋ ምሉእ ውሕስነት ከም ዝወሃቦም ብኣመሪካ ተነግሮም። ብዝተፈላለየ መገድታት ቁጠባ ቺለ ከም ዝዳከዐም ተገብረ።

ጻዕሪ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ፈሺሉ። ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ወተሃደራዊ ምትእትታው ከይህሉ ኣትሪሩ ዝቃወም ወተሃደራዊ ኣዛዚ -ነራል ሬነ ሽናይደር ኣብቲ ሕንፍሽፍሽ ተቐትለ። ወደብቲ ዕልዋ ቅትለት -ነራል ሬነ ዘይርጉእነትን ከምጽእ ኢዩ ብምባል ተስፋ ገበሩ፣ እንተኮዐነ ኣንጻር ትጽቢቶም ተፈጸመ። ሲቪላውያን ኣብ እምነቶም ደው ብምባሎም፣ ወተሃደራት'ውን ንኣለንደ ደገፎም ብምህብ ኣብ 4 ሕዳር ኣለንደ ፕረዚደንት ኰነ።

በትረ-ስልጣን ሒዙ ቁሩብ መዓልታት ኣብ ዝጸንሓሉ ኣመሪካውያን ንእለንደ ካብ ስልጣን ከውርዶ ዝክዐእል ብልሓት ተጣበቡ። ቀዳማይ ዕላማ ዝረኣዩዎ ቁጠባ ምድካዐም ኢዩ። ሓገዛት ኣቋሪጹ፣ ለቓሕ ተከዐልኪሉ፣ ቺለ ሓዲግ ተረፈት። ኣለንደ ስልጣን ድሕሪ ምሓዙ፣ ኣብታ ሃገር ዝነበራ ኩባንያታት ኣመሪካ ኣንጻሩ ውጹእ ዘመተ -መራ። ንስራሐን ከኣ ውጽኢት ረኣያሉ።

ባይቶ ቺለ ብ11 ሓምለ 1971 ህጹጽ ኣኼባ ጸወዐ። ቀዋሚ ጽገና ብምግባር፣ ነተን ኣብ ቺለ ዝነጥፋ ዝነበራ ኩባንያታት ማዕድን ክህገራ ኣጽደቐ። ብወገን ኣመሪካ ዝመጸ ዝነበረ ዘመተታት ዝከላከዐል ዝነበረ ኣለንደ፣ ካብ ሰራሕተዐታትን ሓረስቶትን ሃገሩ ከቢድ ጸቕጢ ወረዶ። ካልኦት ናብ ጸጋምን ማሕበራዊ ደምበን ዝከዐይድ ዝነበረ ጉዕዞኡ ነቐፉዎ። ኣብ መጨረሽታ 1972 ንዝተኸዐፈፉለ ፖሊሲታት ኣለንደ ተሪር ዘመተ ኣመሪካ ተሓዊሱዎ ንቺለ ናብ መቓብር ገጹ መርሓ።

ኣብ ለካቲት 1973 ኒክሰን ንካዐልኣይ ግዜ ተመሪጹ ቃለ-ማሕላ ክፍጽም ከሎ፣ ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ቺለ፣ ኣንጻር ኣለንደ ዝቐንዐ ናይ መወዳእታ ቅላዕ ክቐልዑ ተቐራረቡ። ሓያል ውዳበ ዘይነበሮ ኣድማ ወተሃደራት ብቐሊሉ፣ ብሓይሊ ጎራል ካርሎስ ፕራትስ በርዓነ። ዕልዋ ዘፍሸለ ጎራል ፕራትስ ግን ከይጸንሐ፣ ብኣዝዩ ዝተራቐቐ ብልሒ ካብ ስልጣኑ ተኣልየ። ንፕረትስ ዝተክአ ጎራል ኣጎስቶ ፒኖሸ ቀንዲ መሓዛ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ዝነበረ ኢዩ። በቲ ዝሰዕብ ዝነበረ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት፣ 11 መስከረም መዓልቲ ዕልዋ ክትክውን ፒኖሸን ብጾቱን ወሰኑ። ኣቐዲሞም ኣለንደ ካብ ስልጣን ብፍቓዱ ክእለ ዝክዐእል እንተከዐይኑ፣ ብውሑስ መገዲ ካብታ ሃገር ክወጽእ ከም ዝክዐእል ሓበሩዎ። ነቲ ምርጫ ግን ነጸጎ። ሽዑ ንሽዑ ነፈርቲ ኲናት ኣብቲ ኣለንደ የዕሪፉሉ ዝነበረ ስፍራ ደብደባ። ኣለንደ ድማ ተቐትለ። ኣብ 65 ዓመቱ ንሃገሩ ልዕሊ ክልተ ዓመትን መንፈቕን መሪሑ ከኣ ዓረፈ።

ዕልዋ መንግስታት ኢራን፣ ጓቲማላ፣ ደቡብ-ቬትናም ከምኡ ድማ ቺለ ብጠለብ ፕረዚደንት ኣመሪካ ደኣ እምበር ኣሸበርቲ ዘካየዱዎ ስርሒት ኣይነበረን። ፕረዚደንታት፣ ጸሓፍቲ ካቢነ፣ ኣማከዐርቲ ሃገራዊ ድሕነትን ማእከል ስለያ ኣመሪካን ነቲ ዝካየድ ዕልዋታት ብቕዋም ዘጽደቑዎ ምካዒኖም ምዝካር ኣገዳሲ ኢዩ። እዞም ዝተጠቕሱ ኣካላት፣ ብኣዋጅ 1947 ማእከል ስለያ ኣመሪካ፣ "ንሃገራዊ ድሕነትን ጸጥታን ዝምልከት" ስጉምትታት ክወስድ ምሉእ ስልጣን ሂቦሞ ኢዮም። ዕልዋ ኢራን፣ ጓቲማላ፣ ደቡብ-ቬትናምን ቺለን መራሕቲ ኣመሪካ ብምሉእ ደገፎም ዘካየዱዎ ኢዩ። ብዘይካ ደቡብ-ቬትናም እዘን ሃገራት ደሞክራሲውያን ዝነበራ ኢየን።

ድሕሪ ዕልዋ መንግስቲ ቺለ ጎራል ኣጎስቶ ፒኖሸ ዝመርሖም ወተሃደራውያን መኮንናት ነታ ሃገር መርሑዋ። ብርክት ዝበሉ መሳርሕቲ ፒኖሸ ዝነበረ መኮንናት ብዘይተፈልጠ ምኽንያታት

ክስወሩ ከሎዉ፣ ካልኦት ከኣ ብምርጫኦም ስልጣኖም ለቐቑ። ፒኖሸ ከኣ መራሒ ርፓብሊክ ቺለ ኰነ። እታ ዝወሰዳ ቀዳመይቲ ስጉምቲ ንጸጋማውያን ወገናትን ሰዓብቲ ኣለንደ ምህዳንን ኢያ። ደጊሙም ብርሃን ጸሓይ ክርእዩ ዘይከኣሉ ኣመና ብዙሓት ዜጋታት ኣብ ኣብያተ-ማእሰርታት በልዮም። ዝዓበየ ፈደረሽን ሰራሕተዐታት ፈሪሱ፣ ምስ ኣለንደ ዝደናገጸ ዝነበራ ሰልፍታት ተከዐልኪለን፣ ባይቶ ደስኪሉ፣ ኣማኢት መምሃራን ዩኒቨርስቲ ተረፊቶም፣ ኩሎም ከንቲባታት ከተማ ተኣልዮም። ሓድሽ ወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ኣቐሙ ድማ ይግባይ ከልከለ። ብተወሳከዉ፣ ነተን ብኣለንደ ዝተተንከፋ ኩባንያታት ኣመሪካ ልዑል ካሕሳ ከፈለን።

ንልዕሊ 15 ዓመታት ብምልካዊ ስርዓት ንቺለ ዘመሓደረ ፒኖሸ፣ ኣብ 1988 ንዝመጽእ ዓሰርተ ዓመት ክቕጽልን ዘይክቕጽልን ህዝቢ ክመርጽ ፈቐደ። ብርዱእ ምክዐንያት ከኣ ኣንጻሩ መረጹ። ካብ ሰልፊ "ክርስትያን ዲሞክራት" ፓትሪሺዮ ኣይልዊን ኣብ መ-መርታ 1990ታት ተመርጸ'ሞ፣ ቺለ ሓድሽ ምዕራፍ ከፈተት።

1998 ፒኖሸ ኣብ ብሪጣንያ እንከሎ ብስጳዐዊ ዳዐ ተከዐሲሱ ተኣስረ። ቤት-ፍርዲ ፈረንሳ፣ ስዊዘርላንድ፣ በልጁምን ብሪጣንያን ንሃገሩ ክወሃብ ሓቲተን። ን503 መዓልታት ኣብ ትሕቲ ማሕዩር-ቤት ድሕሪ ምጽናሑ መንግስቲ ብሪጣንያ ናብ ቺለ ክምለስ ኣፍቀደ። ኣብ ቺለ ናይ ዝበደሎም በደላት ክቕጻዕ፣ ኣብ ግዜ ስልጣን ናይ ዝቐተሎምን ዝጨወዮምን ክስታት ኣብ ቦታኡ ሃልዩ ኣብ ማሕዩር-ቤት ክጸንሕ በየኑሉ።

ሽሕ እኳ ቺለ፣ ድሕሪ ፒኖሸ፣ ኣብ ደሞክራሲያዊ ጉዕዞ ጽቡቕ ዓወታት ተመዝግብ ትንበር እምበር፣ ካብ ዓወትሲ ተገሊላ ኢያ ጸኒሓ። ዜጋታት ቺለ፣ ኣብ ልዕሊ ሃገሮም ዝተካዐየደ ዕልዋታት ንዋላ ሓደ እኳ ከም ዘይኣክዐሰቦ ተረዲኡዎም። ሰላሳ ዓመት ድሕሪ ዕልዋ ቺለ፣ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ኮሊን ፓወል፣ ነቲ ተግባር፣ "ኣካል ናይቲ ንከዐርዓሉ ታሪክዐ ኣመሪካ ኣይኮነን፣" ክብል ገሊጹዎ።

# 11. ግረናዳ

ፕረዚደንት ሮናልድ ሬገን ኣብ 1983 ኣብ ውግእ ሓድሕድ ሊባኖስ ዝገበሮ ምትእትታው ካብ ምሉእ ዓለም ተቓውሞ ኣስዒቡሉ። ኣብ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ዘካይዶ ዝነበረ ምትእትታው'ውን ማዕረኡ ተቓውሞታት ኣልዒሉ። ኣብ መፋርቕ ጥቅምቲ 1983 ኣብታ ንእሽቶ ደሴት ካሪብያን ዝኾነት ግረናዳ፡ ቅትለት ቀዳማይ ሚኒስተር ዝርከቦ ተደራራቢ ፍጻመታት ኣጋጢሙ ነይሩ። ኣመሪካ ኣብቲ ከባቢ ምትእትታው ከም እትገብር ከኣ ኣንፈት ሃበ። ፕረዚደንት ሬገን ኣብዚ ዝብሃል ዘሎ እዋን ናብ ግረናዳ ብኸዐመይ ክኣትዉ ከም ዝኽእሉ ዘጽንዑ ወተሃደራውያን ክኢላታት መዘዘ። ክልተ ሚእቲ ዝበጽሑ ኣመሪካውያን መንእሰያት ትምህርቲ ሕክምና ክወስዱ ኣብ ግረናዳ ነይሮም። ሬገን ናብ ሊባኖስ ዝቐንዕ ዝነበረ ቃፍላይ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ናብ ግረናዳ ክልወጥ ኣዘዘ። ሰበ-ስልጣን ዋሽንግተን ኣብ ግረናዳ ክጋጥም ዝኽእል ሓደጋ ብሓደ ወገን፡ ካብኣ ክረክብዎ ዝኽእሉ ረብሓ ከኣ በቲ ካልእ ቀልጢፎም ተረድኡዎ። ጸግዒ ኲባ ዝነበረ መራሒ እታ ደሴት ድሮ ካብ ስልጣኑ ተኣልዩስ ተቐቲሉ ነይሩ። ስልጣን ዝሓዙ ጉጅለ ከኣ ማርክሳዊ-ለኒናዊ ስነ-ሓሳብ ከም ዝክዕተሉ ኣወጁ። ኣማኸርቲ ሬግን ነዛ ዕድል እንተ መዝሚዙዋ፡ ኣብ ዝሑል ኲናት ዓቢ ዓወት ክንናጸፉ ምካዖኑ ኣተምብህሉ። ዝሑል ኲናት ዝወለዶ ሰንፈላል፡ ስዕረት ቬትናምን ቅልውላ ጅሆ ኢራንን ተሓዊሱዎ ድማ ኣመሪካውያን ሓደ ዓወት ክርእዩ ሃረር ይብሉ ነበሩ። ኣብ 1990 ንሬገን ክመርጹዎ ዝከዐኣሉ እውን ክብሪ ኣመሪካ ክመልስ ስለ ዝተመባጽዐ ኢዩ። ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ ግረናዳ ነቲ ኣጋጣሚ ኣጣጠሐትሉ።

ኣመሪካ ብምሉእ ሓይላ ናብ ግረናዳ ክትኣቱ ካብ ደሴታት ካሪብያን ቀጠልያ መብራህቲ ትጽበ ነይራ። ንሱ እንተ ረኸቢባ፡ ህይወት ዜጋታት ኣውሒሳ፡ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ተኺዒላ፡ ጽልዋ ኲባ ኣብ ግረናዳ እውን ክትመልሶ ኢያ።

ግረናዳ ናብ ገማግም ደቡብ ኣመሪካ እትጽጋዕ፡ ውጽኢት እሳተ-ጎሞራ ባሕሪ ኮይና፡ 10 ብ21 ማይልስ ዝስፍሓት ኣሎዋ። ጠቕላላ ብዝሒ ህዝባ ድማ ካብ 100,000 ዝሓልፍ ኣይኮነን። እንግሊዛዊ ነጋዳይ ኣብ 1843 ኲረሪማ ዝተባህለ ቀመም ኣብታ ደሴት ምስ ዘርአ ሎሚ ግረናዳ ብዓለም ደረጃ ሓደ ሲሶ ናይዚ ቀመም ቀረብ ተዳሉ። ከም በዓል ቃርፉ፡ ጅንጅቡል፡ ቅንፍር፡

በርበረ፣ ሸውዓተ ቀመማት፣ ህሩድን ካልእ ጥረ-ነገራትን እውን ትልእክዐ ኢያ። እዛ ደሴት ንሓደ ዘመን ዝከዐውን ግዝኣት ብሪጣንያ ነይራ። ኣብ 1951 ግን ኤሪክ ገይሪ ብዝገበሮ ናዕቢ ቁጽጽር ብሪጣንያ ዘሓለ። እታ ደሴት ርእሳ ንምምሕዳር ብሪጣንያ ብዝገበሩዎ ምርጫ ኤሪክ ገይሪ ሰልፊ መስሪቱ ተዓወተ። ንከባቢ ርብዒ ዘመን ነታ ደሴት ምስ ኣመሓደራ ኣብ 1974 ናጽነታ ከም እትእውጅ ገበረ።

ገይሪ ኣብ ዝኣርገሉ ዝነበረ ግዜ ኣብ ሱር-በታካዐዊ ለውጢ ዝኣምኑ መንእሰያት ከባቡዎ። ሰፊሕ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ኣብ ትሪንዳድን ቴበጎን ፈለቐሞ ኣብ ሓጺር ግዜ ንምሉእ ደሴታት ካሪብያን ለሓመ። ተመሃሮ ግረናዳ እውን ኣብ ኣመሪካ በዓል ማልኮም ኤክስ ብዝለዓዕሉዎ ዝነበሩ “ፖለቲካዊ መንነት” ተጸልዉ። ኣጋጣሚ ኰይኑ ኣደ ማልኮም ኤክስ ጓል ግረናዳ ኢያ። ካልኦት ብቓ ጉቬራ ዝተጸልዉ መንእሰያት ስልጣን ብሓይሊ ክተሓዝ ኣሎዎ ኢሎም ተላዕሉ።

“ሓድሽ -ውሃር” ዝተሰምዩ ምንቕስቓስ ኣብ 1970ታት ኣንጻር ኤሪክ ገይሪ ክጉስጉሱ ተላዕሉ። መብዛሕትኦም ኣብዚ ምንቅስቓስ ዝተሳተፉ ካብ ዩኒቨርስታት ሎንዶን ተመሪቖም ዝመጹ ሚሳላውያን ኢዮም። ገለ ካብኣቶም ብሕጊ ዝተመረቐ ሞሪሽ ቢሾብን ዓውዲ ቁጠባ ዘጽነዐ በርናርድ ኮርድን ይርከቡዎም። ቢሾብ ዝርከቦም ሓያሎ ካብ ምንቅስቓስ “ሓድሽ -ውሃር” ኣብ ምርጫ ባይቶ ተዓወቱ። ብውሳነታት ባይቶ ዘይዓገበ ቢሾብ፣ ኣባላት ምንቅስቓሱ ሒዙ፣ ናብ ጸጋማዊ ኣረኣእያ ዘንበለ። ኮርድን በዓልቲ ቤቱ ፍይሊስን እውን ንግረናዳ ናብ ለኒናዊ ኣረኣእያ ደፍኡዋ። ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ከኣ ውህደት ናይዞም ክልተ ሓይልታት ንግረናዳ ካልእ መኣዝን ኣትሓዛ።

ብ12 መጋቢት 1979 ቢሾብን ካልኦት ብጾቱን ስልጣን ሓዙ። ገይሪ ኣብ ኣመሪካ እኳ እንተ ነበረ ክሕግዞ ዝተበገሰ ኣይነበረን። በቲ ሓድሽ መሪሕነት መብዛሕትኡ ህዝቢ ግረናዳ ሕጉስ ነበረ። ዕልዋ ክፍጽሙ ከሎዉ ኣባላት ምንቅስቓስ “ሓድሽ -ውሃር” 45 ዝበጽሑ ነይሮም። ኩላቶም ዓዶም ናብ ዝለዓለ ስልጣነ ከብጽሑ ብትግሃት ዝሰርሑ ኢዮም። ስልጣን ምስ ሓዙ ብዙሕ ጽቡቕ ስራሓት ዓመሙ።

ቢሾብን ብጾቱን ከይጸንሑ፣ ባይቶ ሰሪዞም ንቕዋም እውን ኣጽንሑዎ። ኣብ 1982 ከኣ ቢሾብ ንኣባላት ሰልፉ፣ ሰዓብቲ ለኒን ምካዒኖም ድሕሪ ምሕባር፣ ብኣዋጅ ከም ዝምርሑ ኣፍለጠ።

መራሕቲ “ሓድሽ -ውሃር”፡ ምስ ኲባን ኒካራጓን ብምትሕብባር፡ ኣንጻር ኣመሪካ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ከም ዝጽንበሩ ኣወጁ። ነዚ ንምዕዋት ወተሃደራዊ ሓይሊ ብምዕባይ፡ ብዙሓት ካብ ሰራዊቶም እውን ንታዓሊም ንኲባ ሰደዱ። ምስ ሕብረት ሶቬት ብዝገበሩዎ ስምምዕ ዋጋ ሚልዮናት ዶላር ኣጽዋር ብሓገዝ ረከዐቡ። ዳርጋ ኣብ ምሉእ ዓለም ምስ ዝርከባ ጸረ-ኣመሪካ ሃገራት ከኣ ጥቡቕ ምሕዝነት መስረቱ።

ወጥሪ ግረናዳን ኣመሪካን እናበረከዐ ኣብ ዝመጸሉ ዝነበረ ህሞት፡ ኣብ ውሽጢ ኣባላት “ሓድሽ -ውሃር” ዝነበረ ወጥሪ እውን ማዕረኡ ዓረገ። ውሽጣዊ ግርጭት ኣብ መንጎ ቢሾብን ምክዐትሉ በርናርድ ኮርድን ኢዩ ነይሩ። ብጥቅምቲ 1983 ጉጅለ ኮርድ ንቢሾብ ካብ ቤቱ ከይወጽእ ኣዘዙዎ። ዋላ እኳ ብህዝባዊ ተቓውሞ ቢሾብን ካልኦት ምስኡ ናይ ገዛ ማሕዩር ዝተበየነሎምን ክወጹ እንተ ከኣሉ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ምስ ብጾቱ ተረሸነ። በዚ ዝሰዓበ ሕንፍሽፍሽ ኣመሪካ ኢዳ ከተእቱ ዕድል ረከዐበት።

ፕረዚደንት ሬገን መራክዐብ ኲናት ኣመሪካ፡ ንግረናዳ ወሪረን፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ክዓልወኦ ትእዛዝ ሃበ። ኣብ ሓጺር ግዜ ዝተወድአ ኲናት ብመጠኑ ብዙሕ ጻዕሪ ኣይሓተተን። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝርከበን ብዙሓት ንወራር ኣመሪካ ኰነንኦ። ሬገን ግን ንከዑሉ ዝሰዓበ ነቐፌታታት ነጸጎ። ንስነ-ኣእምራዊ ረበሻ ኣመሪካውያን መዐገሲ ዓወት ከም ዝረከዐበሉ ተኣማሚኑ ነይሩ።

ኣመሪካ ካልኦት ናይ ወጻኢ መንግስታት ኣብ እትዓልወሉ ግዜ፡ ኣብታ ሃገር ነባሪ ቃንዛን ዘይሕከክዐ ጽልኢን ክትፈጥር ልሙድ ተራእዩ ኢዩ። ዕልዋ ግረናዳ ግን ብኣንጻሩ ኢዩ። ዝበዝሕ ህዝቢ ግረናዳ፡ ዘይ ከም ኣህዛብ ካልኦት ሃገራት፡ ንምትእትታው ኣመሪካ ብሓጐስ ኢዩ ተቐቢሉዎ። ዓመት ድሕሪ ወራር ኣመሪካ፡ ህዝቢ ግረናዳ ኣብ ዘካየዶ ምርጫ ንወዲ 66 ዓመት ሀልበርት ብሌዝ ቀዳማይ ሚኒስተር ክከዐውን ሓረዮ። ሓድሽ መሪሕነት 18 ኣባላት “ሓድሽ -ውሃር” ናብ ፍርዲ ኣቕረበ። ዓሰርተ ኣርባዕተ ካብኣቶም ንክዐሕነቑ እኳ እንተ ተበየነሎም፡ ጸኒሑ ግን ፍርዶም ናብ ማሕዩር ህይወት ተለወጠ። ኣብ 2004 ከኣ መጋብኣይ ምብራቓዊ ካሪብያን እንደገና ነቲ ፍርዲ ለውጦ።

ኣመሪካ ንግረናዳ ምስ ወረረት ኣብነት ደሞክራሲን ምዕባለን ክትገብራ እኳ ተክዐእሎ እንተ ነበራ ግን ኣይገበረቶን። ኣመሪካ ንግረናዳ ምስ ተቖጻጸረታ ሓያሎ ሓገዛት እኳ ተበርክተላ እንተ ነበረት፡ ነቲ ወተሃደራት ኣመሪካ ዘውረዱዎ ዕንወት ዝሽፍን ግን

ኣይነበረን። ከይጸንሐት ነታ ደሴት ከም ካልኦት ዝተረስዓ ደሴት ካሪብያን ርእያ፡ ሓገዛት ደው ኣበለትላ። ሓገዝ ኣመሪካ ምስ ተቛረጸ፡ ግረናዳ ዘይሕጋዊ ኣገባብ ተጠቒማ ገንዘብ ክትገብር -መረት። ገለ ካብኡ ንደቂ ካልኦት ሃገራት ፓስፖርት ምሻጥ፡ ኣስማት ክቕይሩ ንዝደልዩ ወጻእተዐታት ምቕያርን ካልእን ይርከቦ። ካብ ካልኦት ሃገራት ገንዘብ ሰሪቖም ዝመጹ ብዙሓት ዜጋታት እውን ኣብኣ ተዓቚቦ።

ኣመሪካ ብውሑድ ወጻኢታት ኣብ ግረናዳ ክትረክዐቦ ትክዕእል ዝነበራ ጽቡቕ ስም ኣጥፊኣ፡ ነታ ሃገር ከም ካልኦት ሓዲግ ዝገበረትን ሃገራት ገይራታ ኣዝለቐት።

# 12. ፓናማ

ርእሱ ዝተቐርጸ ሬሳ ሁጎ ስፓዳፎራ፣ ነቲ ዘጋጠመ ሰንሰለታዊ ፍጻመታት ኣባሪዑ፣ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንፓናማ ክትወራን ንመራሒኣ ክትዓልዎን ኣክዐኢሉዋ። መቕተልቲ ሁጎ ስፓዳፎራ ንፓናማ ኣሰንቢዱ ኢዩ። ብፍላይ ጠንቂ ሞቱ ብሕክምናዊ መርመራ ምስ ተፈልጠ ሓድሽ ስምዒት ኣለዓዓለ። ንኣመሪካ ከምኡ ዓይነት ስጉምቲ ክትወስድ ዝደፋፍኣ ግን እዚ ፍጻመ'ዚ ጥራይ ኣይነበረን። ቅትለት ስፓዳፎራ ከም ምልክት ዘይሚዛናውነት ስርዓት ፓናማ ተወሲዱ። ኣመሪካ ናብ መትረብ ፓናማ ኣብ ዝቐረባ ቦታታት ከምኡ ከጋጥም ክትጸወሮ ኣይክኣለትን።

ኣዛዚ ሓይልታት ምክልካዐል ፓናማ፣ ጀነራል ማንወል ኣንቶንዮ ኖርየጋ፣ ልዕሊ ሕጊ እየ ዝብል እምነት ነይሩዎ። ኖርየጋ ምስ ዝተፈላለየ በበይኖም ጉጅለታ ርክብ ዝነበሮ፣ ክመሳሰል ዝክዐእል መራሒ ኢዩ። ምስ ኮሎምቢያ ዝነበሩ ጉጅለ ሓሽሽን ምስ ናይ ኣመሪካ ምምሕዳር ምቁጽጻር ሓሽሽን፣ ምስ ኣብ ኒካራጓይ ዝነበሩ ሰራዊት ሳንዲስታን ምስ ንስርዓት ሳንዲስታ ከዕንዉ ዝቃለሱ ዝነበሩ ደባይ ተዋጋእቲን፣ ከምኡ'ውን ምስ መርበብ ስለያ ኣመሪካን ኩባን ኣብ ሓደ እዋን ይተሓባበር ነይሩ። ኖርየጋ ካብ መጠን ንላዕሊ ኣዝዩ ሃብታም ነይሩ። ምስቲ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነበሮ ሓያል ደገፍ፣ ንነብሱ ክትንከፍ ከም ዘይክእል ፍጥረት ይርእያ ነበረ። ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ከኣ መጠነ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ስርሒት ሓቲቱ።

መንነቱ ብልክዕ ዘይፍለጥ ኖርየጋ፣ ኣብ ሻውላት ከተማ ፓናማ ዝዓበየ ኰይኑ ጉዕዞ ህይወቱ ካብ ጐደናታት ኢዩ ተበጊሱ። ሁጎ ስፓዳፎራ ግን፣ ካብ ኢጣልያዊ መበቆል ዘሎዎም ስድራ ዝተወልደን ኣብ ቦሎዐ ሕክምና ዘጽንዐን ኢዩ። ኣብኡ ድማ ምስ ጸጋማውያን ጉጅለታት ፍቕሪ ሒዙዎ። ኣብ ፖርቱጋላዊት ጊኒ (ናይ ሕጂ ጊኒ ቢሳው) ንዝነበሩ ዕጡቓት ተቓወምቲ ናጻ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ኣወፍየሎም። ወዲ ሰላሳ ዓመት ምስ ኰነ ድማ ፓናማውያን ዛንታኡ ክሰምዑ ጀመሩ።

ኣብ 1968 መኮንናት ሰራዊት ፓናማ ምፍሳስ ደም ብዘይነብሮ ዕልዋ ስልጣን ጨበጡ። ስፓዳፎራ ምስ ሓንቲ ምስጢራዊት ዋህዮ ተጸንቢሩ ነቲ ወተሃደራዊ ስርዓት ንምዕላው ክሰርሕ እኳ እንተ ጀመረ፣ ቁሩብ ከይጸንሐ ግን ተኣሰረ። መራሒ ኩናት ጀነራል ዑመር ቶሪጆስ ኣበጋግሳኡ ውልቀ መላከዒ ዝመስል

ኣይነበረን። ስልጣን ካብ ብትምህርቲን ሃብቲን ጸብለል ዝበሉ ውሑዳት ጉጅለ መንጢሉ፡ ንሓፋሽ ህዝቢ ፓናማ ካብ ድክዐነት ከገላግሎ ራኢ ነይሩዎ። ድሕሪ ክልተ ሰሙን ማእሰርቲ ስፓዳፎራ ብቶሪጆስ ተጸውዐ። ክልተኦም ተራኪቢዖም ነዊሕ ድሕሪ ምዝታይ፡ ስፓዳፎራ ኣብ ኣዝዩ ርሑቕ ገጠር ጫካታት ዳርየን ከይዱ ክሊኒክ ክከዕፍት ቶሪጆስ ዕድመ ኣቕረበሉ። ስፓዳፎራ ብኡ ንብኡ ተሰማምዐ። ጸኒሑ ስፓዳፎራ፡ ካብታ ሃገር ኣብ ዝደከዐየት ዞባ ኮሎን ዳይረክተር ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ኰይኑ ክሰርሕ ተመዘዘ። ስዒቡ ድማ ወኪል ሚኒስተር ጥዕና ኰነ። ብፍቓድ ቶሪጆስ፡ ኣሃዱ ደባይ ተዋጋእቲ ብምውዳብ፡ ኣብ ጎኒ እቶም ኣብ ኒካራጓ ኣንጻር ውልቀ-መላኸዐ ሶሞዛ ዝቃለሱ ዝነበሩ ሳንዲናውያን ተቓወምቲ ተሰሊፎም ከም ዝዋግኡ ገይሩ።

ቶሪጆስ ብዕልዋ ስልጣን ካብ ዝጭብጥ ንደሓር ብዙሓት ጸላእቲ ኣጥረየ። ስለዚ ከኣ ንዝክዐተሎ ዝነበረ ውልቀ-መላክዐነት ንምክልካዐል ኣብ ከም ኖርየጋ ዝኣመሰሉ ብህርፋን ገንዘብ ዝዓወሩ ሰባት ክጽጋዕ -መረ። ኣብ 1970፡ ኖርየጋ፡ ናብ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ተኣፈፍቲ ጽፍሕታት መንግስቲ ተሰጋጊሩ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወተሃደራዊ ስለያ፡ ሓላፊ ጉጅለ-2 ኰይኑ ተመዘዘ። ስፓዳፎራ ብከዑሉ መለክዒታት ብሉጽ ነይሩ፡ ኖርየጋ ግን ዘሎዎ ኣይነበሮን። ድሕሪ ዓመታት፡ ኖርየጋ ኣብ ገበናት ኢድ ክሕውስ -መረ። ስፓዳፎራ ንኖርየጋ ኣዝዩ ፈንፈኖ። ኣብ 1981 ድማ ጭብጥታት ብምቕራብ፡ ሓደ መዓልቲ ንቶሪጆስ ክቐትሎ ከም ዝክዐእል ኣጠንቀቖ። ስፓዳፎራ፡ ኩሉ እቲ ዘቕረቦ ክስታት ኣብ ቅድሚ ኖርየጋ ደገሞ። ብ30 ሓምለ 1981፡ ቶሪጆስ ብሓደጋ ሄሊኮፕተር ምስ ሞተ፡ ኣብ መንጎ ስፓዳፎራን ኖርየጋን ዝነበረ ምፍጣጥ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ደየበ። ንቑሩብ እዋን ስፓዳፎራ ኣቓልቦኡ ናብ ኒካራጓ ገጹ ኣቕነዐ። ብመስከረም 13 1985 ድማ ናብ ፓናማ ተመልሰ'ሞ ብኡ ንብኡ ብዘሰቅቕ ኣገባብ ተቐትለ።

ካብ ግዜ መግዛእቲ ስጳዐ -ሚራ፡ ፓናማ በቲ እትውንኖ፡ ንኣትላንቲካዊን ሰላማዊን ውቅያኖሳት ዘራክዐብ ዓሚቕ ግን ከአ ሓጺር መመሓላለፊ መገዲ ትምነስ ነይራ። ኣብ ክንዲ ብኒካራጓ ብፓናማ ዝሓልፍ መትረብ ክስራሕ ምስ ተወሰነ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምፍሳስ ደም ዘይነበሮ ናዕቢ ብምልዕዓል ርፓብሊክ ፓናማ ከም ትምስረት ገይራ። እቲ ብ1914 ዝተከዐፍተ መትረብ ንኣመሪካ ኣማሓዳሪት ዞባ'ቲ መትረብ ክትከውንን ኣብታ ሓዳስ ሃገር ኢድ ክህሉዋን ኣክዐኢሉዋ። ማዕረ ምትእትታው ኢድ፡ ምልዕዓል ሃገራዊ ስምዒት ፓናማን ጸረ-ኣመሪካዊ ኣተሓሳስባን

እውን ተራእየ። ድሕሪ ዓመታት ናብ ጎነጽ ማዕቢሉ ኣብ 1964 ኣዝዩ ደማዊ ነትጉ ኣስዒቡ። ምልዕዓል 1964፣ ፓናማዊ ሃገራውነት ብሓድሽ መልክዑ ከም ዝፍጠር ገይሩ። እቲ ቀንዲ ዕላማኡ ድማ ናይታ ሃገር ዝዓበየ ሃብቲ ዝኸውን ዞባ'ቲ መትረብ ካብ ኣመሪካ መንዚዕካ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ፓናማውያን ከም ዝኣቱ ምግባር ኢዩ ነይሩ። ንቶሪጆስ ናብ ስልጣን ዘምጸአ ናይ 1968 ዕልዋ ድማ ውጽኢቱ ኢዩ።

ጂሚ ካርተር ብጥሪ 1977 ስልጣን ድሕሪ ምጭባጡ፣ ከይደንጎየ ብዛዕባ መጻኢ መትረብ ፓናማ ዝዝቲ ህጹጽ ዝርርባት ኣካየደ። ንርክብ ኣመሪካን ፓናማን ዘነጽር ኣብ ክልተ ውዕላት ስምምዕ ተበጽሐ። ኣመሪካ ካብቲ መትረብ ምሉእ ብምሉእ ኣብ 2000 ክትወጽእን ፓናማ ነቲ መትረብ ክትርከቦን ተሰማምዓ። ፓናማ ብወገና፣ ነቲ መትረብ ኢሻራዊ ክትገብሮ ፈረመት። እዞም ክልተ ውዕላት ጸኒሖም ብክዐልተኣን ሃገራት ጸደቑ። እዞም ውዕላት ንፓናማ ናብ ርግኣት ክመርሑዋ ዝክዐእሉ እኳ እንተ ነበሩ፣ እቲ ተክዐእሎ ምስ ሞት ቶሪጆስ ኣብ 1981 በነነ። ኣብ ዓመተ 1983፣ ሓደ ካብቶም ብልሹዋት ሰዓብቲ ቶሪጆስ ዝነበረ -ነራል ኖርየጋ ናብ ስልጣን ደየበ። እቲ ቀዳማይ ንስልጣን ኖርየጋ ዝተቓወመ ስፓዳፎራ ነበረ፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ህይወቱ ሰኣነ። ቅድሚ ሓደ ዓመት፣ ኖርየጋ ናይ ምትላል ምርጫ ብምምራሕ፣ ኒኮላስ ኣርዲቶ ባርለታ ሓድሽ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ኰይኑ ከም ዝምረጽ ገበረ። ኣብ ቅትለት ስፓዳፎራ ተሓታቲ ኰይኑ ከይቀርብ ከኣ ንፕረዚደንት ባርለታ ጠለብ ኣቕረበሉ። ባርለታ ነቲ ጠለብ ነጸጎ። ኣብ መስከረም 27 1985፣ ክልተ ሰሙን ድሕሪ ቅትለት ስፓዳፎራ፣ ባርለታ ብኖርየጋ ተደፊኡ ካብ ስልጣኑ ወረደ።

ኖርየጋ ብርቱዕ ማዕበላት ክፍንጽግ ዝክዐእል ሓይሊ ከም ዘሎዎ ይኣምን ነይሩ። ውልቀ-መለክዐቲ፣ ደባይ ተዋጋእቲ፣ ነጋዶ ሓሽሽ፣ ከምኡ'ውን ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ኣመሪካ ዘጠቓለሉ ኣዝዮም ሓያላትን ዝተፈላለዩን ጉጅለታት ኣዕሩክዐ ነይሮሞ። ማእከል ስለያ ኣመሪካ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ መሳርሒ ኣብ ላቲን ኣመሪካ ይርእዮ ነበረ። ኣብ 1980ታት፣ ኖርየጋ፣ ነቶም ኣብ ኮሎምቢያ ዝነበሩ ነጋዶ ሓሽሽ ብምስጢራዊ መዕረፊ ቦታታት ፓናማ ተጠቒሞም ሓሽሽ ናብ ኣመሪካ ከእትዉ ኣፍቀደሎም። ብተመሳሳሊ ግዜ፣ ከም ቀዳማይ ተሓባባሪ ናይ ኣመሪካ ምምሕዳር ምቁጽጻር ሓሽሽ ኰይኑ ይሰርሕ ነይሩ። ንተቓወምቲ ኒካራጓ ክሕግዝ ብምስምምዑ ድማ ብምምሕዳር ሬገን ፍቱው ኰነ።

ንኖርየጋ ካብ መዝገብ ኣዕሩክዐ ኣመሪካ ንምእላዩ ብብዙሓት ብጥርኑፍ ዝተገብረ ፈተነታት ብሰንኪ ኣብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዋሽንግተን ዝነበረ ናይ ሓሳብ ፍልልያት ክዕወት ኣይክኣለን። ስለዚ ከኣ ኣብ ፈለማ 1987 ኖርየጋ ውሕስነት ክስምዖ -መረ። ነቶም ኣብ ዋሽንግተን ዝነበሩ ጸላእቱ ከም ዝሰዓሮም ብምትእምማን ድማ ኣንጻር ኮለኔል ሮበርቶ ዲያዝ ክንቀሳቐስ ወሰነ። ኮለኔል ሮበርቶ ዲያዝ ሀሬራ፣ ካልኣይ ኣዛዚ ሰራዊት ምክልካዐል ፓናማ ኰይኑ እቲ ዝሓየለ ተቓዋሚ ኖርየጋ ኢዩ ነይሩ። ክልተኦም ንብዙሕ ዓመታት ክሰሓሓቡ ዝነበሩ ኢዮም። ኣብ መንጎ ክልተኦም ሕድገታት ብምግባር፣ ኖርየጋ ብፍቓዱ ስልጣን ክገድፍን ንዲያዝ ሀሬራ ከረክቦን ተሰማምዐ። ነዚ ከተግብር ግን ቅሩብ ኣይነበረን። ኣብ ሰነ 1987፣ ኖርየጋ ንዲያዝ ሀሬራ ካብ ሓይልታት ምክልካዐል ኣልዩ ከም ዲፕሎማሰዐ ፓናማ ኣብ ጃፓን ኰይኑ ክሰርሕ መዘዞ። ሀሬራ ግን ኣይተቐበሎን። ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት፣ ሀሬራ ምስጢራት ኖርየጋ ከቃልዖ -መረ። ብፍላይ ድሕሪ'ቲ ዝገበሮ ቃለ-መጠየቕ፣ ህዝቢ ንሀሬራ ዘሎዎ ደገፍ ክዓርግ ተራእየ። ኣንጻር ኖርየጋ ዝቐንዐ ክስታት፣ ናይ ተቓውሞ ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፍታት ንመዓልታት ተካዐየዱ።

ብ26 ሰነ ንተቓውሞ ምምሕዳር ሬገን ሸለል ብምባል፣ ባይቶ ኣመሪካ፣ ክሳብ'ቶም ኣንጻሩ ቀሪቦም ዘሎዉ ክስታት ዝጻረዩ፣ ኖርየጋ ካብ ስልጣን ክወርድ ውሳነ ኣሕለፈ። ኣብ መ-መርያ 1988፣ ኖርየጋን ብዙሓት ካልኦትን ሓሽሽ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ንኣመሪካ ክኣቱ ኣብ ዝተገብረ ውዲት ኢድ ነይሩዎም ብምባል ክልተ ዓበይቲ መጋባእያታት ፍሎሪዳ ገበናዊ ክስታት ኣቕረቡ። ንምምሕዳር ሬገን ኣዝዩ ዘቖጥዐ ክስተት ግን፣ ብዋሽንግተን ብርቱዕ ተቓውሞ ዝነበሮ፣ ንማእከላይ ኣመሪካ ዝዓለመ ውጥን ሰላም፣ ኖርየጋ ሓንጎፋይ ኢሉ ምቕባሉ ኢዩ። ኣብ 1988፣ ኖርየጋ ካብ ስልጣኑ እንተ ወሪዱ፣ ኣንጻሩ ዝተመስረቱ ክስታት ብምሉኦም ክስረዙሉ ምካዒኖም ኣመሪካ ብወግዒ ኣፍለጠት። ኖርየጋ ግን ነጸጎ።

ኣብ ግንቦት 1989፣ ብዘይ ፍታው ኣድመጽቲ፣ ኖርየጋ ንሓደ ካብቶም ሰዓብቱ ፕረዚደንት ፓናማ ክከዐውን ሓረዮ። ፕረዚደንት ቡሽ፣ ንኖርየጋ ንምፍርራሕ፣ 1800 ሰራዊት ኣብ ፓናማ ናብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ኣንቀሳቐሰ። ኣብ ነሓሰ 1989፣ -ነራል ማክስ ቱርማን ኣዛዚ ደቡባዊ እዚ ሰራዊት ኣመሪካ ብምካዒን ኣንጻር ኖርየጋ ክግበር ንዝተሓስበ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክመርሖ ተመዘዘ። ሜ-ር ሞይሰስ ጂሮልዲ፣ ሓደ ካብ

ላዕለዎት ሓለፍቲ ሓይልታት ምክልካዐል ፓናማ፡ ንኖርየጋ ካብ ስልጣን ክዓልዎ ዘሎዎ መደብ ዝሕብር መልእኽዐቲ ንቱርማን ሰደደሉ። ቱርማን ግን እቲ ቀንዲ ዕላማኡ ሽግር ፓናማ ምፍታሕ ስለ ዘይነበረ ኣይተገደሰሉን። ኣመሪካ ትደልዮ ዝነበረት ዕንወት ሓይልታት ምክልካዐል ፓናማ ኢዩ።

ጂሮልዲ ብዘይ ናይ ኣመሪካ ሓገዝ ዝፈተኖ ዕልዋ ፈሸለ። ዋላ'ኳ ኣብቲ መ-መርታ ንኖርየጋ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣብ ምእታው እንተ ተዓወተ፡ እቲ ኩነታት ግን ብቕልጡፍ ተለዊጡ ጂሮልዲ ብጭካነ ተቐትለ። በዓልቲ-ቤት ጂሮልዲ ናብ ሚያሚ ምስ ሃደመት፡ "ብቕትለት በዓል-ቤተይ ኣመሪካውያን ኢዮም ተሓተትቲ" ክትብል ተሰሚዓ። እዚ ፍጻመ'ዚ ድማ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብዙሕ ነቐፌታታት ኣለዓዓለ።

ብ16 ታሕሳስ፡ ወተሃደራት ፓናማ ምስ ተተኰሰሎም፡ ሓላፊ ስለያ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ንዝነበረ ሌተናንት ሮበርት ፓዝ ቀተሉዎ። ብህጹጽ ፕረዚደንት ቡሽ ፓናማ ክትውረር ኣዘዘ። ኣመሪካ ንፓናማ ናይ ምውራር መደብ ከም ዘሎዋ ምስ ፈለጠ፡ ኖርየጋ ንቑሩብ መዓልታት ተሰወረ። ኣብ ስጳዐን መክሲኮን ፖለቲካዊ ዑቕባ ሓቲቱ ክሰልጦ ኣይክኣለን። ኣብ መወዳእታ፡ ድሮ በዓል ልደት፡ ኣብ ከተማ ፓናማ ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ ቫቲካን ተዓቚበ። ኖርየጋ ከይሃድም ንምሕላው፡ እቲ ኤምባሲ ንዓሰርተ ሓደ መዓልታት ብሓይልታት ኣመሪካ ተከዐበ። ብ3 ጥሪ፡ ኖርየጋ ኢዱ ክህብ ተሰማምዐ። ብኣመሪካውያን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ድማ ናብ ኣብ ሚያሚ ዝርከብ ቤት-ማእሰርቲ ተወስደ።

ኖርየጋ ካብ ስልጣን ድሕሪ ምውራዱ፡ ከተማ ፓናማ ብስርዓት ኣልቦነት ሕንፍሽፍሽ ኣተዋ። ማእከል ዝምታ ከአ ኰነት። ኣመሪካ ስርዓት ዘውሑሱ ወተሃደራት ኣብታ ከተማ ኣምጺኣ ነቲ ኩሉ ዘጋጠመ ሕንፍሽፍሽ ክትከላኸዐሎ ትክዕእል ነይራ። እንተኸዐነ ዝኸዐነ ስጉምቲ ኣይወሰደትን። ፓናማውያን ግን ኖርየጋ ካብ ስልጣን ብምውራዱ ዓቢ ጽዕነት ተራጊፉሎም ነበረ።

ብ9 ሚያዝያ 1992፡ ምስ ሓሽሽ ዝተኣሳሰረ ብዝቐረበሉ ሸሞንተ ክስታት ኖርየጋ ገበነዐ ኰይኑ ስለ ዝተረኽዐበ፡ ን40 ዓመታት ማእሰርቲ ተፈረደ። ብኣመሪካ ዝተሸመ ሓድሽ ፕረዚደንት ፓናማ፡ ጕለርሞ ኤንድራ ብህዝቢ ቀልጢፉ ተጸልአ። ኣብ 1994 ድማ ቤት-ጽሕፈት ገደፎ። ኣብ ትሕቲ'ቶም ብድሕሪኡ ዝሰዓቡ ክልተ ፕረዚደንታት ክጥቀስ ዝኽዐእል ምዕባለ ኣይተራእየን።

ናይ 2004 ምርጫ፣ ወዱ ነቲ ካብ 1968 ክሳብ 1981 ንፓናማ ዓብሊሉዋ ዝነበረ ህቡብ -ነራል ዝከዐነ ማርቲን ቶሪጆስ ዝተዓወተሉ ነይሩ። ማርቲን ፕረዚደንት ሃገረ ፓናማ ምስ ኰነ፣ ናይ ኣቦኡ ውርሻ ጥራይ ዘይኰነ ጅግንነት ስፓዳፎራ'ውን ከም ብሓድሽ ኣድመቖ። ቅድሚ 19 ዓመት ዘጋጠመ ቅትለት ስፓዳፎራ ታሪክዐ ፓናማ ከምዚ ሕጂ ሒዙዎ ዘሎ ቅርጺ ከም ዝሕዝ ዝገበረ ፍጻመ ኢዩ ነይሩ።

# 13. ኣፍጋኒስታን

ንዘመናት ኣፍጋኒስታን ዝብል ስም ተነጽሎን ርሕቀትን ምስ ዝብል ቃላት ኢዩ ዝመሳሰል ነይሩ። እቲ ስም ክጽዋዕ ከሎ ዝተከውነ ቦታ፣ ኣብ መሬታት ኤስያ ዝተዓጽወ፣ ብሰማይ ጠቀስ ሰንሰለታውያን ጎቦታት ካብ ዓለም ዝተቖርጸ፣ ብቀቢላዊ ልምዲ ዝመሓደር ቦታ ኢዩ ዘስምዕ። ሰንሰለታዊ ኣከዐራናት ኣፍጋኒስታን ኣብ ልዕሊ ወረርቲ ዘሎዎ ጭካነ ዝተፈልጠ ኢዩ። ኣብ 1842 እንግሊዛውያን ወረርቲ ኣብ ኢድ ኣፍጋናውያን ተሳቒዮም ኢዮም።

ኣብ 19 ዘመን፣ ሩስያን ብሪጣንያን ጽልውኣን ኣብ ኣፍጋኒስታን ከሕድራ ይወዳደራ ነበራ። ምክንያት መወዳደሪኣን ግን ኣፍጋኒስታን ዕቑር ሃብቲ ስለ ዝነበራ ዘይኮነስ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኣ ኢዩ። ኣፍጋኒስታን ንህንዲ፣ ኢራን፣ ማእከላይ ኤስያ፣ ከምኡ'ውን ቻይና ኣብ ዘራክዐብ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ዘሎዎ ዞባ ኢያ ትርከብ። ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ውግኣት ዓለም እውን ከይተተንከፈት ኢያ ወጺኣ። ኣብ ግዜ ዝሑል ኲናት'ውን እንተኸውነ ካብቲ ዓንኬል ተገሊላ ኣብ ምውጻእ ተዓዊታ ኢያ።

ብ1973 ንግስነት ኣፍጋኒስታን ብኣመሪካን ሕብረት ሶቬትን ብዝሕገዙ ንኣሽቱ ሰበ-ስልጣናት ካብ ስልጣን ተዓልወ። ንሳቶም'ውን ኣብ 1979 ብጸጋማዊ ልፍንቲ ተዓልዉ።

ሓድሽ ስርዓት ከምቲ ዝድለ ክዕወት ኣይክኣለን። እቲ ስርዓት ኣብ ሓጺር ግዜ ክብጽሖ ዘጸግሙ ማሕበራዊ ጽገናታት ከተኣታቱ እኳ እንተ ጸዓረ፣ ምስ ሕብረት ሶቬት ብምትዕርራኽ ብብዙሓት ኣፍጋናውያን ከም ሃጸያዊን ጸረ-ዓረባዊን ከጠምቶ ከኣለ። ኣብ ማእከል ዞባዊት ከተማ ዝተላዕለ ተቓውሞ መንግስቲ ኣፍጋን ምስ ሕብረት ሶቬት ብምትሕብባር ጨፍለቖ። ብሰንኩ 20,000 ሰለማውያን ሰባት ተቐትሉ። እዚ ናዕቢ ምስቲ ኣብ ኢራን ዝተካዐየደ እስላማዊ ሰውራ ተደሚሩ ንስትራተጂያዊ ካርታ ማእከላይ ምብራቕን ማእከላይ ኤስያን ሱር-ብተካዐዊ ለውጢ ኣምጽኣሉ። በብናቶም ምክንያታት፣ ኣመሪካውያንን ሶቬታውያንን ብዛዕባ'ቲ ከስዕቦ ዝክእል ነገራት ኣዝዮም ተገደሱ። ሰውራ ኢራን፣ ሕብረት ሶቬት ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝነበራ ዓብላልነት ብሰንኪ እስላማውያን ተቓወምቲ ይብሕጎጎሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ኢዩ ኣጋጢሙ። ብ17 መጋቢት 1979 ከኣ ሕብረት ሶቬት ተሪር ስጉምቲ ክትወስድ ወሰነት።

ኣንጻር'ቲ ብሕብረት ሶቬት ዝድገፍ ስርዓት ኣፍጋኒስታን ተቓውሞ ምስ ተ-መረ፣ ነቶም ተቓወምቲ ሓገዝ ክቐርብ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ድልውነቱ ኣረጋገጸ። ከምዚ ክገብር ዝደፋፍኦ ከኣ እቲ ተቓውሞ እንድሕር በርቲዑ፣ ሶቬታውያን ክዳከዐሙ ይክዐኢሉ ኢዮም ዝብል ሓሳብ ስለ ዝነበሮ ኢዩ። እዚ ኣብ ታሪክዐ ማእከል ስለያ ኣመሪካ ዝበዝሐ ወጻኢታት ዝሓተተን ስርሒት ኰነ። ድሕሪ ሰንሰለታውያን ፍጻመታት፣ ኣብቲ መ-መርታ ንኣመሪካ ዓወት ዝመስል ዝነበረ ናብ መዓት ተቐየረ። ሓደ ደባይ ተዋጋኢ ኣንጻር ሓያል ሰራዊት ገጢሙ ክዕወት እንተከዐውይኑ ኣብ ጎረቤት ሃገር ደ-ን ክህሉዎ ኣሎዎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፣ እታ ልዕሊ 1000 ማይልስ ዶብ ምስ ኣፍጋኒስታን ዘሎዋ ፓኪስታን ዝበለጸት ምርጫ ኰነት። ማእከል ስለያ ኣመሪካ ምስጢራዊ ሓገዛቱ ንኣፍጋናውያን ተቓወምቲ ከብጽሕ እንተከዐውይኑ፣ ኣቐዲሙ ምስ ፓኪስታን ክሰማማዕ ነይሩዎ። ኣመሪካውያን ሳዕቤናት ናይቲ ምስ ፓኪስታን ክገብሩዎ ዝደልዩ ርክባት ክመምዩ ይግብኦም ነይሩ። ከምኡ ግን ኣይገበሩን። ስለዚ፣ ምስ ወተሃደራዊ ውልቀ-መላከዐ -ነራል ዚያ ኣልሓቕ ኣብ ስምምዕ በጽሑ። -ነራል ዚያ ኣልሓቕ፣ ነቲ ቅድሚኡ ዝነበረ መራሒ ክቕተል ዝኣዘዘ፣ ሕነ ምፍዳይ ዝሰረቱ ኣተሓሳስባ ኣብ ሃገሩ ዘስፋሕፍሕ ዝነበረ፣ ከምኡ'ውን ኑክሌሳዊ መሳሪሒታትን ቴክኖሎጂን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ክዕድግ ህርድግ ዝብል ዝነበረ መራሒ ኢዩ። ንኣፍጋናውያን ተቓወምቲ ምጥንካዐር ዝብል መደቦም ክትግበር እንተከዐውይኑ፣ ኣመሪካውያን ብዘይካ ን-ነራል ዚያ ምርካብ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮምን። ዚያ ክተሓባበር ተሰማምዐ። ፓኪስታን ክሳብ ነቲ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዘሎ ተቓውሞ ምምራሕ ዝብል ዘይንቡር ኩነታት ተቓልዐት።

ኣብ ቀውዒ 1979፣ ሓፊዙላህ ኣሚን ዝተባህለ ዴሳዊ መራሒ ኣብ ካቡል ስልጣን ጨበጠ። ሓፊዙላህ ንሶቬታውያን ብምርሳዕ ምስ ኣመሪካውያን ዲፕሎማሰዐታት ርክባት ከካይድ -መረ። በዚ ዝሰንበዱ ሶቬታውያን ናብ ኣፍጋኒስታን ሰራዊት ሰዲዶም ንኣሚን ብምቕታል ምስኦም ዝሰማማዕ ሓድሽ ስርዓት ተከዐሉ። እዚ ድማ ሶቬታውያን ንባዕሎም ኢድ ከም ዝሕውሱ ኣብ ምግባር ንኣመሪካ ጽቡቕ ዕድል ፈጠረላ። ሬገን ፕረዚደንት ኣብ ዝነበረሉ እቲ ውዕል ምስ ዚያ ኢዩ ተወዲኡ ነይሩ። ሚልዮናት ዶላራት ኣመሪካ ናብ ፓኪስታን ፈሰሱ። ብመሰረት ኣመሪካን ፓኪስታንን ዝኣተወኦ ውዕል፣ እቲ ዝመጽእ ገንዘባዊ ሓገዝ ብምሉኡ መ-መሪያ ናብ ውሽጠ-ኣገልግሎታት መርበብ ስለያ ፓኪስታን ክርከብ፣ ካብኡ ናብቲ ዝድለ ቦታታት ፋሕ ክብል

ኢዩ እቲ ስምምዕ። መርበብ ስለያ ፓኪስታን ብወገኑ ነቶም ዝያዳ ጽልዋ ፓኪስታን ዝቕበሉ ዝነበሩ ጉጅለታት፣ ብፍላይ ድማ ነቶም ተወፋይነት ዚያ ኣብ ጥሩፋዊ ምስልምና ዘንጸባርቑ ጥራይ ነቲ ብኣመሪካ ዝመጸ ሓገዛት ይህቦም ነበረ።

ኣብ መ-መሪያ 1980ታት፣ ሬገን ይከውን ናይ ቀረባ ተሓጋገዝቱ፣ ደባይ ተዋጋእቲ ኣፍጋኒስታን ንቐይሕ ሰራዊት ክስዕሩዎ ኢዮም ዝብል እምነት ነበሮም። ንወፍሪ ኣፍጋኒስታን ዝከዐውን ወጻኢታት ንምሽፋን፣ ኣመሪካውያን ንስዑዲ-ዓረብ ኢድ ከም ትሕውስ ገበሩ። ስዑዳውያን ቅድም ኢሎም ናብ ዚያ ኣዝዩ ብዙሕ መጠን ዘሎዎ ገንዘብ፣ ወሃቢ ምስልምና ዝምህራ ሃይማኖታውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ምክዐፋት ዝውዕል ሓገዛት ብምስዳድ ኣብ ፓኪስታን ኢድ ሓዊሶም ነይሮም። ስዑዳውያን ብተወሳኺ፣ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሃይማኖታውያን መምሃራንን ሙላሃትን ናብ ፓኪስታን ሰደዱ። ስዑዳውያን፣ ምስቲ ኣመሪካ ንኣፍጋናውያን ዝህቡዎም ዝነበሩ ሓገዛት ዝመዓራረ፣ ፍልልይ ናይ ሓንቲ ዶላር እውን ዘይብሉ ሓገዛት ክህቡ ተሰማምዑ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ፣ እቲ ኣብ መንጎ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ዝርከብ ሕጊ ኣልቦ ዞባ፣ ክግመት ብዘይክኣል መገዲ ንዓለም ዝቐየሩዋ ቁጥዓት ሓይልታት ከም ዝፍጠሩ ገበረ።

ኣመሪካ እቲ ንኣፍጋኒስታን ትህባ ዝነበረት መጠን ኣልቦ ሓገዛታ መን ይውሰዶ ኣብ ዝብል ጉዳይ ኢድ ኣይነበራን። እዚ ውሳነ ነታ ካብ ምምሕዳር ዋሽንግተን ዝሓሰቦ ዝነበረ ዕላማታት ኣዝዩ ዝተፈልየ ዕላማታት ዝነበራ ፓኪስታን ኢዩ ተገዲፉ ነይሩ። መርበብ ስለያ ፓኪስታን ንሸውዓተ ኣንጻር ኣመሪካ ዝዕላማኦም ጥሩፋት ኣፍጋናውያን ተቓወምቲ ሓገዛት የበርክት ነይሩ። ሓደ ዝከዐ ሃይማኖታዊ ጽልዋ ዘይነበሮ ኣፍጋናዊ ንኣመሪካውያን "ቀንጸልቲከዑም ኢከዑም ትምውሉ ዘሎከዑም" ብምባል ኣብቲ እዋን ኣጠንቂቑዎም ነይሩ። ውግእ ኣፍጋኒስታን እናዓበየ ብዝከዐደ፣ ፍርሒ ኣህጉራዊ ግብረ-ሽበራ እናጸንከረ ከደ። እቶም ኣብቲ እዋን ዝውሰዱ ዝነበሩ ግብረ-ሽበራውያን መጥቃዕትታት፣ ንኣመሪካ ጠንቂ ኣንጻራ ዝከዐ ግብረ-ሽበራ ካበይን እንታይን ምካዒኑ ኣብ ምምላስ ምሓገዛ። ከምዚ እንተ ዝገብሩ፣ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝርከቡ ጥሩፋት ኣሃዱታት ምስልጣንን ምዕጣቕን ጽቡቕ ድዩ ነይሩ ኣይኮነን ንኣመሪካውያን ክመምዩዎ ምቐለለ። ኣመሪካ ካብቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝ-መረ ቀዳማይ ማዕበል ግብረ-ሽበራ ተኣልያ፣ ነቶም ካብቲ ዝነበረ ንላዕሊ ዝበርትዐ ማዕበል ሽበራ ኣንጻራ ዝኣወጁ ተቓለስቲ ትምውል ከም ዝነበረት፣ ኣብ

ዋሽንግተን ዝነበሩ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ኢዮም ዝረኣዮም ነይሩ።

ጸረ-ኣፍጋናዊ ሓይሊ ዝሰለፉ ሰራዊት ንምህናጽ መርበብ ስለያ ፓኪስታን ካብ ዝተፈላለያ እስላማውያን ሃገራት ወተሃደራት ክከዐትብ -መረ። ብዙሓት ካብቶም ወለንተዐታት፡ ኣንጻር'ቶም እምነት ኣልቦ፡ ቅዱስ ኲናት ብምእዋጅ ሱር-ብተካዐዊ ለውጢ ንምምጻእ ዝሓለኑ ኢዮም። ብማእከል ስለያ ኣመሪካ ዝምወላ፡ ፓኪስታን ኣብ ዝርከባ መደበራት ታዕሊም፡ ሓደስቲ ተዓለምቲ ኣንጻር ዝተራቐቐ ዘመናዊ ኣጽዋራት ከዋግኡም ዝክዐእል ዘመናዊ ስልትታት ብሰፊሕ ሰልጠኑ። ሓደ ካብዚኣቶም ድማ ኣብ መፋርቕ 20ታት ዕድመኡ ዝነበረ፡ ኣብ 1980ታት ንፓኪስታን ዝመጸ፡ ስዑዳዊ ሚልዮነር ኦሳማ ቢን ላደን ነበረ። ንቑሩብ እዋናት ደባይ ተዋጋኢ ኰይኑ ተንቀሳቒሱ። ጸኒሑ፡ ነቶም ካብ ወጻኢ ሃገራት ዝመጹ ወለንተዐታት ተቐቢሉ ናብ ዝተፈላለያ መደበራት ታዕሊም ኣብ ምስዳድ ክነጥፍ -መረ። ኣብ ሓጺር ግዜ 50,000 ዝበጽሑ መንእሰያት ካብ 28 ሃገራት ናብ ፓኪስታን ወሓዙ።

ብ1986 ሚካኤል ጎርባቾቭ ናብ ስልጣን መጸ'ሞ ንሰራዊት ሶቬት ካብ ኣፍጋኒስታን ከም ዝወጹ ገበረ። ናይ መጨረሽታ ኣሃዱታት ቀይሕ ሰራዊት ከኣ ብ15 ለካቲት 1989 ካብ ኣፍጋኒስታን ወጹ። በቲ ውግእ ኣፍጋናውያን ዝያዳ ኩሉ ተሃሰዮም። ብ1988 -ነራል ዚያ ብሓደጋ ነፋሪት ተቐትለ። እቲ ውግእ ፓኪስታን ሓይሊ ክትድርብን ዝሓየለት ዓርኪ ኣመሪካ ክትከውንን ሓገዛ። ብተወሳከዑ፡ ብዛዕባ ኣመሪካ ከይተሸገረት ኒኩለሳዊ መደባ ክትሰርሓሉ ምሉእ ግዜ ረከዐበት። ምስ ምውጻእ ሕብረት ሶቬት፡ ኣመሪካ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝነበራ ተገዳስነት ጎደለ። ብዙሓት ግዱሳት ብዛዕባ ሳዕቤናት ምዝላቕ ኣመሪካ ካብ ኣፍጋኒስታን ከጠንቅቑ -ሚሮም። ካብ ዋሺንግተን ግን ነዞም መጠንቀቕታታት ግዲ ዝገበረሎም ኣይነበረን። ኣመሪካ ካብ ኣፍጋኒስታን እንተ ስሒባ፡ "ኣፍጋኒስታን ናብ ማእከል ግብረ-ሽበራ ክትቅየር ኢያ" ብምባል ፕረዚደንት ነጂቡላህ ኣጠንቀቐ። ሕብረት ሶቬት ካብ ኣፍጋኒስታን ኢዳ ድሕሪ ምስሓባ፡ ኣፍጋናውያን ጎይቶት ውግእ ዒላማኦም ናብቲ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ቦታ ዝከዐልኦም መንግስቲ ነጂቡላህ ኣቕንዑዎ። ምስ ምብትታን ሕብረት ሶቬት ነጂቡላህ ተዳከዐመ። ኣብ ሚያዝያ ድማ ብመንጎኝነት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዝተበጽሐ ስምምዕ መሰረት ካብ ስልጣኑ ወረደ። እቶም ጎይቶት ውግእ ነዊሕ ዕምሪ ዘይነበሮ መንግስቲ ኣቘሙ። ናዕቢ

ተኻሃሃረ፣ ውግእ ሓድሕድ ተ-መረ፣ ኣብ 1992-1993 ድማ ካቡል ዓነወት።

ውግእ ሓድሕድ ኣፍጋኒስታን እናቐጸለ፣ ፓኪስታን ጣሊባን ዝብሃል ሓድሽ ምንቅስቓስ ፈጠረት። ጣሊባን ኣመሪካ ዝመልመለቶም ኢዮም። ምኽንያቱ፣ ኣብቲ ብኣመሪካ ዝምወል ዝነበረ መደበራት ታዕሊም ዝተዓለሙን ዝዓጠቑን ኢዮም። በቲ ብማእከል ስለያ ኣመሪካ ዝተፈጥረ ንጥሩፍነት ዘተባብዕ ሃዋህው፣ ብዙሓት ዕጡቓት ተጸልዮም። መንግስቲ ስዑዲ-ዓረብ ሚልዮናት ዶላራት ናብ ጣሊባን ይልእኽ፣ ፓኪስታን ወተሃደራት ትምልምል፣ ኣመሪካ ኣጽዋርን ገንዘብን ትልእኽ፣ ቢን ላደን ከኣ ይመርሕን የወሃህድን። ምስ ከምዚ ዓይነት ሓገዝ፣ ኣብ ውሽጢ ኣፍጋኒስታን፣ ጣሊባን ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝጊቡ፣ ብ27 መስከረም 1996 ከኣ ንከተማ ካቡል ተቖጻጸሩ። እቲ ቅድም ኢሉ ፕረዚደንት ዝነበረ ነጂቡላህ፣ ካብቲ ተዓቝብሉ ዝነበረ ቀጽሪ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተወሲዱ ብማሕነቕቲ ተቐትለ። ድሕሪ ምትሓዝ ካቡል፣ ጣሊባን ንከዑሉ ዘይዓረባዊ ዝበሎ ኣዕነዎ። ሙላህ መሓመድ ዑመርን ቢን ላደንን ከኣ መራሕቲ ኣፍጋኒስታን ኮኑ። ክልተኦም ንኣፍጋኒስታን ኣብ ትሕቲ ጽሩይ እስላማዊ መሪሕነት ከእትውዋ ድሌት ነይሩዎም። ብፍላይ ቢን ላደን፣ ንብምሉኡ እስላማዊ ዓለም፣ እስላማዊ መሪሕነት ክተኽዕሉ ብርቱዕ ድሌት ነበሮ።

ምስዚ ኩሉ ምዕባለታት ኣመሪካ ምስ ጣሊባን ዝነበራ ጽቡቕ ዝምድና ቀጸለቶ። ሓደ ንጹር ምኽንያት ናይዚ ድማ፣ ሓንቲ ኩባንያ ነዳዲ ኣመሪካ፣ ክልተ ቢልዮን ወጻኢ ብምግባር፣ ናይ ባህርያዊ ጋዝ ሻምብቆታት ካብ ቱርክምኒስታን ናብ ፓኪስታን፣ ብኣፍጋኒስታን ኣቢሉ ከኣ ምናልባት ናብ ህንዲ ዝበጽሕ ክትዝርግሕ መደብ ስለ ዝነበራ ኢዩ። ስለዚ ከኣ እታ ኩባንያ ምስ ኣመሪካ ዝሰማማዕ መንግስቲ ኣብ ኣፍጋኒስታን ትደሊ ነይራ። ስለዚ እምበኣር ተጸዋርነት ኣመሪካ ንጣሊባን፣ ብቐሉዕ ምስቲ ቁጠባዊ ዕላማታት ናይታ ኣመሪካዊት ኩባንያ ነዳዲ ዝተተሓሓዘ ኢዩ።

ጣሊባን ኣብ ኣፍጋኒስታን ስልጣን ክጭብጥ ከሎ፣ እታ ሃገር ንልዕሊ 20 ዓመታት ብዝቐጸለ ውግእ ተሓሚሳ ነይራ። ብከዑናት ዝሰንከሩ ኣፍጋናውያን ንሰላም ብምትስፋው ንጣሊባን ሓንጎፋይ ኢሎም ተቐበሉዎ። ጣሊባን ሰላም ኣምጺኡ፣ ግን ብከዑሉ ኣስካሕካሒ ኣገባባት ተቐይዱ ዝተተግበረ ናይ መቓብር ሰላም ኢዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፣ ብዙሓት ካብቶም ንኣፍጋኒስታን ንነዊሕ ዓመታት ከም እትበታተን ዝገበሩ ጥሩፋት ጉጅለታት፣ ኣንጻር ጣሊባን ንምግጣም ክተኣካዐከዑ -መሩ። ኣንጻር ሶቬት ክዋግኡ

ተባሂሉ ብኣመሪካ ዝዓጠቑዎ ኣጽዋራት ኣንጻር ጣሊባን ኣቕንዑዎ። ጸኒሑ ጆርጅ ቡሽ ናብ ኣፍጋኒስታን ገጹ ክጥምት ዝገበረ ዘሕዝን ፍጻመ መስከረም 11 ኣጋጠመ።

ብሓሙሽተ መራሕቲ ኣመሪካ ዝተወሰደ ታሪካዐዊ ግጉይ ስጉምታት፣ ንመጥቃዕቲ 9/11 ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣህጉራዊ መርበብ ግብረ-ሽበራ ከም ዝፍጠር ዝገበረ መሰረት ኣንጸፈ። ኣብ መፋርቕ መስከረም ቡሽ ንጣሊባን ሰራዊት ኣመሪካ ብምስዳድ ክዓልዎ ወሰነ። እዚ ግን ኣመሪካ በይና ክትገብሮ ትክእል ጉዳይ ስለ ዘይነበረ፣ ሓገዝ ውድብ ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ክትረክብ ፈተነት። ውድብ ሰሜን ኣትላንቲክ ብመሬት ክዋጋእ ኣመሪካ ድማ ብኣየር ክተጥቕዕ ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ። ኣብ ሕዳር 13፣ ጣሊባን ንካቡል ገደፉዋ፣ ኣብ ታሕሳስ 7 ድማ ካንድሃር። እዛ ዕለት ዓወት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣፍጋኒስታን ዘበሰረት ዕለት ኰነት። እዚ ፍጻመ ድሕሪ 87 መዓልታት ናይቲ ኣብ ኣመሪካ ዝተፈጸመ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ምካዑ ኢዩ። ኦሳማ ቢን ላደንን ሰዓብቱን ሃዲሞም፣ ኣብቶም ኣብ ዶብ ፓኪስታን ዝርከቡ ሰንሰለታውያን ጎቦታት ዘሎዉ በዓትታትን ከናለታትን ተሸርቡ።

ጣሊባን፣ ንቢን ላደንን ተሓባበርቱን ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕትታት ዝውድቡሉ መናሃርያ ምድላው ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብቲ መንግስቲ'ውን እጃም ከም ዝህሉዎም ኣፍቂዶሎም። ንቢን ላደን ኣሕሊፉ ከይህቦ ምእባዩ ከኣ ዕድሉ ወሰነ። ቡሽ፣ ወተሃደራት ኣመሪካ ናብቲ ዓውዲ ውግእ ከይኣትዉ ብምክዐልካሉ፣ ነቶም ግብረ-ሽበራውያን ክሃድሙን ዳርጋ ዝበዝሐ ክፋል ኣፍጋኒስታን ኣብ ኢድ ሓረስቶት ኣፍረይቲ ሓሽሽን ቀቢላውያን ተዋጋእቲን ከም ዝወድቕን ገበረ። ካብቲ መስርሕ ምህናጽ ሃገር'ውን ኣመሪካ ተገሊላ ወጸት። ከም ኣማራጺ ክግበር ዝነበሮ፣ ኣብ ልዕሊ ኣፍጋኒስታን መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣካይድካ ኣዝዩ ብዙሕ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ንገለ ዓመታት ኣብኡ ከም ዝጸንሕ ምግባር ኢዩ። ከምዚ እንተ ዝግበር ምናልባት ቢን ላደንን ሰዓብቱን ምተታሕዙ፣ ኣፍጋኒስታን ከኣ ኣብ መገዲ ርግኣት ገጻ ምሰጎመት።

ወጻኢታት ኣመሪካ ከውሕዱ ዝመደቡ ቡሽን ኣማኸዐርቱን ኣብ ዳግመ ህንጸ ሃገር ክሳተፉ ኣይመረጹን። ብዘይካ'ዚ፣ ስለምንታይ ኣመሪካ ናይ ነዊሕ እዋን ምትእትታው ኣብ ኣፍጋኒስታን ነጸጋቶ ዘብርሁ ክልተ ምክዐንያታት ነይሮም። እቲ ቀዳማይ፣ ዝከዐነ ምትእትታው ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝምእዘዝን ሰፊሕ ኣህጉራዊ ደገፍ ዘሎዎን እንተኸዐይኑ ጥራይ ኢዩ ክዕወት ዝክዐእል። እዚ ከኣ ኣመሪካውያን ዝነበሮም ሓይሊን ስልጣንን ምስ

ኤውሮጳውያንን ካልኦትን ክማቓርሑዎ ከገድዶም ኢዩ። ምምሕዳር ቡሽ ድማ ነዚ ኣይደለዮን። እቲ ቀንዲ ኣብ ኣፍጋኒስታን ከይጸንሑ ዝገበሮም ግን ቡሽን ኣማኸዐርቱን ዝያዳ ኣተኲሮኦም ብዒራቕ ተሳሒቡ ስለ ዝነበረ ኢዩ። ከምኡ ድማ ሓደ ዘመን ዝገበረ ኣመሪካዊ ስርሒት “ምልዋጥ ስርዓት” ኣመሪካ ባዕዳዊ መሬት ኣብ ምምራሕ ዘይብቕዕቲ ምካዒና ዘርኢ'ዩ ነይሩ። እንተኸዐ፡ ኣብ ጉዳይ ኣፍጋኒስታን ሕድገታት ዘፍቅዱ ክልተ ምኽዐንያታት ነይሮም። ቀዳማይ፡ ምብትታን ኣፍጋኒስታን ብገለ ክፋሉ ውጽኢት ናይቲ ኣብ 1980ታት ብኣመሪካ እናተመወለ ዝካየድ ዝነበረ ውግእ ኢዩ። እዚ ውግእ፡ ንኣመሪካ፡ ነቲ ኣብ ምዕናዉ ዝተሳተፈትሉ ክትሃንጾ ሞራላዊ ግዴታ ዘሰክም ኢዩ። ከምኡ'ውን ኣፍጋኒስታን ከም እንደገና ናይ ዓለም መራሒት ኣፍራዪት ሓሽሽን መራብሒ ግብረ-ሽበራን ከይትኸዐውን ምክልካዐል ዝብል ክምለስ ዝግብኦ ሕቶ ነይሩ። እቲ ቀንዲ ኣተኲሮኡ ኣብ ዒራቕ ስለ ዝነበረ፡ ምምሕዳር ቡሽ ነዚ ጉዳይ ንጎኒ ኣጸግዮ። ኣመሪካ ኣብ 1980ታት ዓሰርተታት ኣሽሓት ጥሩፋት እስላማውያን ጉጅለታት እንተ ዘይተሰልጥንን ዘይተዕጥቕን፡ ጸኒሓ'ውን እዞም ዕጡቓት ግብረ-ሽበራውያን ምስ ተቐየሩ ቅልጡፍ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ እንተ ዘይትዕገትን፡ እዚ ውግእን እቲ ኣብ ኣመሪካ ዘጋጠመ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲን ኣይመጋጠመን።

ሰሙናት ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ጣሊባን ኣብ መወዳእታ 2001፡ ብኣመሪካ ዝተመርጸ ሓሚድ ካርዛይ መራሒ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣፍጋኒስታን ኰነ። ድሒሩ ኣብ ዝተገብረ ምርጫ'ውን ተዓወተ። ካርዛይን ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝነበረ ካዐሊልዛድን ብሓንሳብ ኢዮም መንግስቲ ዘካይዱ ነይሮም። ጻዕሮምን ዝነበሮም ጽቡቕ ድሌትን በቲ ዘጋጥሞም ዝነበረ ሕጽረት መሳለጥያታት ንድሕሪት ይጉተት ነበረ። ካዐሊልዛድ ብ2005 ናብ ዒራቕ ከደ። ብናይ ደገ ሓይልታት ይኹን ብኣመሪካ ዝጥቀስ ሓገዝ ኣፍጋኒስታን ኣይረኸዐበትን። ኣብ 2004፡ 87% ካብ ጠቕላላ መፍረ ሄሮይን ዝተባህለ ሓሽሽ ኣፍጋኒስታን ኣፍረየት፡ ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ ናይታ ሃገር ድማ ኰነ። እቲ ዘገምታዊ ምቅልቓል ደሞክራሲ ብርግጽ ሓደ ኣወንታዊ ስጉምቲ ኢዩ ነይሩ። እንተኸዐነ ሕጂ እውን፡ ዓመታት ድሕሪ ውግእ፡ ኣፍጋኒስታን እታ ኣብ ዓለም ምሉእ ዘፍርሕ ዘይርግኣት ዘሎዋ ሃገር ኰይና ትቕጽል ኣላ።

## 14. ዒራቕ

ንጥንታዊት ከተማ ባቕዳድ ንምቁጽጻርን ሓለውታ መህደሚ ከም ዘይረክዐቡ ንምግባርን ብዝብል ስትራተጂ፣ ኣመሪካ ኣብ ባቕዳድ ኣብ ጽድያ 2003 ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ብምትእክዐካዐብ ነታ ከተማ ከበበታ። ባቕዳድ ድሕሪ ምሓዝ ንሳዳም ሑሴን ካብ ስልጣኑ ኣሊካዐ መከዐተምታ ውግእ ዒራቕ ከክዐውን'ዩ ኢሎም ብልቢ ዝኣመኑ ውሑዳት ኣይነበሩን። ብርግጽ እቲ ስርሒት ኣዝዩ ቅልጡፍን ዕዉትን ኢዩ ነይሩ። እንተከዐሎነ ግን እቲ ኲናትስ ጥቓ ምዝዛም'ውን ኣይቀረበን።

ስለምንታይ ግን ምምሕዳር ጆርጅ ዳብሊው ቡሽ ኣብ ዒራቕ ኲናት ክገጥም ወሲኑ? ቡሽ ይከዐውን ብዙሓት ካብ ኣማከዐርቱ ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ኲናት ንክዐውልዑ ዝደረኾዐም ምክዐንያታት ከቕርቡ ከሎዉ ብሓደ ኣይነበሩን። ብፍላይ ምስ ምዕባለን ዕርገትን ናይቲ ውግእ መርገጺታቶም ኣብ ሓድሕዱ ክጋራጮ -መረ። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ምክዐንያት የቕርብ። ኣመሪካውያን ምክዐንያቱ ከይፈለጡ ዝተጠብሱዎ ውግእ እንተ ደኣ ነይሩ እዚ ናይ ዒራቕ ጥራይ ኢዩ። ኣብ 2001 ጆርጅ ዳብሊው ቡሽ ስልጣን ካብ ዝሓዘሉ ግዜ ኣትሒዙ ቀዳማይ ኣ-ንዳ ቤተ-መንግስቲ ዋይት-ሃውስ ዒራቕ ኰነት። ዓሰርተ መዓልታት ድሕሪ ፕረዚደንታዊ ቃለ-ማሕላ ጉጅለ ቡሽ፣ ነቲ ብዳይረክተር ማእከል ስለያ ኣመሪካ "መምስርሒ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ዝከዐውን ስነ-ቀመማዊን ስነ-ህይወታዊን ጥረ-ነገራት ዘፍሪ ትካል" ኢሉ ዝጠርጠሮ ህንጻ ብደቂቕ ክከታተሎ ተራእየ። ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ኮሊን ፓወል ብወገኑ ኣንጻር ዒራቕ ማዕቀብ ንክዐግበር ዘክዐእል ኩነታት ሓሳብ ሃበ። እንተከዐሎነ ጸሓፊ ምክልካዐል ኣመሪካ ዶናልድ ራምስፌልድ ነዚ ሓሳብ ነጺጉ፣ "ሳዳም ሑሴን ካብ ስልጣን ክእለን ንረብሓታት ኣመሪካ ዝሕሉ መንግስቲ ክትከልን ጥራይ ኢዩ ዘሎዎ" ኢሉ መጎተ። ኣብ ምምሕዳር ቡሽ እቶም ቀንዲ ኣባላት ብህጹጽ ኣብ ዋሽንግተን ብምትእክዐካዐብ ብዛዕባ ውግእ ዒራቕን ክሓቶ ዝክዐእል ዋጋን ክመያየጡ ግዜ ኣይወሰዱን። ካብተን ቀዳሞት መዓልታት ግዜ ስልጣኖም ኣትሒዞም ነቲ ህሩግ ክብሉዎ ዘዕገርገሩሉ ውግእ ዒራቕ ምክዐኑይ ክገብሩ ላዕሊን ታሕቲን በሉ።

ብድሆታት ናይቶም ቀንዲ ገታእቲ ፖሊስታት ወጻኢ ኣመሪካ ንጐኒ ብምሕዳግ ኣዒንቲ ምምሕዳር ቡሽ ንዒራቕ ገጾን ኣፍጠጣ።

ሓደ ወይ ክልተ መዓልታት ድሕሪ ስነ-ስርዓት ፕረዚደንታዊ ቃለ-ማሕላ፥ ፍሉጥ ክኢላ ኣብ ጉዳይ ጸረ-ሽበራ ዝኸውን ሪቻርድ ክላርክ ንኮንደሊዛ ራይስ (ኣብቲ ግዜቲ ኣማኻሪት ሃገራዊ ጸጥታ ዝነበረት) ኣባላት ካቢነን ካልኦት ኣገደስቲ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኣመሪካን ኣኼባ ክካይደሎም ምእንቲ መደብ ክትሰርዓሉ ሓተታ። እቲ "ብዛዕባ ሓደገኝነት መርበብ ሽበራ ኣልቓዒዳ" ማእከል ገይሩ ክዛረበሉ ዝደለየ ኣኼባ ድማ ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ተካየደ። ሪቻርድ ክላርክ ኣብቲ ኣኼባ ጉዳይ መርበብ ግብረ-ሽበራ ኣልቃዒዳ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ተዋሂቡዎ ክስርሓሉ ሓሳብ ኣቕረበ። "ምክዐንያቱ" ይብል ሪቻርድ "እዚ ጉጅለ እዚ ጥራይ ኢዩ እቲ ኣውራን ዘይምሕርን ስግኣት ኣመሪካ፥" ብምባል ኣነጸረ። እንተኸውነ፥ ምክዐትል ጸሓፊ ምክልካዐል ኣመሪካ ፓወል ዉልፎዊዝ ዒራቕ እትርከበን ካልኦት ዘስግኡ ከም ዘሎዉ ገለጸ። እዚ ዘረባ'ዚ ግን "ዒራቕ ዝኸውን ይኹን ሽበራዊ ተግባር ኣንጻር ኣመሪካ ትጥጅእ ኢያ ወይ'ውን ተተባብዕ ኢያ ናብ ዝብል መደምደምታ ክመርሓና ዝኽእል ጭቡጥ መርትዖ የለን፥" ንዝብል መትት ሪቻርድ ክላርክ ነጸጎ። ምክትል ዳይረክተር ማእከል ስለያ ኣመሪካ እውን ንክላርክ ደገፈ። ይኹን እምበር ዉልፎዊዝ ይኹን ካልኦት ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ክኣምኑ ኣይክኣሉን። ጉዳይ ዒራቕ ኣእምሮኦም ብሒቱ ከጨንቖም -መረ።

ሱር ናይዚ ጭንቀት'ዚ ካብቲ ዒራቕ ኣንጻር ኢራን ዘካየደቶ ናይ 8 ዓመታት ውግእ ኢዩ ዝነቅል። ኣብቲ ግዜ'ቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ሮናልድ ሬገን ስዕረት ናይቶም ጸረ-ኣመሪካውያን መርገጺ ዝነበሮም ኢራናውያን ክርኢ ክቱር ባህጊ ነበሮ። ስለዚ ድማ ሬገን ብዝተፈላለየ መገዲ ንሳዳም ሑሴን ሓገዝ ኣበርከተሉ። ድሌት ሳዳም ብቐረባ ንምፍላጥ ንዒራቕ ዝተላእከ እዚ ናይ ሎሚ ጸሓፊ ምክልካዐል ኣመሪካ ዶናልድ ራምስፌልድ ኢዩ። ትካላት ስለያ ኣመሪካ ንምንቅስቓስ ኢራናውያን ዝምልከት ምሉእ ሓበሬታ ንሳዳም ኣስነቐኡ። ንዝቐጸለ ልዕሊ ሸውዓተ ዓመት ድማ ኣመሪካ ኣስታት 200 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ኣጽዋር ንሳዳም ሑሴን ሸይጣትሉ። ብተወሳኺ ሓሙሽተ ቢልዮን ዶላር ንሕርሻ፥ 684 ሚልዮን ዶላር ከኣ ነቲ ብኣብ ካሊፎርኒያ ዝመደበሩ "ቤክተል ኮርፖረሽን" ዝተባህለ ትካል ኣመሪካ ዝተሰርሐ፥ ክሳብ ዮርዳኖስ ዝዝርጋሕ ሻምቡቆ ነዳዲ ዝኸዐውን ገንዘብ ኣለቒሓቶ። ዝምድና ኣመሪካን ዒራቕን ግን ሳዳም ሑሴን ካብ ሕብረት ሶቬት ሓገዝ ክቕበል ምስ -መረ ክሽሕክር -መረ።

ክሳብ 25 ሓምለ 1990 ዝምድና ኣመሪካን ዒራቕን ደሓን ነይሩ ክብሃል ይከኣል። ዒራቕ ንዓሰርተታ ዓመታት ኲውየት ኣካላ ምካዒና ትገልጽ ነይራ። ሳዳም ሑሴን ንኲውየት ክወርር ክብገስ ከሎ ኣመሪካ ከይትቃወም ድሌቱ ኣነጸረ፣ ከም እትቃወም'ውን ፍጹም ኣይኣመነን። ንኲውየት ብቐሊሉ ተቐጻጺሩሞ መበል 19 ክፍለ-ሃገር ዒራቕ ምካዒና ንዓለም ብወግዒ ኣፍለጠ። ኣብቲ እዋን ንሳዳም ሑሴን ዝገረሞን ስምባደ ዝፈጠረሉ ግን ቡሽ(ዓቢ) ነቲ ኩነታት ኣመልኪቱ ብነድሪ ድሕሪ ምምላሱ ኢዩ። ኲውየት እታ ቀንዲ ቀራቢት ነዳዲ ኣመሪካ ኢያ ዝነበረት። ስለ ዝከዑነ ከኣ ኣብቲ ዝቐጸለ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ቡሽ ናይ 34 ሃገራት ልፍንታዊ ሓይሊ ኣወሃሂዱ፣ ብ16 ጥሪ 1991 መጥቃዕቲ ኣንጻር ዒራቕ ፈነወ። ዒራቕ ጠቕሊላ ካብ ኲውየት ድሕሪ ምውጻኣ እቲ ኲናት ኣብኡ ኣክዐተመ። ነቲ “ሳዳም ደፊእካ ብምእታው ንሳዳም ሑሴን ካብ ስልጣኑ ምእላይ” ዝብል ሓሳብ ግን ቡሽ ዓቢ ነጸጎ። ሳዳም ንኲውየት ክጐብጥ ከሎ ባርኮዐት ኣመሪካ ክረክብ እየ ዝብል ኣጉል እምነት ከም ዝነበሮ ፍሉጥ ኢዩ።

ኣብ ዝቐጸለ 10 ዓመት ኣብ መንጎ ኣመሪካን ዒራቕን ብርቱዕ ጽልኢ ተፈጥረ። ዒራቕ ብሰንኪ እቲ ዝወረዳ ቁጠባዊ እገዳ ጸጸኒሑ ዝዘንባ ዝነበረ መዓት ደብዳብ ነፈርቲ መመሊሳ ክትማስን ተራእየት። ሳዳም ሑሴን ግን ነዚ ኣደራዕ'ዚ ተጻዊሩዎ ኢዩ። ኣብ ዝሓለፈ ርፓብሊካውያን መራሕቲ ኣመሪካ፣ “ሳዳም እቲ ክትጻወሮ ዘይክኣል መራሒ” ክብሉ ይገልጹዎ ነይሮም። ንዕኡ ንምጥፋእ ዘክዐእል እግመ ካብ ምቕራብ ድማ ኣይተቐጠቡን። ወዲ ቡሽ (እዚ ናይ ሕጂ ፕረዚደንት ዘሎ) ኣብ 2001 ስልጣን ክሕዝ ከሎ መብዛሕትኦም እቶም ኣብ ዘመነ ኣቦኡ ስልጣን ዝነበሮም ኢዮም ተመሊሶም። ኣብ መንጎዚኣቶም ዲክ ቸኒ፣ ዉልፎዊዝ፣ ዶናልድ ራምስፊልድን ካልኦትን ይርከቡዎም። እቲ ኣውራ ናብ ስልጣን ዝመለሶም ምኽንያት ክነግሩ ከሎዉ ድማ “ዘይተዛዘመ ዕዮ ዒራቕ” ናብ መዓልቦኡ ንምብጻሕ ኢዩ። ናይ ሎሚ ፕረዚደንት ቡሽ ኣብ ልዕሊ ሳዳም ዘሎዎ ኣረኣእያ ክገልጽ ከሎ፣ “እቲ ንኣቦይ ክቐትል ዝሓሰበ ሰብኣይ” ይብሎ። ዒራቕ ንምውራር ሓሳቡ ንክዐስምር ኣብ ዝቃራረበሉ ግዜ መጥቃዕቲ 11 መስከረም ብምግጣሙ፣ ክብሪ ኣቦታት ዝመልሰሉን ሕነ ስድራ-ቤቱ ዝፈድየሉን እዋን ከም ዝመጸ ቆጸሮ። ሪቻርድ ክላርክ ነዚ ሓሳብ “ዘይሓላፍነታዊ” ኢሉ ከም ዝተቓወሞ ገሊጹ ነይሩ።

ኣብ ዝቐጸለ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ቡሽን ኣማኸዐርቱን ነቲ ኣብ ውሽጦም ተዓብዒቡ ዝነበረ ውሽጣዊ ነውጺ ዘንጸባርቕ ፖሊስታት

*ኣብ ምሕንጻጽ ተጸምዱ። ኣብ ክንዲ ኣቓልቦኦም ናብቶም ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ መጥቃዕቲ ዘካየዱ ሽበራውያን ዘቕንዑ፡ ነቲ ንኣመሪካ ከጥቅዕ ዘይፈተነ መንግስቲ "ውልቀ-መላኸዐ ምጥፋእ" ብዝብል ጸውዒት ከጥፍኡዎ ድቃስ ሰኣኑ።*

*ጸኒሑ ድማ ቡሽ ንሳዳም ሑሴን "ንዓለም ስግኣት ክፈጥር ዝኽእል ስነ-ቀመማዊ፡ ስነ-ህይወታዊን ኒኩለሳዊን ኣጽዋራት ይሰርሕ ኣሎ፡" ክብል ኣጠንቀቐ። እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ ኢዩ። ሽሕ እኳ ሳዳም ሑሴን ውልቀ-መላኸዐ እንተ ነበረ፡ ዝውንኖ ዝነበረ ኣጽዋር ግን ንዓለም ስግኣት ክፈጥር ዘይክእል ዘይርቡሕ ኣጽዋር ኢዩ። ሳዳም ምስ ከም በዓል ኣልቓዒዳ ዝኣመሰሉ ጉጅለታት ንዝደናገጹ እናጸቐጠን እናጥፈአን ግዜኡ ዘሕለፈ ዘይጥሩፋዊ ሃገራዊ መራሒ ኢዩ ዝነበረ። ኣብ ዘመነ ስልጣኑ ንህዝቡ እምበር ንዝኸዑነ ካልእ ህዝቢ ከፈራርሕ ኣይተራእየን።*

*ንምድምሳስ ዒራቕ ኣብ ዝምልከት ጉዳይ ዋላ ሓደ ካብ መቕርብ ቡሽ ዝተዛረበ ኣይነበረን። ኮንደሊዛ ራይስ ግን ቡሽ ክሰምዖ ዝደሊ ነገራት ብኣጋ ምፍላጥ ኣብ እዝኑ ሕሹክዐ ናይ ምባል ጥበብ ኣጥርያ ነበረት። ኮሊን ፓወል እኳ እቲ ናይ ዒራቕ ውጥን "ዕብዳን" ምንባሩ ኢዩ ኣሚኑ። ምስ ቡሽ ኣብ ዝዛራረበሉ ኣጋጣሚታት ግን ኣዝዩ ጥንቑቕ ኰይኑ ኢዩ ዝቐርብ ነይሩ። ‑ነራል ብረንት ስካውክሮፍት፡ "ኲናት ኣንጻር ሳዳም ህያብ ንከም ኦሳማ ቢን ላደን ዝኣመሰሉ ሕሉፋት እስላም ኰይኑ ክግልበጠና ኢዩ፡" ብምባል ከስዕቦ ዝኽዕእል መዘዝ ኣሚቱ ነይሩ።*

*ምምሕዳር ቡሽ ግን፡ "እዚ ስጉምቲ እዚ ንጸጥታ ኣመሪካ ከዳኽዐም ይኽዕእል ኢዩ" ንዝብል ምሕጽንታ ነጺጉ ኲናት ዝመረጸ ስለምንታይ ኢዩ? ምናልባት ጉጅለ ቡሽ፡ "ዒራቕ ኣዕነውቲ ኣጽዋር ወኒና ኣላ፡ ወይ ድማ ኣብ መስርሕ ምውናን ኢያ ዘላ" ዝብል እምነት ስለ ሓደሮም ጥራይ'ዶ ይኸውኑ? እዚ እምነት'ዚ ወይ ጥርጣሬ ግን ብቐጥታ መስርሕ ፖለቲካዊ ርቀት ዝተቐርጸ፡ ስለያዊ ሓበሬታን ጭብጥታትን ምስ ዝቐርበሉ ጥራይ ኢዩ ኣብ መደምደምታ ክበጽሕ ዝኽዕእል። ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ሰልፊ ርፓብሊካን ሓደ ወይ ክልተ ምናልባት'ውን ሰለስተ ነናይ ገዛእ-ርእሱ ምኽዕንያት ናይቲ ኲናት የቕርብ። ኩላቶም ብሓደ ኰይኖም ግን ንኣመሪካ ናብ ኲናት ሸሚሞማ።*

*እዞም ዝስዕቡ ምኽዕንያታት እቶም ግምት ዝወሃቦም ኢዮም፤*

** "ውግእ ዒራቕ ዝኸውን ይኹን ምስ ነዳዲ ዘተኣሳስር ምኽዕንያት የብሉን" ዝብል ኣረኣእያ ራምስፌልድ ንጉኒ ገዲፍና፡ ሓያላት*

ሃገራት ብቐረባ ነዳዲ ኣብ ዝቆጻጸራሉ እዋን ጣልቃ ምትእትታው ክገብራ ጸኒሐን ኢየን። ፕረዚደንት ቡሽ ኣብ መንግ'ቲ "ንብለልነት ንምውናን ነዳዲ" ከምኡ'ውን "ጸጥታ ኣመሪካ ውሑስ ዝኸዐውን ናጻ ዕድል ንነዳዲ ማእከላይ ምብራቕ ምስ ዝረጋገጽ ጥራይ ኢዩ፣" ኣብ ዝብል ውዑይ ስምዒት ኢዩ ዓብዩ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነን እቲ ሓደ እዋን ኣብ ንግዲ ነዳዲ ተዋፊሩ ዝነበረ ዲክ ቸኒ ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ኢዩ ነይሩዎ። ጽልኢ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን ኣብ ዘንጸላልወሉ ዘሎ ግዜ፣ በቲ ካልእ ሸነኽዐ ከኣ ሃገራት ወሽመጥ ፋርስ ርግኣት ኣብ ዝሰኣናሉ እዋን፣ ነቲ 10% ካብ ቀረብ ነዳዲ ዓለም ዝሕዝ ነዳዲ ዒራቕ ምቁጽጻር ማለት ንጠለብ ነዳዲ ኣመሪካ እኹል ውሕስነት ምሃብ ኢዩ።

* ዓበይቲ ኩባንያታት ኣመሪካ ካብቲ ኵናትን ሳዕቤናቱን ዘይተኣደነ መክዐሰብ ክግሕጣ ይኽእላ ኢየን። ዲክ ቸኒ ቅድም ዝመርሖ ዝነበረ "ሃሊቡርቶን" ዝተባህለ ኩባንያ ናይ ቢልዮናት ዶላራት ጨረታ ተዓዊቱ ኢዩ። ቤክቴልን ካርልይል ግሩፕስ ዝተባህለ ክልተ ምስ ሰልፊ ርፓብሊካን ዝተኣሳሰራ ኩባንያታት'ውን ጽቡቕ መክዐሰብ ረኺበን። ከም ቦዩንግ፣ ሎክሂድ ማርቲን፣ ማክዶናልድ ዶግላስ ዓበይቲ ኩባንያታት ኣመሪካ ንነስንስ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ቡሽ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ነይሩወን።

* ውግእ ዒራቕ ብዓይኒ ሰበ-ስልጣን ቤት-ጽሕፈት ምክልካዐል ኣመሪካ - ፔንታጎን - ኣብ ወጻኢ ክካየድ ንዝኽዐእሉ ወሰንቲ መንጸፍ ኮይኑ ኢዩ ዝቐጸር ነይሩ። ኣብዚ ጉዳይ ዝያዳ ኩሎም ህሩፍ ዝነበረ እቲ፣ "ኣመሪካ ብዝተራቐቐ ቴክኖሎጂን ውሑዳት ወተሃደራትን ዓቢ ዓወት ክትጓናጸፍ ኢያ" ኢሉ ዝኣመነ ራምስፊልድ ኢዩ።

* ኣብ መላእ እዚ ዝሓለፈ መዋእል ኣመሪካ መሬት ናይተን ዝዓበያ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ክትግልገለሉ ጸኒሓ። ንርብዒ ዘመን ዝኣክል መሬት ኢራን ተገልጊላትሉ። ብድሕሪኡ ግን ስዑዲ-ዓረብ መሪጻ። ንብዙሓት ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ ጸጥታ ስዑዲ-ዓረብ ከሕስቦም ምስ -መረ፣ እታ ንነዊሕ ዓመታት መሓዛ ኣመሪካ ዝነበረት ዒራቕ መተካእታ ስዑዲ ዓረብ ክትከውን ትኽዐእል ኢያ ዝብል ሓሳብ በጨቕ ክብል -መረ።

* ብዓይኒ ገለ ውሕዳት ከኣ ንንጉሳዊ ቤተ-ሰብ ስዑዲ-ዓረብ ንምሕላው እተኽዐእል ዕርዲ ዒራቕ ነበረት። ኣብ ውግእ ወሽመጥ 1991፣ ስዑዲ-ዓረብ ከም መበገሲ ኮይና ኣገልጊላ። ብድሕሪ'ዚ እውን ኣመሪካውያን ነቲ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ዝነበረ መዓስከራት ስለ ዘይገደፉዎ ንብዙሓት ኣመንቲ ምስልምና ኣቖጢዑ። ማእለያ

***ዘይብሉ ክስታት'ውን ንመንግስቲ ስዑዲ-ዓረብ ዘኒቡዎ። ዉልፎዊዝ፣ “ኣመሪካ ኣብ ዝከዐ'ኒ ካልእ ቦታ ማእከላይ ምብራቕ መርገጺ እግሪ ክትረክብ እንተ ክኢላ እዚ ንመንግስቲ ስዑዲ-ዓረብ ገጢሙዎ ዘሎ ወጥሪ ክዘልቕ ይክዕእል ኢዩ፣” ክብል መተካእታኣ ካልእ ሃገር ከተናዲ ሓሳብ ሂቡ። ስለዚ፣ ንሳዳም ኣሊካዐ፣ መሻርክዐቲ ኣመሪካ ዝከዐ'ኒ መንግስቲ ኣብ ዒራቕ ምትካል ዘቀላጥፍ ብቑዕ ምክዐንያት ኰነ።***

**** ኣብ ምምሕዳር ቡሽ ተሰማዕነት ካብ ዘሎዎም ሰበ-ስልጣን ብርቱዓት ደገፍቲ እስራኤል ኣሎዉ። ንሳቶም ምርግጋእ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ውሑስ ዝከዐውን ጸላእቲ እስራኤል ብምህዳን ጥራይ ኢዩ ኢሎም ይማጎቱ። ሳዳም ሑሴን ድማ ከም ኣዝዩ ኣስጋኢ ጸላኢ እስራኤል ስለ ዝቖጽሩዎ ንዕኡ ንምውዳቕ ኣብ ዝጥጃእ ዝከዐ'ኒ ይከዑን ውጥን ዝከኣሎም ክገብሩ ሃረር ይብሉ።***

**** ቡሽን ተሓጋገዝቱን፣ ውግእ ዒራቕ፣ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣመሪካ ማዕረ ክንደይ ምዕባዩ ዓለም እትርእየሉ መድረክዐ ገይሮም ይቖጽሩዎ።***

**** እቲ ናይ መወዳእታ ግምት ዝወሃቦ ምጉት ከምቲ ምምሕዳር ቡሽ ዝገልጾ፣ “ምስፋን ሓርነታ ዝተሓለወት ዓለም” ኢዩ። ብተደጋጋሚ፣ ብዓሚቑ ባህጊ ከም ዝንገር፣ ቅርጺ ምዕራባዊ ደሞክራሲ ንሕብረተሰብ ዓለም ኣብነት ኢዩ። ስለዚ ድማ ኣመሪካ ነዚ ቅርጺ'ዚ ናብ መላእ ዓለም ናይ ምዝርጋሕ ሓላፍነት ከም ዘሎዋ ንነብሳ ተእምን። እዚ ድማ ድሕሪ ኲናት ኣብ ዒራቕ ክተኣታቶ፣ ቀጺሉ ድማ ናብ መልእ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ክልሕም፣ ብእኡ ኣቢሉ ድማ እቲ ዞባ ሰላምን ብልጽግናን ክወርዶ ተስፋ ተገይሩሉ ነይሩ።***

***ኩሎም እዞም ነጥብታት ተደሚሮም ምምሕዳር ቡሽ ኣብ ዒራቕ ኲናት ክገጥም ደፋፊኦም ኣእተዉዎ።***

***እቲ ናይ ኲናት ነጋሪት ክሳብ 2002 ቀጺሉ። ቡሽ ብ29 ጥሪ 2002 ኣብ ዘስመዖ መደረ፣ “ዒራቕ ንኣመሪካን ዓለምን ሓደገኛነታ ተነጽር ዘላ 'መቖለሲት ሰይጣን' ኢያ” ክብል ጸዊዑዋ። መግለጺ ቡሽ ንብዙሓት ወገናት ኣሰንቢዱ። ተቖጻጸርቲ ኣጽዋር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዒራቕ ዘድሊ መርመራ ክገብሩ ምእንቲ፣ ሳዳም ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ክሕተት ገለ መራሕቲ ሃገራት ሓሳቦም ኣቕሪቦም። እዚ ሓሳብ'ዚ ግን ንውጥን ኲናት ኣመሪካ ዘዳክዐም ኢዩ ተባሂሉ ስለ ዝተኣመነ፣ ዲክ ቸኒ ብኡ ንብኡ “ዘይቅቡል ኢዩ” ክብል ኣፍለጠ። ቡሽ ብወገኑ፣ ንኣባላት ባይቶ***

ኣመሪካ ኣብ ዘስመየ መደረ፡ “ሳዳም እቲ ካብ ኣልቓዒዳ ንላዕሊ ስግኣት ኰይኑና ዘሎ ጸላኢ፡” ክብል ገለጸ።

ኣብ ቀውዒ 2002፡ ባይቶ ኣመሪካ እዚ ዝስዕብ ውሳነ ብምሕላፍ ነቲ ፕረዚደንት መዝነት ዝሃቦ፡ “ቡሽ ኣገዳሲ ኰይኑ እንተ ረኺቢዎ ዘድሊ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል ኢዩ፡” በለ።

ተቘጻጸርቲ ኣጽዋር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዒራቕ ኣትዮም ዳግማይ ስራሖም ንክዐሰላስሉ ክፍቀደሎም ዝጽውዕ መተዓረቒ ሓሳብ ባይቶ ጸጥታ ብምሉእ ድምጺ ደገፎ። ሳዳም ነዚ ሓሳብ ስለ ዝተቐበሎ ጉጅለ ተቘጻጸርቲ ብ25 ሕዳር ባቕዳድ ኣተዉ። ኣብተን ዝሰዓባ ሒደት ኣዋርሕ ድማ ሓላፊ ናይቲ ተቘጻጻሪ ጉጅለ ዝነበረ ሃንስ ብሊክስን ዳይረክተር -ነራል ትካል ኣቶሚካዊ ጸዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት መሓመድ ኣልበርዓዲን በብወገኖም ኣወንታዊ ጸብጻብ ኣቕረቡ። ዒራቕ ብወገና፡ ብ7 ታሕሳስ (2002) ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘቕረበቶ ጸብጻብ፡ ዘይሕጋዊ ኣጽዋር ከም ዘይትውንን ኣነጸረት። ነዚ ግን ቡሽ “ቀልዲ ኢዩ” ክብል ኣባጨወሉ።

“እቲ ዝብሃል ዘሎ ዘይሕጋዊ ኣጽዋር ሳዳም ሓቢኡዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ” ብዝብል ኣፋፍኖት ትካል ስለያ ኣመሪካ ክዛረብ ተሰምዐ። ነዚኣ ጫፍ ሒዙ ድማ ፕረዚደንት ቡሽ፡ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ንዝነበረ ኰሊን ፓወል፡ ጉዳይ ዒራቕ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ንክዐፍታሕ ባይቶ ጸጥታ ከፍቅድ ምእንቲ፡ ኣብቲ ባይቶ ቀሪቡ መደረ ንክዕስምዕ ትእዛዝ ሃቦ። ከምቲ ዝተባህሎ ድማ ኰሊን ፓወል ብ5 ለካቲት 2003፡ ተሪር መደረ ኣሰመዐ። ብመደረ ኰሊን ፓወል ግን ዓለም ምዕይ ኣይበለትን። ባይቶ ጸጥታ፡ ንወራር ዒራቕ ሓላፍነት ከም ዘይወስድ እናተጋህደ ምስ መጸ ድማ ቡሽ ሕቶኡ ክስሕብ ተራእየ። ብ17 መጋቢት ሳዳምን ክልተኦም ደቁን ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ጠቕሊሎም ካብ ዒራቕ ክወጹ፡ እዚ እንተ ዘይገይሮም ከኣ ወተሃደራዊ ግጭት ክስዕብ ምኳኑ ኣጠንቀቐ።

ብ19 መጋቢት ቀዳማይ ጉጅለ ምሩጽ ሓይሊ ኣመሪካ ንዒራቕ ኣተወ። ድሕሪ ክልተ መዓልታት ድማ ኣውራ ወተሃደራዊ ሓይሊ ተኸኣ'ሞ፡ ውግእ ዒራቕ ከም ዝተ-መረ ኣመሪካ ብመገዲ ፕረዚደንት ቡሽ ኣቢላ ኣፍለጠት። ወተሃደራት ኣመሪካ ዝኸዑነ ተሪር ተጻብኦ ኣይገጠሞምን። ደብዳብ ነፈርቲ ከይርኣዩ፡ ስነ-ህይወታዊ፡ ስነ-ቀመማዊ ይኹን ኒኩለሳዊ ዝብሃል ኣጽዋር ብቐደሙ ዘይሕሰብ'ውን ስለ ዘነበረ፡ ሳዳም ሃደም'ሞ መኸዐተምታ ስርዓቱ ተነግረ።

ኣመሪካ ንዒራቕ ምስ ተቖጻጸረታ ኩነታት እናበኣሰ ከደ። ስርቂን ገበንን ዓብለለ። ሽዱሽተ ሰሙን ኣመሪካውያን ንዒራቕ ድሕሪ ምቁጽጻሮም፡ ኣባላት ፖሊስ፡ ፍሉያት ኣሃዱን ብምሉኦም ወተሃደራት ዒራቕን ብረቶም ኣውሪዶም ንገዛኦም ተፋነዉ። ከም ውጽኢቱ ኣስታት 300,000 ዝኸውኑ ዕሉማት መንእሰያት ብዘይ ስራሕ ተረፉ። ነድሮም ንምውጻእ ቀዳሞት ጸላእቲ ኣመሪካ ኰይኖም ቃልሶም ቀጸሉ።

ብ19 መጋቢት ዝተ-መረ መጥቃዕቲ 9 ሚያዝያ ኢዩ ኣክዐቲሙ። ኣብቲ ውግእ 122 ኣመሪካውያን ወተሃደራት ጥራይ ሞይቶም። ፕረዚደንት ቡሽ'ውን ኪኖኡ ዝከዐይድ ክሳራ ከም ዘሎ ኣይገመተን። ኣብ ዝቐጸለ ክልተ ዓመታት ልዕሊ 2000 ወተሃደራት ኣመሪካ ተቐቲሎም። ብዘይ ሓደ ዓብላሊ መንግስቲ፡ ጉጅለታት ንሓድሕዶም ኣብ ዝተሃዳደኑሉ፡ ህዝቢ ስልጣን ኣብ ዘይሓዘሉ፡ ጽልኢ ኣመሪካ ኣብ ዝዓርገሉ ከኣ ዒራቕ ሓዲግ ተሪፋ።

ድሕሪ ውድቀት ሳዳም ንኣመሪካውያን ዝጎነፎም ካልእ ሓደጋ'ውን ነይሩ። ሳዳም ኣዕናዊ ኣጽዋር ከም ዘይብሉ ክዛረብ ከሎ ናይ ብሓቁ ኢዩ ነይሩ። ሓንቲ ናይ ኣመሪካ ጉጅለ ግን ንዒራቕ ንዓሰርተ ኣዋርሕ ፈቲሻ ኣዕናዊ ኣጽዋር ክትረክብ ኣይከኣለትን። ሓላፊ ናይታ ፈታሺት ጉጅለ ዳቪድ ከይ ንኣባላት “ዕጡቕ ጉጅለ ባይቶ” ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ “ንርእሰይ ሓዊስካ ኩላትና ዓቢ ጌጋ ጌርና፡” ክብል ተኣሚኑ። ኣመሪካ ንዒራቕ ዝወረረትሉ ምክዕንያት እከውል መንቀሊ ዘይነበሮ ምካዒኑ ተረጋጊጹ። ኣንፈት ኩነታት ዝተዓዘበ ቡሽ ብኡ ንብኡ ኣረኣእያኡ ቀይሩ፡ ቀንዲ ውግእ ዒራቕ ንሳዳም ሑሴን ንምእላይ ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ዒራቕን ማእከላይ ምብራቕን ውሑስ ደሞክራሲ ምትካል ምካዒኑ ክሰብክዐ -መረ። ኣማኢት ቢልዮናት ዶላራት ኣፍሲሱ ንሳዳም ኣልዩዎ፡ ብድሕሪኡ ዝስዕብ ኩነታት ግን ኣይሓሰበሉን ነይሩ። ክሳብ ሕጂ'ውን ንሱን ምምሕዳሩን ኣብ ዒራቕ ዝፈጸሙዎ ጌጋ ክእመን ኣይከኣለን። እታ እንኮ ዝኣመነላ ነጥቢ ሓይሊ ናይቶም ሽበራውያን ክግምቶ ዘይምክዐኣሉ ጥራይ ኢያ።

እዚ ኵናት'ዚ ንዒራቕ ናብ ስርዓት-ኣልቦነት ጥራይ ዘይኰነስ፡ ማእከል ጥሩፋት ጉጅለታት ከም እትከዐውን'ውን ገበራ። ኣህጉራዊ ጸረ-ኣመሪካዊ ስምዒት'ውን ክዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሩ። እቲ ካብ ኩሉ ዝከዐፍአ ግን እዚ ኵናት ነቲ ኣንጻር ኣልቓዒዳን ካልኦት ፍሉጣት ግብረሽበራውያን ሓይልታት ንምቕላስ ክጠፍእ ዝነበሮ ጸጋታት ብምውሓጡ ኢዩ። ንግብረሽበራውያን ድማ ዓለምለካዐዊ ቁዱስ ኵናት (ጂሃድ) ንክዐእውጁ ዕድል ሃበ።

ወተሃደራዊ ሓይሊ ተጠቒምካ ዝግበር ምቁጽጻር ብባህሪኡ ጸቓጢ ኢዩ። ገሃሲ ሜላ ወተሃደራት ኣመሪካ ንዒራቓውያን ይከውን ብዙሓት ወገናት ኣቖጢዑዎም። ጆርጅ ቡሽን ኣማኸዐርቱን ግን ዝያዳ "ጉዳይ መጻኢ ዒራቕን ምጥጣዕ ፈልሲ ደሞክራሲን" ኢዩ ዓጢጡዎም። ብተደጋጋሚ ከም ዝተዛረቡዎ፣ ዝከዐኑት ትከውን ዜጋታታ ብናጻ ሓሳባቶም ዝገልጹላ ሃገር ብዘይ ጥርጥር መሓዛ ኣመሪካ ኢያ። እዚ ግን ኣብ ዒራቕ ክሰርሕ ኣይተራእየን። ብዙሓት ዒራቓውያን ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ዘሎዎም ጽልኢ ጥራይ ኣይኮኑን ኣርእዮም። ምስ ኢራን ጥቡቕ ርክብ ክምስርቱ'ውን ድሉውነቶም ኣርእዮም። ኣክዐረርቲ ኢራናውያን ጽልኦም ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ከስርጹ ንዓሰርተታት ዓመታት ከይተሓለሉ እኳ እንተ ሰርሑ ከይተዓወቱ ጸኒሖም። ድሕሪ'ቲ ናይ 2005 ምርጫ ግን ሓደ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ጸጥታ ኢራን፣ "ኣብ መላእ ዒራቕ እቲ ዝደገፍናዮ ህዝቢ ኢዩ ስልጣን ጨቢጡ፣" ኢሉ።

* * *

እቲ ዝሓየለ ኣመላካዐክዐታ ባህርያት ኣመሪካ፣ እታ እንኮ ፍሉይ ሓይሊ ዝተዓደለት ሃገር ከም ዝከዐኑት ምእማን ኢዩ። ኣመሪካውያን ብፍሉይ ዝተመርጹ - ናይ ዘመንና እስራኤላውያን - ገይሮም ንነብሶም ይቖጽሩዋ። ሓደስቲ፣ ሓቀዐታትን ዝተጸንዑን ታሪካዐውያን ዓወታት ክህልዉዎም፣ ኣብ ሃይማኖትን ዓሌትን ዝተሰረተ ከም መግለጺ እንታይነቶምን ሃገራዊ መንነቶምን ዝ�southeast ብዙሕነት ክህሉዎም ይኣምኑ። እዚ እምነት'ዚ ኣመሪካውያን ኣብ ሓድሕዶም ክተኣሳሰሩን ኣቀራርባኦም ንዓለም ከፍልጡን ኣክዐኢሉዎም።

ኣመሪካውያን ካብ ሰማይ ፍሉይ ማና ከም ዝወረዶም ዝሓስቡ፣ ፖለቲካዊን ምጣነ-ሃብታዊን ስርዓታቶም ንካዐልኦት እናሃቡ ስራሕ ፈጣሪ ከም ዝሰርሑ ገይሮም ንነብሶም ይሓስቡዋ። እዚ ኣረኣእያ'ዚ፣ "ኣመሪካዊ ቅርጺ መንግስቲ ኣብ ርእሰ-ማለነትን ውልቃዊ ፓለቲካዊ ምርጫን ዝተመስረተ ኢዩ" ካብ ዝብል መረዳእታ ይነቅል። ሓቂን ቅኑዕነትን ንከዑሉ ሰብ ኣብ ኩሉ ሕብረተሰብ፣ ምዕራባዊ ቅዲ ደሞክራሲ ንከዑለን ሃገራት ዝምልከት ባህርያዊ ቅርጻ-መንግስቲ ኢሎም ይሓስቡ። ኣመሪካ ድማ ነቲ ብካዐልኦት ስርዓታትን ዝተፈልየ መትከላትን ኣብ ኣርተፊሻል ኣዕኑድ ዝተሰረተ ነገራት እናጥፈኣት ኢያ ትነብር።

"ኣቦ ኣመሪካ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ጆርጅ ዋሽንግተን ከም ዝጸሓፎ፣ ሃገራት ልክዕ ከም ህዝብታት "ውልቀ-ረብሓ" ብዝብል መትከል ኢየን ዝግዛኣ። ዝከዐኑት ሃገር ብፍላይ ከኣ ኣመሪካ

ኪንዮ ረብሓኣ ክትኣምን ኣይግባኣን። ኣመሪካ ኣብ መድረኽዐ ዓለም ክትዋሳእ ከላ ረብሓኣ ንምዕዛዝ ጥራይ ኢዩ ክከዐውን ዘሎዎ። ኣመሪካውያን ግን መንግስቶም ስሱዕ ሸውሃት ከም ዘሎዎ ክኣምኑ ኣይደለዩን። ተከዐታተልቲ መራሕቲ ኣመሪካ ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ብግብረ-ሰናያዊ፡ ብልግሲ፡ ንስለ ሓርነት ጽቑጣት ወገናት ወዘተ. እናተዋስኡ ሰፊሕ ህዝባዊ ደገፍ ክርከብ ዝከኣል መሲሉዎም ጸኒሑ።

ባርኮዐት ማኪንሊ ንኩባውያን፡ ፊሊፒናውያንን ፖርቶሪኮውያንን ክጠቕም'ዩ ይብሃል ነይሩ። ዊልያም ሃዋርድ'ውን ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ኣመሪካ ከተጣጥሕ ተዛሪቡ ነይሩ። ዳሕረዎት መራሕቲ ኣመሪካ'ውን ካብ ጓቲማላ ክሳብ ኢራን ከስፋሕፍሑ መደብ ነይሩዎም። እዚ ዳሕረዋይ ወራር ቡሽ ንዒራቕ እምበኣር ካብ ሰረት ቀዳሞት ከም ዝብገስ ኢዩ ዝጥቀስ።

ንሓቕነትን ቅንዕናን መስረትቲ ኣቦታት ኣመሪካ ኣመልኪቱ፡ ፕረዚደንት ቡሽ፡ ድሕሪ ወራር ዒራቕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ንሳቶም ንኣመሪካ ቅኑዓት ካብ ነበሩ፡ ንከዑሉ ዓለም'ውን ቅኑዓትን ሓቀዐታትን ኢዮም ነይሮም። ወለዶታት ኣመሪካ ነዚ እምነት'ዚ ብህርፋን ሓቚፎሞ ጸኒሖም። ንጽቡቕ ትዕድልቶም ምስ ህዝብታት ከካፍሉዎ ዝደልዩ፡ ምስ ፍሉያት ኣህዛብ ከፋልጦም ዝክዐእል ናይ ገዛእ-ርእሶም ምስሊ ኣብ ምዕባይ ሓጊዙዎም ኢዩ፡” ኢሉ ነይሩ።

“ምቕያር ስርዓት” ንዝብል ስርሒት ኣመሪካ ዝጣበቑ ወገናት፡ ነቲ ኣመሪካ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኢዳ እናሰደደት እተካይዶ ምቕያር መንግስታት ከመክዐንዩሉ ከሎዉ፡ “እቲ ንኣመሪካ ጠቓሚ ዝከዑነ ንካዐልኦት ሃገራት ከም ዝጠቕም'ውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። በዚ መረዳእታ'ዚ ሓይሊ ኣመሪካ ብባህሪኡ ዘይጓዳእ ኢዩ። ምክዐንያቱ፡ እቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ክተኣታቶ ዝድለ ፖለቲካዊን ምጣነ-ሃብታዊን ስርዓት፤ ሃብታማት፡ ናጻን ሕጉሳትን ሃገራት ፈጢሩ ዝያዳ ሰላማዊት ዓለም ክፈጥር ዝክዐእል ኢዩ፡” ይብሉ።

ንልዕሊ ሓደ ዘመን ኣመሪካውያን ዕድጋታትን ጸጋታትን ካልኦት ሃገራት ከም ዝብጸሖም ክኣምኑ ጸኒሖም። እዚ ዕድል ምስ ዝንፈጎም ድማ ዝደለዩዎ ብሓይሊ ይረክዐቡ፡ ንዝተቓወሞም መንግስቲ ከኣ ብሓይሊ ዝፋኑ ይቕንጥጡ። ሓያላት መንግስታት ከምዚ ዝበለ እከይ ተግባራ ካብ ጥንቲ -ሚረን ክፍጽመኦ ጸኒሐን። ኣመሪካውያን ግን እዚ ተግባር'ዚ ካብ ሰብኣዊ ኣተሓሳስባ ዝነቕል ሰናይ ተግባር ምካዒኑ'ዮም ከረድኡ ዝፍትኑ። እንተከዐነ ግን ኣብ መብዛሕትኡ'ዚ ዘመነ ምቕያር ስርዓት ኣብተን መንግስተን

ዝቐየረትለን ሃገራት ኣመሪካ ዳርጋ ኣይተዓወተትን። እቲ ዝበሃል ደሞክራሲ ብግብሪ ክሰርሕ ኣይተራእየን።

ኣመሪካ ኣብ ኢራን፡ ጓቲማላን ቺለን ብደሞክራሲያዊ መገዲ ንዝተመርጹ መራሕቲ ገምጢላ ብውልቀ-መለክዐቲ ምትካእ ዓቢ ሕንከት ተጎልቢባ። ኣብ ግዜ ጆርጅ ቡሽ'ውን ኣመሪካ ንኣፍጋኒስታን ብሓድሽ ፖለቲካዊ ስርዓት ከተመርሻ ሃቂና ነይራ። ኣብ ዒራቕ "ፕሮ-ክት ምህናጽ ሃገር" ብዝብል መደብ ማእለያ ዘይብሉ ጸጋታት ኣጥፊኣ። ሆንድራስን ኒካራጓን ኣብ ትሕቲ መሓዙት ኣመሪካ ዝከውኑ መለክዐቲ ስርዓታት ምስ ኣተዋ ኣመሪካ ክትረብሕ ከላ፡ ዜጋታት እዘን ሃገራት ጥራይ ኢዮም ተሳቕዮም። ኣብ ዒራቕ ዝወርድ ዘሎ ዕንወት፡ ነቲ "ፕሮ-ክት ምህናጽ ሃገር" እንተ ደኣ ዓብሊሉዎ፡ ዓለምን ኣመሪካን ኣብ ከቢድ ስቅያት ክጥሕላ ኢየን።

ቡሽን ኣማከዐርቱን ዓቢ ቆላሕታኦም ናብ ዒራቕ ቀኒዑ። እቲ ኣብ ዒራቕ ዝርከብ ዓወት ግዚፍ ረብሓ ስለ ዘምጽእ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ሓድሽ ስትራተጂያዊ መድረኽዐን ዘይጽንቀቕ ቀረብ ነዳዲን ክርክብ ኣብ ርእሲ ምኽዐኣሉ፡ ሓደስቲ መሻርኽዕቲ ኣመሪካ ዝከውኑ መንግስታት ከኣ ንመላእ እቲ ዞባ ኣብነት ደሞክራሲ ክኾኑ ይኽዕእል ኢዮም ዝብል እምነት ስለ ዘሎዎም ኢዮም።

"ምቕያር ስርዓት" ዝብል ስርሒት ኣመሪካ፡ ንጸጥታኣ ኣብ ክንዲ ዘሕይል ብኣሉታ ጸልዩዎ። ዓሚቑ ጽልኢ ኣመሪካ ዘሎዎም ወለዶ ፈጢሩ። ኣመሪካ ጸላእታ ንምህዳን እትበጽሖ ዶባት'ውን ኣግፊሑዎ። ሓይሊ ኣመሪካ ግዚፍን ዘርዕድን ደኣ ይኹን እምበር ንመጥቃዕቲስ ፈኩስን ተኣፋፊን ኢዩ።

ውዕዉዕ ስምዒት ወራር ዒራቕ፡ ምምሕዳር ቡሽ፡ ሳዕቤን ፍሽለት ንክዕነጽግ ገይሩዎ። ኣብ ግዜ "ምቕያር ስርዓት" እውን ኣብ ዓወት ንክዕትበጽሕ ዘሎ ሓደጋ ከንጸባርቕ ፍቓደዐ ኣይነበረን። ኣመሪካ ደሞክራሲያውያን ሃገራት መሓዙታ ክኾና ግድን ክትቅበል ነይሩዋ። ከምዚኣተን ዝኣመሰላ ሃገራት ወተሃደራት ወጻኢ፡ መሬተን ንከይረግጹ ብምኽዐልካል፡ ኩባንያታት ወጻኢ'ውን መቆጻጸሪ ሕግታት ብምትራር ሃገራዊ ረብሓኣን ልዕሊ ኩሉ እናሰርዓ ኢየን ናጽነተን ዘውሕሳ። ኣብ ዒራቕ ሓቀዐ ደሞክራሲ እንተ ተተኽዒሉ፡ ካብ ሳዳም ንላዕሊ ጽልኢ ኣመሪካን እስራኤልን ዘሎዎ ሃይማኖታዊ መንግስቲ ክፍጠር ይኽዕእል ኢዩ ኢልካ ክሕሰብ ግድን ኢዩ።

ካብ ማኪነሊ ክሳብ ቡሽ ዝነበሩ ፕረዚደንታት ኣመሪካ፣ ህዝብታት ናይተን ኣመሪካ እተተኩረለን ሃገራት ንጽልዋ ኣመሪካ ብቐሊሉ ክቕበሉ ይክዕእሉ'ዮም ብምባል ንገዛእ-ርእሶም ከታትሉ ጸኒሖም። እቲ ክውንነት ግን ዝተፈልየ ኢዩ። ቅርሕንቶም ክዓርግን ናብ ጐነጽ ክቕየርን፣ እንደገና ኣመሪካ ምትእትታው ክትገብር፣ መሊሱ ጽልኢ ክዓቢ... ነገራት ዑደት ክገብር ጸኒሑ። ነፍሲ-ወከፍ ኣመሪካ ክትገብሮ ዝጸንሓት ምትእትታው ኣብ ካልኦት ወገናት ተሪር ጽልኢ ከማዕብል ተራእዩ። ከም ሳዕቤኑ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሚልዮናት ሰባት ኣብ ጐኒ ዝከዐሎነ ይከዑን ጸረ-ኣመሪካዊ ምንቅስቓስ ከም ዝስለፉ ገይሩ።

ጆርጅ ቡሽን ተሓጋገዝቱን ግን ኣመሪካ ቁኑዕ ኰይኑ እንተ ተሰሚዑዋ፣ ሓይሊ ናይቲ ክመጽእ ዝክዕእል ውሽጣዊን ግዳማዊን ተቓውሞ ብዘየገድስ ኵናት ክትገብር መሰል ከም ዘሎዋ እምነት ኣሎዎም። "ንዓለም ክንመርሓ ኢና ንፍትን ዘሎና" ይብል ቡሽ። ካልኦት መራሕቲ ሃገራት ግን ብከዐምዚ መገዲ ኣብ ጉዳይ ዓለም ክሳተፉ መሰል ከም ዘይብሎም መራሕቲ ኣመሪካ ኣግሂዶም ይዛረቡ።

ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ኢድ ከእትዋ ዓቕሚ ዘሎወን ሃገራት፣ ኣብ ዘይጉዳየን ምትእትታው ክገብራ ጸኒሐን። ከምዚ ከይገበረት ወተሃደራዊ ብቕዓታ ዘመስከረት ሃገር ዳርጋ የላን። ሓንቲ ሃገር ዝያዳ ሓያል እናከዐሎነት ክትከይድ ከላ እትደልዮም ንክዕትረክብ ሃነፍነፍ ምባላ ዘይተርፍ ኢዩ። እዚ ባህሪ'ዚ ከኣ ሃገራት ውድቀተን ዘርእያሉ ባህሪ ኰይኑ ጸኒሑ።

ኣብ መወዳእታ 19 ዘመን ኣመሪካ ኀብለል ዓለምና ምካዒና ኣርእያ። ንናይ ወጻኢ መንግስታት ንምዕላው ክትጥቀመሉ ዝጸንሐት ሜላ ነዊሕ ብዝገበረ ሕጊ ታሪክዐ እምበር ሱር-ብተካዐዊ ኣገባብ ኣይኰነን። ዝቃወም ሓይሊ ኣብ ዘይህልወሉ ኣጋጣሚ ነብሳ ኣይትገትእን ኢያ። "ምቕያር ስርዓት" ዝብል ሓሳብ ክትክተል ካብ ዝደረከዑዋ ረቛሒታት ሓደ ዓለምለካዐዊ ፍጻሜታት "ቅርጺ ንምትሓዞም" ዝብል ድሌት ኢዩ። ብካዐልኣይ ደረጃ ድማ ነተን ኣብ ኀስጓስ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ገዚፍ ምወላ ዝገብራ፣ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዝዕድጋን ዓበይቲ ኩባንያታት ኣመሪካ ዝዓብያሉ ሃዋህው ምፍጣር ኢዩ። እቲ ዓሚቝ መሰረት ክህሉዎ ዝክዕእል ደራኪዒ ምክዕንያት፣ ምናልባት እቲ "ሰይጣናዊ ሓይልታት ዓለም ንምጥፋእ ቅዱስ ተልእኮዐ ኣሎና፣" ዝብሉዎ እምነቶም ንምስማር ክከዐውን ይክዕእል።

ሓደ ካብቲ ዘየከራክዐር መስርሕ ታሪክዐ ምትሳእን ምውዳቕን ስርዓታትን ዓበይቲ ሃገራትን ኢዩ። ብዙሓት ኣመሪካውያን ግን ሃገሮም ኪንዮ እዚ ሓቂ'ዚ ምካዒና ይኣምኑ። እዚ እምነት ድማ ኣብቲ "ምቕያር ስርዓት" ዝብል ስርሒት ንክዐቕጽሉ የተባብዖም ኣሎ። ንመብዛሕትኡ መበል 20 ዘመንን መ-መርታ 21 ዘመንን ንዝከዐሎነት ሃገርን ጉጅለ ሃገራትን ንምጥቃዕ እኩዑል ወተሃደራዊ ሓይሊ ትጠልብ። ታሪክዐ ግዜና ከም ዘመልክቶ ወተሃደራዊ ሓይሊ ምስ ፖለቲካዊን ምጣነ-ሃብታዊን ሓይሊ ተደሚሩ ድሌት ሃገራት ከቕንዕ እኩዑል ኣይኮነን። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዕልዋ ዝተፈጸመሉ ኩነት ነታ ዝመልከታ ሃገርን ንኣመሪካን ከሳቚ ጸኒሑ።

ዓለማዊ ምርግጋእ ዝዘርጉ መንግስታት ብዙሓት ተራእዮም፣ ብሕጂ'ውን ክርኣዩ ይከዐሎኑ። ብኣመሪካ ዝምራሕ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ድማ ነዚ ዘይምርግጋእ ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ኣሎዎ። ኣመሪካ ነቲ ዘይምርግጋእ ዝፈጥር መንግስቲ ንምእላይ ኣብ እትገብሮ ዘላ ኣገባብ እምበኣር'ዩ ዘይርግኣት ዝፈጥር ዘሎ። ስርሒት "ምቕያር ስርዓት" ሳሕቲ ከም መተካእታ ፖሊሲ ወጻኢ ኰይኑ ከገልግል ይርአ ኢዩ። ኣብ ብዙሕ ጉዳያት ግን ፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያዊን ኣቀራርባ'ዩ ዝያዳ ውጽኢት ዝህብ። ኣመሪካ ምስተን ጨቆንቲን ጸቕጥትን ስርዓታት ኣብ እትገብሮ ምትእስሳር፣ መተባብዒ ብምሃብ፣ ታህዲድ ብምግባር፣ ሽልማት ብምሃብን... ሓደገኝነት ናይዘን ሃገራት ከተጉድል ጸኒሓ። ኣብነት ናይዚ ቻይናን ሕብረት-ሶቬት ነበረን ምጥቃን ይከኣል። እተን ብሓይሊን ምጉብዕባዕን እተጓጥጠለን ሃገራት ግን መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ኣህጉራዊ ስርዓት ግሉላት'የን ዝከዐሎና። ኩባ፣ ኢራንን ሰሜን ኮርያን ድማ ኣብነት ኢየን።

ምህናጽ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ፣ ምሕያል ናጻ ትካላት፣ ምትብባዕ ንግዳዊ ንጥፈታት፣ ምፍታሕ ኣህጉራዊ ሽግራት ብዲፕሎማሲያዊ መገዲ ወዘተ. ፍቱን መድሃኒት ሓያሎ ሃገራት ኢዩ። እዞም ስጉምታት እዚኣቶም ግን ዓቕሊን ምጽዋርን፣ ሕድገታት ንክዐትገብር ድሉዊ ምካዒን፣ ንናይ ካልኦት ሃገራት ረብሓ ኣቓልቦ ምሃብ ዝኣመሰሉ ሓቅታት ዝጠልቡ ኢዮም። ኣመሪካ ግን ዳርጋ ኩሉ ግዜ ነዚ ሓቂ'ዚ ኣይትጸሮን ኢያ። ንናይ ካልኦት ሃገራት ረብሓ ግምት ክትህብ ፍቓደዐ ኣይኮነትን። ኣብ ሓባራዊ ሽርክነት ዝተመርኮሰ ስራሕ ክትሰርሕ ድሌት የብላን። እዚ ስለ ዝከዐሎነ ድማ ብሓይሊ ስርዓት ኣብ ምቕያር ትኣቱ።

ሃገራት ንካዐልኦት ሃገራት ዝወራሉ ምክዐንያት ግን እንታይ ኢዩ? ስለምንታይከ ኣብ መስርሕ ታሪክዐ ዘይቅየሩ ናይ ገዛእ

ርእሰን መንግስታት ክተክዐላ ይደልያ? ኣመሪካ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኢዳ ከተእቱ ከላ፣ ዘየድልዩዋ መንግስታት ብምጒሓፍ፣ ስትራተጂያዊ ረብሓ ንምርካብ ኢዩ። ምስፍሕፋሕ ፖለቲካዊን ሃይማኖታዊን ስርዓታት ብንግዳዊ ረብሓ ኢያ ትገብር። ዕዳጋ ንምርካብ፣ ድሌት ንናጻ ተጠቃምነት ባህርያዊ ጸጋታት ካልኦት ሃገራት፣ ሕመረት ታሪኽዐ ኣመሪካ ኰይኑ ጸኒሑ። ኣብ ታሪኽዐ ካብ ዝተራእዩ ሓይልታት ወይ ንግስነታት፣ ኣመሪካ እታ ብቕልጡፍ ብድድ ዝበለት ዓለማዊት ሓይሊ ምካዷና ዜጋታታ ይኣምኑ። እዚ ትዕድልቲ'ዚ ድማ ናብ ካልኦት ክዕድሉዎ ዝክዐእሉ ተውህቦኦም ገይሮም ይቖጽሩዎ። ኣብ ዓለማዊ ጸጋታት እቲ ዝለዓለ ብጽሒት ናቶም ምካዷኑ'ዮም ዝምጉቱ። ዝከዑነ ኰይኑ ግን ነተን ታሪኽዐን ክቕይሩለን ዝደልዩ ሃገራት ኣሰቃቒ ቃንዛ'ምበር ሓርነት ከንናጽፉዎምሲ ኣይተራእዩን።